# መቓልሕ ትግራይ

ብቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ በብኽልተ ሰሙን ዝሕተም ጋዜጣ 30 ሰነ 2012 ዓ/ም ሕታም 634 ብነፃ ዝዕደል




መምህር ዳንኤል ዘሚካኤል

## ጐና ጐኒ መኸተ ኮሮና ዕውት መረፃ ምክያድ ከምዝክኣል ተገሊፁ

**ብመስፍን ገ/ትንሳኤ**

ክልል ትግራይ፣ መረፃ መግለፂ ክይዲ ህንፀት ዲሞክራስን ዘይግደብ መሰል ዓርሰ ምሕደራን ምዃኑ ተገንዚበን መረፃ ካብ ዘካየዳ ሃገራት ልምዲ ወሲዳ ንሕማም ቫይረስ ኮረና ተጠንቂቓን መረፃ ክተካይድ ኣለዋ ክብሉ መምህራን ዩንቨርስቲ ኣክ ሱም ገሊፆም፡፡

ኣብ ክፍሊ ጋዜጠኝነትን ኮሚኒኬሽንን ዩኒቨ ርስቲ ኣክሱም፣ መምህር ዳንኤል ዘሚካኤል ከም ዝበልዎ፣ እቲ ለበዳ ቫይረስ ኮረና ሓደጋ እኳ እንተኾነ ብዙሓት ሃገራት ግቡእ ጥንቃቐ ወሲደን መረፃ ዘካይዳሉ ዘለዋ ምኽንያት ላኣላውነትን ዓርሰ ምሕደራን ሓደ ነፃ ህዝቢ በዚ መንገዲ እዚ ስለ ዝግለፅ እዩ ኢሎም፡፡

ናብ ገፅ 4 ይዘውር

## ኣብዚ ዓመት ንልዕሊ 75 ሽሕ ወገናት ዕድል ስራሕ ተፈጢርሎም

ብኣሸናፊ ዘውዴ

ኣብ ትግራይ ኣብቶም ዝሓለፉ 11 ኣዋርሕ ጥራሕ ንልዕሊ 75 ሽሕ ወገናት ኣብ ደቀ ቕትን ኣናእሽተይን ንግዲ ትካላት ዕድል ስራሕ ከም ዝተፈጠረሎም ኤጀንሲ ልምዓት ደኣንትን ምርግጋፅ ምግቢ ውሕስናን ኣፍሊጡ፡፡

ኣብቲ ኤጀንሲ ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ምድ ላው ትልሚ፣ በጀት፣ ክትትልን ገምጋምን ኣይተ ሓጎስ ግርማይ ከም ዝበልዎ፤ ኣብቲ ኤጀንሲ ኣብቶም ዝሓለፉ 11 ኣዋርሕ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ብምውጋንን ንመናእሰይ ስራሕ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ሃፍተ ገነት ወረዳን ከተማን ብምፅናዕ ናብ ተግባር ብምሽራፍ ስራሕ ስእነት ንምንካይ ብትኹረት ስለ ዝተሰርሐ ብቀዋሚ፣ ጊዜያውን መዋህለሊ መበገሲ ካፒታልን ን75,798 ወገናት ስራሕ ዕድል ተፈጢርሎም፡፡

ከም ኣገላልፃ ኣይተ ሓጎስ፤ ልዕሊ18 ሽሕ ሓደ ሽቲ ኢንተርፕራይዛት ብምጥያሽን ነቶም ነባራት ኢንተርፕራይዛት ድማ ዝተፈላለዩ ደገፋት ቀረብ ልቓሕ፣ ምድላው መስርሕን መሸጥን ቦታ፣ ምቕራብን ምፍላጥን ቴክኖሎጂታት፣ ምፍጣር ዕዳጋን ምትእ ስሳር እታወታትን ብምግባርን ተጠናኺሮም ንካ ልኦት ወገናት ዕድል ስራሕ ንክፈጥሩ ብትኹረት ተሰሪሑ፡፡

ነቶም ስራሕ ሱኡናት ወገናት ኣብቶም ሓሙ ሽተ ዘፈራት ኣብ መፍረይቲ፣ ንግዲ፣ ግልጋሎት፣ ኮንስትራክሽን ከተማ ሕርሻን ማእኸል ብምግባር ሰፋሕቲ ስራሕቲ ብምውጋን ዕድል ስራሕ ከም ዝተፈጠረሎም እቶም ዳይሬክተር ኣገንዚቦም፡፡

ክሳብ ሐዚ ብቐዋምን ጊዜያውን ንልዕሊ 51 ሽሕ ወገናት ዕድል ስራሕ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ሃፍተ ገነት ብምፅናዕ 422 ፕሮጀክትታት ማለት መማራፂ ስራሕ ናብ ተግባር ኣትየን፡፡

ኣብ ወረዳታትን ከተማታትን ሃፍተ ገነት ፀንቂቕካ ዘይምፅናዕን በቢደረጅኡ መዝጊብካ ዘይምሓዝን ከምኡ'ውን ተፀኒዖም ዝብሃሉ ሃፍተ ገነታት ናብ ተግባር ኣብ ምስግጋር ውስንነት ከም ዝነበረ ኣይተ ሓጎስ ኣዘኻኺሮም፡፡



ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ፀጥታን ምምሕዳርን ከተማ ኣክሱም ኣይተ ጎይቶኦም ኣርኣያ

## ኣብ ከተማ ኣክሱም ዝነበረ ከቢድ ስግኣት ገበን ክሳድ ምዕፃዉ ከምዝቐነሰ ተገሊፁ

ብግርማይ ተ/ብርሃን

ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ፀጥታን ምምሕዳርን ከተማ ኣክሱም ኣይተ ጎይቶኦም ኣርኣያ ከምዝበልዎ ኣብቲ ከተማ ብበዝሒ ክሳድ ምዕፃዉ ይፍፀም ብምንባሩ ሕ/ሰብ ንሂወቱ ሰጊኡ ቀልጢፉ ናብ ገዝኡ ክኣትዉ ይግደድ ነይሩ። ነዚ ንምፍታሕ ኣካላት ፀጥታ ምስ ህዝብን መናእሰይን እቲ ከተማ ሰፊሕ ዘተን ምይይጥን ብምክያድ ገበን ክሳድ ምዕፃው ሎሚ ዓመት ደው ክብል ከምዝኻኣለ ገሊፆም።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 715 ሎሚ ዓመት 441 ዝተፈላለዩ ገበናት ዝፈፀሙ ኣካላት ሕጋዊ ስጉምቲ ተወሲዱሎም። እቲ ስግኣት ህዝቢ ኮይኑ ዝነበረ ገበን ክሳድ ምዕፃው ንምንካይን ንምጥፋእን ሰፋሕቲ ስራሕቲ ብምስረሖምን ብፍላይ መናእሰይ ኣንሕና እናሃለና ወለድናን ኣሕዋትናን ክዉቅዑን ክስረቑን የብሎምን ብዝብል ሕራነ፤ ተወ ዲቦም ከባቢኦም ቅትርን ለይትን ክሕልዉን በቲ ገበን

ናብ ገፅ 4 ይዘውር



ዋና ዳይሬክተር ኤጀንሲ ልምዓት እቶት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ወ/ሮ ኣሰፉ ሊላይ

## ኤጀንሲ ልምዓት እቶት ትግራይ፣ ግብሪ ነክዩ

**ብተሻለ ገ/እግዝኣብሄር**

ኤጀንሲ ልምዓት እቶት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ከፈልቲ ግብሪ ብዘጓንፉ ዘለዉ ሰብ ስራሕን ተፈጥሮኣውን ፀገማት ከይጉድኡ ብዝብል ምኽንያት ግብሪ ከም ዝነከየ ኣፍሊጡ፡፡

ዋና ዳይሬክተር ኤጀንሲ ልምዓት እቶት ብሄ ራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ወ/ሮ ኣሰፉ ሊላይ ከም ዝበልኦ፣ ኣብዚ እዋን ነቲ ልምዓታዊ መስመር ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ኣፍሪሶም ውልቀ መላኺ

ናብ ገፅ 4 ይዘውር


**ዝኸበርኩም ተገልገልትና**

**እዋናውን ተኣማንን ዜና ካልኦት ዓበይቲ ሓበሬታታት ህዝብን ክልል ትግራይን ሃገርን ዓለምን ተኸታቲልኩም like, share comment ብምግባር ንክትሳተፉ ንዕድም ።**

**Facebook: https://www.facebook.com/TigrayCAB/**

**Youtube: Tigray Communication Affairs Bureau**

**Twitter: https://twitter.com/TigrayCAB**


ወጋሕታ ምዕራፍ ብራኸ ትግራይ ንኪጋሃድ፣ ኮሮና ቫይረስ ንመክት !

# ቅንያት ወረዳታት

ምውዳድ ብተሻለ ገ/ሄር

## ኣሕፈሮም

**ኣብ ወረዳ ኣሕፈሮም ዝርከብ 1ይ በርጌድ መበል 20 ክፍለ ሰራዊት ልዕሊ 136 ሽሕ ብር  ንፅጉማት ወገናት ሓጊዙ**

ኣብ ነባር ወረዳ ኣሕፈሮም ዝርከብ 1ይ በርጌድ መበል20 ክፍለ ሰራዊት ብምኽንያት ኮሮና ቫይረስ ንዝተፀገሙ ወገናት  ልዕሊ 136 ሽሕ ብር ወፃኢ ብምግባር ሓገዝ ከም ዝገበረ ቤት ፅሕፈት ርክብ ህዝብን መንግስትን እታ ወረዳ ኣፍሊጡ፡፡

ኣብቲ ስነ ስርዓት ርኽክብ ሓገዝ ዝተረኸቡ ምኽትል ዋና ኣማሓዳሪ ወረዳ እገላ መምህር ሙሉጌታ ተኸሉ እቲ ሓገዝ ዝገበረ ምክልኻል ሰራዊት ሎሚ ጥራሕ ዘይኮነስ ኩሉ ግዜ ኣብ ጎኒ ህዝቢ ተሰሊፉ እናሓገዘ ከም ዝመፀ ብምግላፅ፣ እቲ ሎሚ ዝገበሮ ሓገዝ እውን ናቱ መቐፀልታ ከምዝኾነ ገሊፆም፡፡

ኮሎኔል ኣድነው ደመምን ሓለቓ ሽሕ ኣንተነህ ክፍሌን ብሓባር ከም ዝበልዎ፣ እዚ ህዝቢ ኩሉ ግዜ ካብ ምክልኻል ሰራዊትና ፈሊኻ ክርአ ዘይኽእል ኣብ ልምዓት ይኹን ኣብ ፀጥታ ጠንኪሩ ዝሰርሕ ህዝቢ ብምዃኑ ፤ ብምኽንያት ኮሮና ቫይረስ ከይስኮን እቲ ክፍለ ሰራዊት ካብ ላዕለዋይ ኣመራርሓ ክሳብ ተራ ኣባል ካብታ ዘላቶ መሻርፍ ብምውፃእ ኣብ ከተማ እንትጮን እገላን ንዝርከቡ 125 ፅጉማት ማሕበረሰብ ከም ዝሓገዙ ኣፍሊጦም፡፡

እቲ ህዝብን ምክልኻል ሰራዊትን ብሓደ ብምዃን ኣብ ምሕላው ፀጥታን ልምዓታዊ ስራሕትን እናሰርሐ ዝመፀን ዘሎን እዩ ዝበሉ እቶም ምክትል ኣማሓዳሪ፣ ሕዚ ዝግበር ዘሎ ምክልኻልን ሓገዝን ብምምስጋን ከምዚ ዓይነት ሰናይ ተግባር ተጠናኺሩ ክቕፅልን ካልኦት እውን ክስዕብዎን ኣታሓሳሲቦም፡፡

ካብ ተሓገዝቲ ወገናት ዝኾኑ ወ/ሮ ሙሉ ብርሃነን ኣይተ ጉዕሽ ገ/መስቀልን ብሓባር እቲ ብምክልኻል ሰራዊት ዝተገበረሎም ሓገዝ ብምምስጋን እቲ ሓገዝ ድማ ሎሚ ጥራሕ ዘይኮነስ ካብ ቀደሙ ኣብ ዝተፈላለዩ ልምዓታዊ ስራሕቲ እናሓገዞም ከም ዝመፀን ብኣውርኡ ድማ ብቑርን ፀሓይን ከይተሰኮነ ለይትን ቀትርን ጠጠው ኢሉ ዓዱን ህዝቡን ዝሕሉ ዘሎ ጅግና ምክልኻል ሰራዊት ካብ ልቢ ምምስጋኖም ክኢላ ፐረስ ወረዳ ኣሕፈሮም ገ/ህይወት ኣስመላሽ ፀብፂቡ፡፡

## ጋንታ ኣፈሹም

**ኣብ ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም ብልዕሊ 340 ሽሕ ብር ወፃኢ ንፅጉማት ወገናት ሓገዝ እኽሊ ተበርኪቱ**

ኣብ ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም ብተወለድትን ፈተውቲ ልምዓት እቲ ከባብን ብዝተረኸበ ደገፍ ብልዕሊ 340 ሽሕ ብር ን 190 ወገናት ሓገዝ እኽሊ ከም ዝተበርከተ ቤት ፅሕፈት ርክብ ህዝብን መንግስትን እታ ወረዳ ኣፍሊጡ።

ከም መብርሂ መተሓባበሪ እቲ ኮሚቴ  ኣይተ ገ/ፃድቃን ሓጎስ እዚ ሓገዝ ኣጋጢሙ ዘሎ ሕማም ኮሮና ቫይረስ ንምምካት ዝሳለጥ ዘሎ ስራሕቲ እዩ እንትብሉ፣ ተጠናኺሩ ንኽቕፅልን ትሑት መነባብሮ ዘለዎም ወገናት በቲ ሕማም ከይጥቅዑ ተባሂሉ ዝተገበረ ሓገዝ ከም ዝኾነን ገሊፆም ።

ልዕሊ 340 ሽሕ ብር ዝወድአ 95 ኩንታል ፊኖ፣ 22 ኣንሶላ ፣ 22 ኮበርታ ፣ 22 ፍርናሽ፣ ሳሙናን ዘይቲ ብልዕን ክግዛእ ብምግባር ን 190 ወገናት ንሕድሕዶም 50 ኪሎ ሕሩጭ ፊኖ፣ ክልተ ሊትሮ ዘይትን ክልተ ደረቕ ሳሙናን ሓገዝ ክግበር ክኢሉ እዩ። ብተወሳኺ መንግስቲ ዝሃቦ ሓበሬታ ብምትግባር ንፅጉማት ወገናት ደገፉት ብምክያድ፣ ነዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ኣፀጋሚ እዋን ንምሕላፍ ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ይግባእ ክብሉ ኣይተ ገ/ፃዲቕ ተዛሪቦም፡፡

ዋና ኣመሓዳሪ ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም ኣይተ ፍስሃ ሃይላይ ብወገኖም  ኣጋጢሙና ዘሎ ሕማም ኮሮና ቫይረስ ንምምካት ኣብ ክሊ መንግስቲ ዘሳልጦ ስራሕቲ፣ እጃም ተወለድትን ፈተውቲ ልምዓትን ዝለዓለ ከም ዝኾነ እንትገልፁ፣ ከም ወረዳ ነዚ ቫይረስ ንምምካት ክሳብ ሕዚ ብልዕሊ ሓደ ሚልየን ብር ን 600 ወገናት ተጠቀምቲ ዝገብር ስራሕቲ ከም ዝተሳለጠን ብቐፃልነት እቲ ፀገም ንምፍታሕ ብዝተወደበ ኣገባብ ኣብ ጎኒ መንግስቲ ብምዃን ክስራሕ ከምዘሎዎን ኣብሪሆም፡፡

ተሓገዝቲ ወገናት ብግድኦም ትሑት መነባብሮ ንዘለዎም ወገናት  እዚ ሓገዝ ምስላጡ ኣብ ምክልኻል ሕማም ኮሮና ቫይረስ ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ ስለዘለዎ ተወለድትን ፈተውቲ ልምዓትን እቲ ወረዳ እቲ ሰናይ ስራሕቶም ኣጠናኺሮም ክቕፅልሉ ተላብዮም ክብል ክኢላ ፐረስ እታ ወረዳ ሃፍቶም ተስፉይ ፀብፂቡ፡፡

## ወረዳ ሓውዜን

**ፊንክስ ኩለ መዳይ ልምዓት ሓውዜን ንሳልሳይ ግዜ ብምኽንያት ኮሮና ቫይረስ ዝተፀገሙ ወገናት ሓገዝ ኣበርኪታ**

ፊንክስ ኩለመዳይ ልምዓት ሓውዜን ንሳልሳይ ግዜ ን484 ዝተፀገሙ ወገናት ሓገዝ ፊኖን 100 ሽሕ ብር ንመባእታዊ ሆስፒታል ፍረ ሰማእታት ሓውዜን ከም ዝሓገዘት ቤት ፅሕፈት ርክብ ህዝብን መንግስትን ወረዳ ሓውዜን ኣፍሊጡ፡፡

ከንቲባ ምምሕዳር ከተማ ሓውዜን ኣይተ ሃይላይ ገ/ማርያም ኣብቲ ምሕጋዝ ንፅጉማት ተረኺቦም ከም ዝበልዎ፣ ብግዱስ ተወላዲ ዓዲ ደ/ር ኣፅብሃ ገ/ስላሴ ዝተጣየሸት ፊንክስ ኩለመዳይ ልምዓት ሓውዜን፣ ማሕበራዊ ፀገማት ነበርቲ እታ ከተማ ኣብ ምፍታሕ ዕዙዝ ግደ እናፈፀመት ከም እትርከብን ናቱ መቐፀልታ ድማ ኮሮና ቫይረስ ንምክልኻል ዓሊማ ቅድም ክብል ቀዳማይን ካልኣይን ዙር ሓጊዛ ምንባራ ብምዝኽኻር እንሆ ሕዚ ድማ ንሳልሳይ ግዜ ን484 ዝተፀገሙ ተምሃሮን ነበርቲ እታ ከተማን ዋግኡ ልዕሊ 293 ሽሕ ብር 120ኩንታል ፊኖ ብምዕዳግ ንሕድሕዶም 25 ኪሎ ፊኖ ሓገዝ ከም ዝገበረት ተዛሪቦም፡፡ እዛ ማሕበር እትገብሮ ዘላ ሓገዝ ብስም ተጠቀምቲ ማሕበረሰብ ብምምስጋን ኩሉ ግዱስ ፈታዊ ዓድን  ማሕበራትን ድማ ኣሰራ ክኽተሉ ፀዊዖም፡፡

ሓገዝ ዝተገበረሎም ነበርቲ ከተማ ሓውዜን ኣይተ ዘርኣብሩኽ ዘውዱ፣ ኣይተ ሃይላይ መብራህቱን ወ/ሮ መናሰብ ኣፅብሃን ድማ ንዝተገበረሎም ሓገዝ ብምምስጋን ካልኦት እውን ነቲ ሰናይ ተግባር ክስዕብዎ ተላብዮም፡፡ ብዘይካ እዚ ኣብቲ ዕለት ንምክልኻል ኮሮና ቫይረስ ዝውዕል 100 ሽሕ ብር ንመባእታዊ ሆስፒታል ፍረ ሰማእታት ሓውዜን ሓገዝ ዝተገበረ እንትኸውን ተወካሊ እቲ ሆስፒታል ኣይተ ተኽለማርያም ተስፋማርያም ንዝተገበረ ሓገዝ ብስም ተጠቃሚ ማሕበረሰብ ኣመስጊኖም ክብል ክኢላ ፐረስ እታ ወረዳ ተኽለማርያም ተካ ፀብፂቡ፡፡

## ኣላማጣ

**መናእሰይ ከተማ ኣላማጣ ዝጀመርዎ ምክልኻል ሕማም ኮሮና ቫይረስ ዘጠናኽር ስልጠና ተዋሂብዎም**

ቢሮ ሓልዋ ጥዕና ክልል ትግራይ  ን175 ኣባላት ማሕበር መናእሰይ ከተማ ኣላማጣ   ኣብ ምክልኻል ቫይረስ ኮሮና ዘተኮረ  ግንዛበ መዕበዪ ስልጠና ከም ዝሃበ ቤት ፅሕፈት ጥዕና ከተማ ኣላማጣ ኣፍሊጡ፡፡

መተሓባበሪት ከይዲ ስራሕ ምስጓም ጥዕናን ምክልኻል ሕማማትን  ሲስተር ስንዳዮ ተፈራ ከም ዝበልኦ እዚ ተላባዲ  ሕማም ኮሮና ቫይረስ ኣብ ክልልና ካብ ዝኣቱ ብዙሓት ወገናት እናጥቅዐ ከምዘሎ ብምግላፅ፣ እቲ ብቢሮ ሓልዋ ጥዕና ክልል ትግራይ ዝተወሃበ መዕበዪ ግንዛበ መናእሰይ ኣብታ ከተማ ዝሓሸ ለውጢ ከምፅእ ከምዝኽእል ገሊፀን፡፡

ሓላፊ ማሕበር መናእሰይ ከተማ ኣላማጣ መንእሰይ ሰለሙን ደሳለኝ ብወገኑ መናእሰይ ከተማ ኣላማጣ  ኣብ ምክልኻል ሕማም  ኮሮና ቫይረስ  ዝላዓለ ኣስተዋፅኦ እናገበሩ ከም ዝመፁን በቲ ሕዚ ዝተወሃቦም ስልጠና ድማ ዝያዳ ተጠናኺሩ ከም ዝቕፅል ኣረዲኡ፡፡

ኣብቲ ስራሕ ዝተሳተፉ ኣባላት ማሕበር ማናእሰይ ከተማ ኣላማጣ ኣብቲ ሰናይ ተበግሶ ተሳታፉይ ብምዃኖም ብሓደ መልክዑ ንባዕሉ እኹል ግንዛበ ምርካቦም ዓርሶም ካብቲ ሕማም ክሕልዉ ምኽኣሎም፣ ብኻልእ ወገን ድማ ካብ ዝረኸብዎ ትምህርቲ  ንሕብረተሰቦም ክሕግዙ ብምኽኣሎም ከም ዘሐጎሶምን ክኢላ ፐረስ ከተማ ኣላማጣ መናል ኢብራሂም ፀብፂባ፡፡





ኣእዳውና ብፅሬት ብምሕላው፣ ምንኽኻእ ብምውጋድን፣ ካልኦት ሓበሬታታት ፀረ ቫይረስ ኮሮና ብውነ ብምጭባጥን ናብ ተግባር ነሽርፎ!!



# ርእሰ ዓንቀፅ

## ሓያል ስምብራት ኣብ ልዕሊ ኣሃዳውያን !

እዋናዊ ፖለቲካዊ ረስኒ እዛ ሃገር ናብ ዝበረኸ ረፅሚ ተሰጋጊሩ ይርከብ። ማእለያ ዘይብሉ ህውከትን ምሕንጋድን ኣብ ሰፊሕ ከባብታት ኢትዮጵያ ይርአ ኣሎ። ሕቶ መሰል ርእሰ ውሳነ ዝጠልብ፣ክልላዊ መንግስቲ ከጣይሽ ዝደሊ፣ከውሊ ዝስኣኑ ብሄራት ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ኣብ ዘየቋርፅ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን ሕቶ ኣትዮም ኣለው።

ነዚ ምኽንያት ኮይኑ ዘሎ ድማ ኣብ ኢትዮጵያ በትረ መንግስቲ ወኒኑ ዘሎ ከላሲ፣ ከዳዕን ኣሃዳዊ ሓይሊ እዩ። ፈለማ ናብ ስልጣን እንትመፅእ ብምድንጋርን ፀቐጢ ፈጢሩ ብሕብራዊ ወያነ ዝመፀ፣ኣብ ውሽጢ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ብዝተፈጥረ ምብስባስን ክራይ ኣካብነት ፖለቲካዊ ኢኮነሚ ተበሊፁ ዝመፀ ፖለቲካዊ ሓይሊ እዩ። ብሉፃትን ምቁራትን ሓረጋት ፍቕርን ሓልዮትን ምዕባለ ብልፅግናን ብዝብሉ ፍፁማዊ ሕልማዊ ሓሳብ ተሓንጊጡ ሕብረ ብሄራዊ ፌዴራላዊ ስርዓት ነቓቒሉ ባህሊ፣ቋንቋን መንነትን ብሄረሰባት ኢትዮጵያ ደዃዕዃዕ ኣቢሉ ሓደ ድምፂ ዜማ ዘስምዕ ፍሹል ፖለተካዊ ርእዮት ኣሃዳዊነት ንምትካል ዝህቅን ዘሎ ፕሮጀክት ሞትን ድኽነትን'ዩ።

እዚ ብምኽኑ ድማ ኣብ ዝሓለፉ 2 ዓማውቲ ኣብ ቀረባ ታሪኽ ዓድና ተራእዮም ዘይፈልጡ ደማዊ ጐነፅ፣ ብሚሊዮናት ዝቑፀሩ ምምዝባል ምፅናት ዘርኢ ደቂ ሰባት ተፈፂሙ እዩ። ነዚ ሓቂ እማኝ ዝኾኑ ድማ ህዝብታት ኢትዮጵያ እዮም። ዓለም'ውን ትርእን ትሰምዕን ኣላ። ዓለም ለኻውያን ተሓለቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ኢና በሃልቲ'ውን ኣብ ወርሒ ፅድያ ዘውፅእኦ ፀብፃብ እዩ።

ስለዚ ኣብ ዓድና ናብ ክልተ ኣንፃራዊ ብልሒ ጫፍ ሳዕሪሩ ዝርከብ ፖለቲካዊ መስመር ነፂሩ ኣሎ። ንሱ'ውን ኣብ መንጐ ፕሮጀክት ኢምፓየርን ዴሞክራሲያዊ ሕብረ ብሄራዊ ፌዴራላዊት ኢትዮጵያ ዝድግፉ ደምበ ኮይኑ ኣሎ። ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝተገለፀ ኢምፓየር ፕሮጀክት ፖለቲካዊ ስልጣን ወኒኑ ኣሎ።

ዝኣረገ ፖለቲካዊ ቅዲ ሒዙ ትማሊ ሓመድ ድማ ዝኣተወ ስርዓት ኣሃዳዊነት ዳግም ንምትካል ዘይተሓለለ ቃልሲ ኣብ ምክያድ ይርከብ። ይኹን እምበር ኣብ ዝሓለፉ 27 ዓማውቲ ዝተርኣዩ ፖለቲካዊ፣ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ለውጥታት ኣብዛ ሃገር ገዚፍ ዴሞክራሲያዊ ሰረት ዘንበሩ ብምዃኖም ኣብ ብሄራትን ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ዝለዓለ ፖለቲካዊ ንቕሓት ክውንኑ ዘኽኣለ ባይታ ተፈጢሩ'ዩ። እዚ ብምዃኑ ድማ ፖለቲካዊ ቅዲ ኣሃዳውነት ኣብ ህዝብታት ኢትዮጵያ ይንፀግን ይትፋእን ኣሎ። ስለዚ ዝህሉ እንኮ መማረፂ ሓደን ሓደን እዩ። ወይ ፀረ ወያነ ኣሃዳዊ ሓይሊ ይስዕር ወይ ድማ እቲ ዝፀንሐ ፕሮጀክት ዴሞክራሲያዊ ሕብረ ብሄራዊ ፌዴራላዊ ህንፀት ምቕፃል ይኸውን።

ፕሮጀክት ኢምፓየር /ኣሃዳዊ/ እንተተዓዊቱ ግና ናብ ዘየቋርፅ ደማዊ ኲናትን ጥፍኣት ኣርማጌድዎን ክንኣቱ ከምእንኽእል ዘጠራጥር ፍፁማዊ ምኽንያት የሎን። ስለዚ መቓብር ኣሃዳውያን ንምስላጥ ሓያል ስምብራት ነዕርፈሉ እዋን'ዩ።

# ብርዒ ኣንበብቲ



## ይበል ፅንዓት

ሰላም እንዳ ምስንዳእ ጋዜጣ መቓልሕ ትግራይ ኣቐዲመ ክቡር ወያናይ ሰላምታይ ንኹሎም ኣባላት ምስንዳእ ጋዜጣኹምን ኣብ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከብ ፅኑዕ ተቓላሳይ ህዝቢ ትግራይ ይብፃሕ ይብል።

እሞ እንዳ ምስንዳእ ጋዜጣ መቓልሕ እዞም ብባንዳታትን ዕሱባት ጠላማት ህዝቢ ትግራይ  መውዓል ቓልሶምን ኣስተዋፅኦን ተዘንጊዑ ክንዲ ክብረት፣ ኣፍልጦን ሞሳን ምሃብ ኣሪጒም እናተብሃሉ ዝናሸው ዘለዉ ኣብ ስራሕን ብመልክዕ ጡሮታ ብኽብሪ ተሰናቢቶም ግን ድማ ሐዚ'ውን ኣብ መኸተ ዝርከቡ መራሕቲ መንግስትን ውድብናን ዝኾኑ ኣያታትና ካብ ዕጥቃዊ ቓልሲ ክሳብ ሕዚ ኣብ  መኸተ ኣለው። ዋላውን ሕጊ ተፈጥሮ ኮይኑ ዕድመ ደፊኡ ብርኮም እንተደኸመን፣ ቆርበቶም እንተጨምደደን እቲ ብተሞኩሮን ቃልስን ብትምህርቲ ዝተነድቀ ኣእምሮ ገና ዘይኣረገን ማራ ዝበልሐን'ዩ።

ብንዋይን ብህርፈት ስልጣን ተደሊሎም ብግልፂ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ "ኲናትን ህልቀትን" ምስ ዝኣወጀ ንጉስ ሕልሚ ብልፅግና ወጊኖም ንመራሕትና ካብ ቃላይ ህዝቦም ህዝቢ ትግራይ ከም "ዓሳ" ዘፈፎም ንምውፃእ ሽማሽም ዘውፅኡ ዘለው ተዘይኮይኑ እንተንሕና "መን ይዛረብ ዝነበረ መን የርድእ ዝቐበረ" እዩሞ ብዛዕባ ፅንዓት መራሕትና ንዓናን ንሓቀኛ ፈተውቲ ወያነና ግደፉዎ ፤ እንተ ንስኹም ውድቀትኹም ብሓፂር ግዘ ዘይተርፍን ዳግማይ መንግስቱ ብምዃን ታሪክ ከምትደግሙን ፍፁም ጥርጥር የብልናን።

እንተ ንመራሕቲ መንግስቲ ክልል ትግራይን ውድብና ውድብ ህወሓትን ደጊምና ዕድመን ጥዕናን እናተመነና " ይበል ፅንዓትኩም" ኣብ መስርዕ ኣለና ኣዮኹም ናይና።

**ኣስረስ ኣረሩ (ጫሕማይ)**
**ከተማ መቐለ**


**ም/ዋና ኣሰናዳኢ-** ስብሓት ገ/እግዚኣብሄር

**ኣሰናዳእትን ኣረምቲ ፅሑፍን**
- ይርጋ ኣብርሃ
- መስፍን ገ/ትንሳኤ
- ኣሸናፊ ዘውዴ

**ኣሰናዳእቲ**
- ግርማይ ተ/ብርሃን
- ተስፋልደት ገ/ማርያም
- ብርሃን ገ/መድህን
- ተሻለ ገ/እግዚኣብሄር

**ዲዛይን፣ ለይኣውትን ግራፊክስን** - ስንዳዮ ኣፅብሃ
- ፅሃይ ገብረ

**ክትትልን ምክፍፋልን ውፅኢት ሕትመት** - ዕፃይ ሓጎስ
**ልምዓት ምልክታን ኣድቨርታይዝመንትን** - ሃ/ሚካኤል ከበደ
**ቑፅሪ ሞባይል** 0932349104 - 0344-41-90-25



477 መቐለ
ፋክስ/Fax 40 74 62

03 44 40 26 26
03 44 40 93 44



**ሓበሬታ**

ክቡራት መንበብቲ፣ ኣብ ዓምድታት፣ ዜናታት፣ ፅሑፋት ወይ ፎቶ ግራፋትን ዘለኩም ርኢቶ ብኣድራሻና Webmail info@tig-gpr.org ወይ Gmail tiggpr1120gmail.com ንክትልእኹልና እናሓበርና ስለእቲ ተሳትፎኹም ኣቐዲምና ነመስግን።



**መቓልሕ ትግራይ**
ሓምለ 1985 ዓ.ም ተጣይሹ
መበል 27 ዓመት ፧ ቁፅሪ 634
30 ሰነ 2012 ዓ.ም


**ጉንበት 20 እምነ ሰረት ማዕርነትን ብዙሕነትን እያ !**



## መዳርግቲ ዘይብሉ ጅግንነት ኣያታትና ሕዚ'ውን ኣብ ቦትኡ ኣሎ !

### ጕና ጕኒ መኸተ ...ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ብተወሳኺ ኣብዛ ሃገር ልዕሊ ሓሙሽተ ቢልዮን ፈልሲ ክትከልን ንኲናት እኹል ምድላው ከም ዝገበረ መግለፂ ዘውፅአን "መንግስቲ" ንመረፃ ኣይተዳለኹን ምባል፣ ክልተ ንሕድሕዶም ዝዋቐዑ ሓሳባት ኣብ ርእሲ ምዃኖም፣ መረፃ ምክያድን ዘይምክያድንን ንህዝቢ ወይ ንሕማም ቫይረስ ኮረና ተሓሲቡ ከይ ኮነ ካብ ዘጋጥሞም ፍርሒ ፀቢብ ዕድል ምምራፅ ዝብገስ ሃርጓፍ ድሌት ምዃኑ የረድኡ::

ብተመሳሳሊ ኣብ ክፍሊ ጋዜጠኝነትን ኮሚኒ ኬሽንን ዩኒቨርስቲ ኣክሱም፣ መምህር ቢንያም ሓጎስ ከም ዝሓበርዎ፣ መረፃ ካብቶም ዘይግደቡ መሰላት ደቂ ሰብ ሓደ ስለ ዝኾነ፣ ጥዕና ዘለዎን ብደሞክራሲ ይኣምን እየ ኢሉ ዝንየት መንግስቲ ይኹን መራሒ ሃገር ክግድቦ ዘይከኣሎ፣ እንተደለየ ድማ ዘይግባእ ምዃኑ የገንዝቡ::

ቀንድን መሰረታውን ዕላማ እቲ ሕዚ መንግስቲ ዝመርሕ ዘሎ ኣካል፣ ስርዓት ፌደራሊዝም ናብ ሓደጋ ኣሳጢሑን ሕገ መንግስቲ ኣፍሪሱን ናብ ዓንኬል ኣሃዳውነትን ውልቀ መላኽነትን ተመሊስና ዕንክሊል ክንብልን ጥራሕ መበገሲ ሒዙ ክኸይድ እኳ እንተደለየ ጉዳይ መረፃ ግና ብድሌት ሰባት ዝውሰን ከይኮነ ብሕገ መንግስቲ ዝምራሕ ምዃኑ ኣብራህሪሆም::

እቲ በቢ ሓሙሽተ ዓመቱ ዘይተርፍ ዋኒን ሃገር ዝኾነ መረፃ፣ ኣብ ፈታኒ እዋን ኲናት ኢትዮ ኤርትራ እኳ ከም ዘተኻየደ፣ ሕገ መንግስቲ ድማ ዝኾነ ዓይነት ክፍተት ምንዋሕ ስለ ዘይብሉ፣ ቤት ምኽሪ ትግራይ ኣብ ዝተትሓዘሉ እዋን መረፃ ክካየድ ምውሳኑ ትኽክለኛ ስለ ዝኾነ፣ ፌደራል መንግስቲ ህዝብታት ብመረፃ ኣቢሎም ዝመርሐም ውድብ ንምምራፅ፣ክናዋሕ ምግባሩ ጌጋ ምዃኑ እቶም መም ህራን ሓቢሮም::

### ኤጀንሲ ልምዓት እቶት ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ስርዓት ንምትካል ዝፅዕሩ ዘለዉ ዝበሰበሱ ፅግዕተኛ ሓይልታትን ባንዳታትን ቁጠባውን ፖለቲካውን ምንቅ ስቓስ ትግራይ ንምድኻም ዘሎን ዘየሎን ሓይሎም ተጠቒሞም ሕርድግ ይብሉ ኣለዉ ኢለን:: እዞም ትምክሕተኛታት፣ ፅንፈኛታትን ፅግዕተኛ ሓይልታትን፣ ዓለም ለኻዊ ተላባዲ ሕማም ኮሮና ቫይረስን ብዘስዓቦ ምዝሕሓል ቁጠባዊ ምንቅስቓስ ሚዛናዊ ንምግባር ኣብ ከፈልቲ ግብሪ ማሕበረሰብ ካብቲ ልሙድ ዝኾነ ኣከፋፍላ ግብሪ ብዝተማሓየሸ መልክዑ ምንካይ ከም ዝተገበረ ኣፍሊጠን::

መንግስትን ህዝብን ትግራይ ነቶም ሰብ ስራሕን ተፈጥሮኣውን ተጓንፎታት እናመከተ ናይ ሓፂር፣ ማእ ኸላይን ነዊሕን ኣንፈታት ብምንፃር፣ "ሞትን ግብርን ኣይተርፉን" ከም ዝበሃል ከፈልቲ ግብሪ ማሕበረሰብ ግብኦምን መሰሎምን ኣቐዲሞም ብምፍላጥ እታ እትምልከቶም ግብሪ በቲ ተወሲኑ ዘሎ ሓድሽ ውሳነ መሰረት ኣብ ዝምልከቶም ቦታን ግዜን ተግባራዊ ንም ግባር ዝዓለመ እዩ ክብላ እተን ዳይሬክተር ገሊፀን::

መንግስቲ ትግራይ እዋናዊ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ከፈልቲ ግብሪ ቅነሳ ገይሩ እዩ ዝበላ ወ/ሮ ኣሰፉ፣ እቲ ውሳነ ኣብ ህፁፅ ግዜ ኣዋጅ ዝተወሰነ ይኹን እምበር፣ ብሰፊሑ መፅናዕቲ ተኻይድሉን ንህ ዝቢ ካብ'ቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ቁጠባዊ ምንጋፅ ናብ ሚዛናዊ ኩነታት ከእቱ ይኽእል እዩ ተባሂሉ ዝትግበር ከም ዝኾነን ህዝቢ ምስ መንግስቲ ትግራይ ሓደ ልቢ ኮይኑ ንሃልዋቱን ድሕንነቱን ዝቃለሰሉ መንገዲ ዘጠናኽርን ከም ዝኾነ ተዛሪበን::

እቶም ዝተማሓየሹ ኣከፋፍላ ግብሪ ቅድሚ 2007 ዓ/ም ዘለው ውዝፋት ግብሪ እቲ ፍረ ግብሪ፣ ወለድን ቅፅዓትን ምሉእ ብምሉእ ዝግደፍን ዝስረዝን እንትኸውን ፣ ካብ 2008 ዓ/ም ክሳብ 2011 ዓ/ም ዘሎ ውዝፍ ግብሪ ብዘይካ ፍረ ግብሪ ወለድን ቅፅዓትን ይስረዝ :: እቲ ፍረ ግብሪ እውን ኣብቲ ዝተወሰነሉ ኣብ ሓደ ወርሒ ንዝኸፍሉ ከፈልቲ 15 ሚኢታዊ፣ ኣብ ክልተ ወርሒ ማለት ነሓሰ ንዝኸፍሉ ድማ 10 ሚኢታዊ ዝቅንሰሎም ይኸውን:: እዚ ድማ ኣብ ኩሎም ዓይነት ንግዲ ንዝነጥፉ ነጋዶ ዝትግበር ከም ዝኾነ እተን ዳይሬክተር ኣፍሊጠን::

ኣብ ናይ 2012/ 2013 ዓ/ም ዝግበር ስግግር ኣከፋፍላ ግብሪ እንትርእ ድማ ኣብ ደረጃ ሀ፣ ለንሐን ከምኡ እውን መካረይትን ዘሎ ኣከፋፍላ ኮይኑ፣ ብርኪ ሀንለን ናይ ባዕሎም ዝኾነ ሒሳባዊ ኣወራርዳ ስለዘለዎም እቲ ትኹረት ዝግበረሉ ኣብ ብርኪ" ሐ" እዩ ዝበላ ወ/ሮ ኣሰፉ፣ ብምኽንያት ኮሮና ቫይረስ ዝተጠቕዑን ዘይተጠቕዑን ነጋዶ ብዝግባእ ተፀኒዖም ተፈልዮም ሚዛናዊ ብዝኾነ መልክዑ ክሳብ 25 ሚኢታዊ ከም ዝቕነሰሎም ድማ ኣብሪህን:: ቅድሚ 2007 ዓ/ም ዝነበረ ውዝፍ ግብሪ ን 2720 ከፈልቲ ግብሪ ምሕረት ዝገበረ እንትኸውን ካብ 2008 ዓ/ም ክሳብ 2011 ዓ/ም 10500 ዝኣኽሉ ከፈልቲ ግብሪ ተማሒሮም ኣለዉ ዝበላ እተን ዳይሬክተር፣ ብሓፈሻ ከም ክልል ኣብዞም ከፈልቲ ግብሪ 253 ሚሊዮን ብር ዝኣክል ክልዓል ከም ዝተወሰነ ገሊፀን::

ኣብ መወዳእታ እቲ ዘሎ ቁጠባዊ ምንቅስቓስ ክልልና ብምርዳእ ሰብ ሃፍቲ፣ ብፍላይ ብርኪ ሀንለን ከፈልቲ ግብሪ ፣ ብርኪ ሐን ካልኦት ማሕበራትን እቲ ዝተወሰነ ምንካይ ግብሪ ኣብ ግምት ብምእታው ዘሎ ፀገም ብምርዳእ፣ መንግስቲ ክረኽቦ ዝግባእ ኣታዊ ግብሪ ክረክብ ኣብ ምግባር ድርብ ሓላፍነቶም ክዋፅኡ ኣታሓሳሲበን::

### ኣብ ከተማ ኣክሱም ...ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ገበን ዝሰርሑ ብቅልጡፍ ክተሓዙ ብምሕጋዞም ኣካላት ፍትሒ እውን ኣብ ልዕሊ ገበነኛታት ቅል ጡፍን መምህራይን ውሳነ ብምሃብ ዓብዪ ስራሕ ብምስርሖም ኣብዚ ዓመት እቲ ዝነበረ ስግኣት ጠፊኡ ዝሓሸ ምርግጋፅ ከምዝተፈጠረን ናይዚ ውፅኢት ድማ ገበን ብ36 ነጥቢ 6 ሚኢታዊ ምንካዩ ሓቢሮም።

እቶም ኣብ ክትራንን ስርቅን ተዋፊሮም ኢድ ብኢድ ይኹን ካሊእ እዋን ተታሒዞም ሕጋዊ ስጉምቲ ዝተወሰደሎም ኣካላት፣ ድሕሪ ህንፀት ናብ ልምዓት ንክኣትዉ ይሰራሕ ከምዘሎ ብምሕባር፤ ህዝቢ ብፍ ላይ መናእሰይ ዝጀመርዎ ሓለዋ ኣጠናኺሮም ክቕፅሉ ከምዝግባእ ብምሕባር፣ እቲ ከተማ ጋሻ ዝበዝሖን ብፍላይ ወፃእተኛታት ታሪክ ክልልና ክህውፁ ዝመ ፅሉ ስለዝኾነ፣ ኣብቲ ከተማ ዝፍፀም ገበን ክትራንን ስርቅን ነታ ከተማ ጥራሕ ዘይኮነስ ምስሊ ክልልናን ክብርና ዘጥፍእን ተኣናፍን ስለዝኾነ ብወገን ኣካላት ፀጥታን ፍትሕን ንገበነኛታት መምህሪ ስጉምቲ ንም ሃብ ይሰርሕ ከምዘሎ ኣፍሊጦም።

ቫይረስ ኮሮና ንምምካት እውን ኣካላት ፀጥታ እቲ ከተማ ምስ ዝልምከቶም ኣካላት ብምትሕብባር፣ ሽፈራት ዓበይቲ መካይን ናብቲ ከተማ ክኣትዉ ከለዉ ኣድላይ ዘይኮነ ኣካላዊ ምትንኻፍ ንከይገብሩ ሓለዋ ከምዝግበረሎም ምስሓበሩ። ሎሚ ኣብ እንዳ መስተ፣ ቡንን ሻህን፣ ኣብያተ ፀሎትን ሓዘንን ህዝቢ ኣድላይ ዘይኮነ ምቕርራብ የርኢ ብምህላዉ፣ እዚ ኣብ ህዝቢ ሓደጋ ከየስዐበ ደው ክብል ከምዘለዎን ህዝቢ ኣክሱምን ካሊእን ምርሕሓቕ ንሂወቱ ወሳኒ ምዃኑ ብምግንዛብ ማሕበራዊ ርሕቐቱ ንክሕሉ ፀዊዖም።

ገለ ነበርቲ እቲ ከተማ ብወገኖም እቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝርኣይ ዝነበረ ገበን ክሳድ ምዕፃው ሎሚ ዓመት ከምዘይተርኣየ ብምግላፅ፣ ኮይኑ ግና ሓለሓሊፎም ገበነኛታት ዋላ ኣየምልጡ ስርቂ ሞባ ይል ይረኣይ ስለዘሎ እዚ እውን ቀልጢፉ ደው ንክብል ክሰርሐሉ ከምዘለዎ ገሊፆም።

ልሳነ ጥበብ
ትሕዝቶታት ኪነ ጥበብን ስራሕቲ ከየንትን ዘተኣናግድ መደብ



ገዳም መድሃኒኣለም ዓዲ ቆሾ

# ትግራይ ብዓይኒ ሃወፅቲ

ብመስፍን ገ/ትንሳኤ

### እንዳማርያም ድንግለት

ኣብ ከባቢ ዕዳጋ ሓሙስ ዝርከብ እንዳማርያም ድንግለት ዝባሃል ኣብ ቀረባ እዋን ዝተላለየ ገዳም እዩ። እዚ ገዳም ልክዕ ካብቶም ልዕል ኢሎም ክግለፁ ዝፀንሑ ገዳይም ገዳማት ሓደ እዩ። ኣብ ራብዓይ ክፍለ ዘበን ውሕሉል ኪነ ጥበባዊ ኢድ ዓሪፍዎ ዝተሃነፀ ምዃኑ ዓይኒ በፃሕቲ ዓሪፉዎ ኣሎ።

ካብ 4ይ ክፍለ ዘበን ጀሚሩ፣ ግልጋሎት እናሃበ ፀኒሑ። ኣብ ሓደ ብርኪ ዘበን ምስ በፅሐ ግና ቦካር ተፈጥራዊ መደያይቦኡ (ኦርጅናል) ሓደጋ ስብራት ኣጓኒፍዎ። ስለዚ ንኣስታት ኣርባዕተ ሚእቲ ዓመታት ካብ ግልጋሎት ወፃኢ ዘበናት ተሳጊሩ።

እዚ ገዳም ክፅገን በቲ ከባቢ ሕ/ሰብን መራሕቲ ሃይማኖትን እናተሓተተ ፀኒሑ። ስለዚ ዝምልከቶ ኣካል፣ ፈለማ ነቲ ከባቢ ሕብረተሰብ ኣብ ቀረብኡ ኮይኑ ሃይማኖታዊ ግልጋሎት ክረክብ ዝሕግዝ ምዃኑ ኣብ ምትእምማን ተበፂሑ።

ብዋናነት ካዓ ኣድላይነት ኢኮኖምያዊ ረብሕኡ ተራእዩ። እቲ መደያይቦኡ ተሰይሩ ዝፀንሐ ገዳም፣ ብሓገዝ ክልላዊ መንግስቲ ተፀጊኑ፣ ሕዚ ሃይማኖታዊ ግልጋሎቱ ኣብ ምስላጥ ይርከብ። ስለዚ መስሕብ በፃሕቲ ገዳማት ክልልና ኣዝየን ተሃረፍትን ብናይ ደገ ኣካላት ዝናኣዳን ምዃነን ኣገንዚቡ።

### መድሃኒ-ኣለም ዓዲ ቆሾ

ብኣሰራርሓ ኪነ ህንፀኡ ኣዝዩ ዝናኣድ ውቕር ቤተ ክርስትያን መድሃኒኣለም ዓዶ ቆሾ፣ ካብ መቐለ ንዓድግራት ዝወስድ ፅርግያ 64 ኪሎ ሜትሮ ምስ ተጓዓዝካ ንየማን ዕፅፍ ኢልካ ይርከብ። እዚ ቤተ ክርስትያን ቅድሚት ገፅትኡ ንሰሜን ምዕራብ ኣንፈት ይጥምት። መእተዊ ልዳቱ እውን ንሰሜን ምዕራብ ይጥምት።

ብደገ እንትረአ ኣርባዕተ ዓምድታት ብፍሉይ ጥበብ ዝተሰርሑ ናይ ሳዕሪ ገዛ ዘለዎ ቆርቆሮ ተሰኪሞም ይረአዩ። ኣብ ማእኸል ዓምድታት ዝተሰርሐ በሪ ንውሽጢ እንክትኣቱ ማህሌት ቅኔ ትረክብ።



መስጊድ ኣልነጃሺ

እቲ ማህሌት ቅኔ ብኣንፈት ሰሜን ምዕራብ ዓምድታት ማእኸል ዝተሰርሐ መንደቕ ብምብራቕ፣ ደቡብ፣ ሰሜን ናብ ቅድስቲ ዘእቱ መንደቕ ዝሓፀሮ፣ ፀቢብ ክፍሊ ኮይኑ ግና ነዊሕ እዩ።

ኣብቲ ክፍሊ ብፍላይ ቆርቆሮ ዝረኣዩ ቅርፅታት መስቀልን ሓረግን ኣብ ቅድስቲ ውሽጢ ዝርከቡ ኣዝዮም ዝወቀቡ ክፍልታት ስነ ህንፃ የመላኽት።

ናብ ቅድስቲ መቕደስ ዝወስድ ብርሃን ዘእቱ በርን መስኮትን ብዕንፀይትታት ኣክሱማውያን ዝተ ሰርሑ እዮም።

ፓኪ ሄንዚ ዝተብሃለ ፀሓፊ ስለ እቲ ቤተ ክርስትያን እንተብራህርህ፣ "ኣሰራርሓ ህንፃ እቲ ቤተ ክርስትያን ኣዝዩ መሳጢ ዝገብሮ፣ ብጥበብ ኣሰራርሓ ኣክሱማውያን ዝተሰርሐ በርን መስኮትን ብዓበይቲ ዕንፀይቲ ዝተሰርሐ ፍሬም ተወቂቡ ስለ ዝረኣይ" እዩ ኢሉ።

ውሽጣዊ ህንፃ ኪነ ጥበብ መድሃኒ ኣለም ዓዲ ቖሾ ኣዝዩ ዝምስጥ እዩ። ኣብቲ ውሽጢ ኣርባዕተ ዓበይቲ ዓምድታት ይርከቡ። ቆርቆሮ እቲ ክፍሊ ድማ ብዝተፈላለዩ ዲዛይናት መዝቀል ዘግየፀ እዩ። ከምዚ ዓይነት ጥበብ ኣብ ካልኦት ኣብያተ ክርስትያን ክትረክብ ኣፀጋሚ እዩ።

### መስጊድ ኣልነጃሺ

ነጋሽ ካብ መቐለ ናብ ዓድግራት ኣብ ዝወስድ መንገዲ 60 ኪሎ ሜትሮ ርሒቓ፣ ኣብ ዝባን ጎቦ ትርከብ ንእሽተይ ከተማ እያ። ታሪክ ነጋሽ ካብ ሻብዓይ ክፍለ ዘበን ይነቅል። ሰዓብቲ ነብዪ ማሓመድ ዕቑባ ንምርካብ፣ ከም ኣቆፃፅራ ፈረንጂ ብ615 ብማካ መዲና ኣቢሎም ብክልተ ጉዕዞ /ሕጅራ/ ናብ ትግራይ ኣትዮም። ፈለማ ዝመፅኡ ሓሙሽተ ደቂ ኣንስትዮ ዝርከበኦም 16 እዮም።

በቲ ካልኣይ ጉዕዞ /ሕጅራ/ ዝመፅኡ ድማ 18 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከበኦም 101 ሳዓብቲ ነብዪ ማሓመድ እዮም። ሩቅያ እትባሃል ካብተን ደቂ ኣንስትዮ ሓንቲ ጓል ነብዪ ማሓመድ ምዃና ይዝረብ። ነጋሽ ፈለምቲ ሳዓብቲ ነብዪ ማሓመድ እምነቶም እንከይተሸቑረሩ ብናፃ ዘሰጎሙላ፣ ዝተቐበሩላን ኣብ ታሪክ ዓብዪ ቦታ ዝተውሃባ ቅድስቲ ስፍራ እያ።

# ኣሰር

ብሉፅ ተሞክሮን ምህዞን ፍሉጣት ሰባት ብምትእንጋድ
ካልኦት ኣሰሮም ንኽስዕቡ ዝሰናዳእ ዓምዲ

# ድጅታል ቤተ መፃሕፍቲ

**ብተሻለ ገ/እግዝኣብሄር**

ወድሰብ ምስቶም ሕዚ ዝረኽቦም ውፅኢታት ቴክኖሎጂ ቅድሚ ምልላዩ ቀስ እናበለ ብብዙሕ ጥበብን ፍልጠትን ንምርካብ ብርክታት ሓሊፉ እዩ፡፡ ካብ ስልጣነታቱ ሓደ ዝኾነ ተግባር ምፍጣር ፊደል ክጅምር እንተሎ ፣ ሕድሕድ መታኣታተዊ መልእኽቲ መማሓላለፊ መንገድን ኮይኑ ክሳብ ሕዚ እናዓበየን እናሰፍሐን ኣብቲ ሎሚ በፂሑዎ ዘሎ ብርኪ ክበፅሕ ኪኢሉ፡፡ መፃሕፍቲ ካብ ምፍጣር ፊደላት ስዒቦም ንመፃኢ ወለዶ ፍልጠትን ጥበብን ምምሕልላፍ ጥቕሚ እናሃቡ ዝመፁን ዘለዉን እዮም፡፡

ሳይንስን ቴክኖሎጅን ክነንብብ ዝረኽብናዮ ዝስዕብ ቁምነገር ክነካፍለኩም፡፡

ቤተ መፅሓፍቲ ኣብ ዓለም ካብ ዝፍለጥ ዝፀንሐ እንተኾነ እውን፣ "ብዘመናዊ ኢንፎርማሽን ቴክኖሎጂ" ዝተሓገዘ ስራሕቲ ምውዳብ ግና ድሒሩ ዝተጀመረ እዩ፡፡ ቤተ-መፅሓፍቲ ዓብዪ ዓቕሚ ምኽዛን ብዘለዎም ኮምፒተራት ብምውዳብ ሰባት ኣብ ዘለውዎ ኮይኖም ከንብብዎም ምግባር ኣብ ብዙሓት ሃገራት ተጀሚሩ እዩ፡፡ ካብ 1990ታት ጀሚሩ ፅንሰ ሓሳብ ድጅታል ቤተ-መፃሓፍቲ ኣብ ዓለምና ክፍጠር ኪኢሉ እዩ፡፡

ዝተቐመጡ ሰነዳት ፣ መፃሕፍቲ፣ መፅሄታት ወይ ጋዜጣታት ፣ እኽብካብ ድምፅን ምስልታትን፣ ብኻልእ መልክዕ ዝተቐመጡ መረዳእታታት ብኤሌክትሮኒክስ መንገዲ ቐይሩ ንምፍታሹ ብዝቐለለን ብዝጠዓመን ተኣኪቡ ዝቕመጠሉ ኣገባብ ድጅታል ቤተ-መፃሕፍቲ ይበሃል፡፡ መብዛሕትኡ ግዜ ኢንተርኔት ቴክኖሎጂ ስለዝጥቀም ዝኾነ ሰብ ኮምፒተር፣ ሞባይልን ኮልኦት ቴክኖሎጅታትን ብምጥቃም ኣብ ዘለዎ ቦታ ኮይኑ ግልጋሎት ክረክብ ዘኽእል ሜላ ኣጠቃቕማ ቤተ-መፃሕፍቲ እዩ፡፡ ቤተ መፃሕፍቲ ግልጋሎት ንምጥቃም ግድን ብኣካል ምርካብ ኣይሓትትን፡፡

ካልእ ረብሓ ድጅታል ቤተ መፃሕፍቲ ሓደ መፅሓፍ ብሓደ ግዜ ንብዙሓት ሰባት ተበፃሒ ክኸውን ዝኽእል ምኳኑ እዩ፡፡ ሕፅረት መፃሕፍቲ ድማ ይፈትሕ እዩ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ መፃሕፍቲ ብጉድለት ኣተሓሕዛን ብምፍሕፋሕን ጉድኣት ከይበፅሖም ይሕግዝ፡፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክመሓላለፍ ዝግብኦ ታሪኽን ሃፍትን ናብ ኮምፒተር ስርዓት ብምእታውን ብምቕማጥ ከይጠፍኡን ከይሃሱን የድሕን፡፡

ብሓፈሻ ድጅታል ቤተ መፃሕፍቲ እቶም ልዕል ክብሉ ዝተገለፁ ማሕለኻታት ካብ ምፍታሕ ሓሊፉ መፃሕፍቲ ኣብ ዝኾነ ቦታን ግዜን ተበፃሒ ምግባር ፣ /ማልቲ ሚድያ/ ብዙሓ ፅሑፋት ፣ ድምፂ፣ ምስሊ፣ ተንቀሳቓሲ ምስሊ ፣ ሕውስዋስ ትሕዝቶ ዘለዎም መረዳእታታት ብሓደ እከብ ኣቢሉ ዘቕምጥን ዘርእን ብምኳኑ፣ መረዳእታታት በቢክፍለ-ፍልጠቶም ክርከ ብሉ ዝኽእሉ፣ ብቐሊል መንገዲ ብዙሕ መረዳእታ ዝቕመጠሉ፣ ብሉፅ መማረፅን ወፃኢ ቆጣብን ውፅኢት ቴክኖሎጂ እዩ፡፡

ይኹን እምበር መረዳእታ ኣብ ዝተደለየሉ እዋን እውን ምርካቡ ኣፀጋሚ ዝኾነሉ ኣጋጣሚ ነይሩ፡፡ ነቲ ፀገም ንምፍታሕ ብሕታውን ትኽክ ለኛን መማረፂ ድጅታላይዘሽን መረዳእታ ነይሩ፡፡ ብምኳኑ ድማ እቲ ፀገም ኣብቲ እዋን ንዝነበሩ ኪኢላታት ሜላ መረዳእታ ድጅታል ቤተ-መፃሕፍቲ ብተግባር ንምዕዋት ክረባረቡ ከም ቀንዲ መለዓዓሊ ከምዝኾኖም ይጥቀስ፡፡

ካልኣይ ምኽንያት ካብ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሕብረተሰብ ዝተልዓለ ዘበናዊ መረዳእታ ኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን ድሌት ብምንባሩ እዩ፡፡ ኣብ መፈለምታ 1990ታት መሐተምቲ ዘሐተምዎም ብዙሓት ውፅኢታት ሕትመት ኣብ ዝተጠናኸረን ዘበናዊ ድጅታል ቤተ-መፃሕፍቲ ውሽጢ ምቕማጥ ልዑል ድሌት ብምርኣዮም ካልእ ተወሳኺ መለዓዓሊ ምኽንያት ከምዝኾነ ይእመን፡፡

ስለዚ ድጅታል ቤተ- መፃሕፍቲ ኢንተርኔት ስለዝጥቀም ዝኾነ ሰብ ኮምፒውተር፣ ሞባይልን ካልእ ቴክኖሎጅታትን ብምጥቃም ኣብ ዘለዎ ቦታ ኮይኑ ግልጋሎት ካብ ምሃብ ብተወሳኺ ሓደ መፅሓፍ ብሓደ ግዜ ንብዙሓት ሰባት ተበፃሒ ንክኸውን ዘኽእል እውን እዩ፡፡ ሕፅረት መፃሕፍቲ ካብ ምፍታሕ ሓሊፉ ኣብቶም መፃሕፍቲ ክበፅሕ ንዝኽእል ፀገም እውን ክቕንስ ይኽእል ፡፡



ነዚ ድማ እዩ ኣያታትና ቀለም በፅቢፆም፣ ብራና ድሂፆም፣ ዘለዎም ፍልጠት ብምፅሓፍ ብመፃሕፍቲ ኣቢሎም ንተተካኢ ወለዶ እናማሓላለፉ ዝፀንሑን ዘለዉን፡፡

ግዜ ሓሊፉ ግዜ እንትትካእ መፃሕፍቲ ንነዊሕ ግዜ ንምፅናሕን ንመንበብቲ ተበፃሒ ንምግባርን ቤተ-መፃሕፍቲ ተሰሪሖም ግልጋሎት ምሃብ ካብ ዝጅምሩ ዘመናት ሓሊፎም፡፡ ጆርጅ ሊዊስ ዝተባሃለ ምሁር "ኣነ ቤተ መፃሕፍቲ ማለት ከም ሰማያዊ ገነት እየ ዝሓስቦ" ይብል፡፡ ኣበሃህልኡ ዝተጋነነ እኳ እንተኾነ፣ ቤተ-መፃሕፍቲ ንደቂ ሰባት ካብ ዝህቦም በረከታት ኣንፃር እንትርአ ግና ዝሓሸ መነፃፀሪ ከም ዝኾነ ምውሳድ ይካኣል እዩ፡፡ ኣብ ጥንቲ እዋን ቤተ-መፃሕፍቲ ኣብ ሃገርና ዘይፍለጥ ዝነበረ እንተኾነ እውን ከም ገዳማትን መስጊዳትን ዝበሉ ኣብያተ እምነታት ዘለዎም ሃይማኖታውን ዓለማውን ፍልጠታት ንመፃኢ ትውልዲ የቐምጡ ከም ዝነበሩ ጭቡጥ ሓቂ እዩ፡፡

እቶም ሃይማኖታዊ ትካላት ዝኣከብዎ ኣዝዩ ብዙሕ ዝኾነ ፍልጠትን ታሪኽን ናብ መፃኢ ወለዶ ከም ዘለዎ ንምትሕልላፍ ፈተና ዝኾኑዎም ነገራት ሓደ እኹል ክንክንን ሓለዋን ዘይተገበረሎም ምንባሮም እንትኸውን ፤ በዚ ምኽንያት ድማ ሎሚ ደጊምና ክንረኽቦም ዘይንኽእል ብዙሓት ጥበባት ተሳኢኖም እዮም፡፡ ነቲ ፀገም ሓሊፎም ዝርከቡ እንተሃለው እውን እቶም ቅርስታት ካብ ህዝቢ ሪሒቖም ስለዝርከቡ ብቐሊሉ ተበፃሕቲ ክኾኑ ኣይኽእሉን፡፡ እምብኣርከስ ነዞም ከምዚኦም ዝበሉ ፀገማት መፍትሒ ዝኸውን ተመኩሮ ካብ መፅሄት

ኣብ ጥንቲ ዝፍለጥ ስፍሕ ዝበሉ ክፍልታት ብምምራፅ መደርደሪ መፅሓፍቲ ዝጥቀምሉ ወይ ዝርዕርዕሉ ቤተ-መፃሕፍቲ ጎኒ ንጎኒ ቅርፁን መልክዑን እናተቐያየረ ምቕፃሉ ይፍለጥ፡፡ ይኹን እምበር ከምዚ ዓይነት ቤተ- መፃሕፍቲ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ግድፈታት ኣለዎ፡፡

ካብቶም ግድፈታት ዝበሃሉ ንምጥቃስ መፃሕፍቲ ንምንባብ ግድን ብኣካል ምርካብ ይሓትት፡፡ እዚ ድማ ካብ ቤተ- መፃሕፍቲ ሪሒቖም ንዝርከቡ ኣንበብቲ ተበፃሕነቱ ይቕንስ እዩ፡፡ ሓደ መፃሕፍ ብሓደ ግዜ ካብ ሓደ ሰብ ንላዕሊ ተነባቢ ክኸውን ኣይኽእልን፡ ፡ መፃሕፍቲ ካብ ጥንቃቐ ጉድለት ናይ ምብልሻው ዕድሎም ሰፊሕ እዩ፡፡ ኣብ ዘይዓበዩ ሃገራት ቤተ-መፃሕፍቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ንምብፃሕ ውስ ንነት ዓቕሚ ምህላውን እቶም ቀንዲ እዮም፡፡

እዚኦምን ካልኦት ተመሳሰልቲ ፀገማትን ንምፍታሕ ምስ ምዕባይ ኢንተርኔት ቴክኖሎጂ ተታሓሒዙ ድጅታል ቤተ መፃሕፍቲ ብስፍሓት ክፍለጥ ጀሚሩ፡፡

መፃሕፍቲ ዓብዪ መኽዘን መረዳእታ ብዘለዎም ኮምፒተራት ብምውዳብ ሰባት ኣብ ዘለውዎ ቦታ ኮይኖም ከንብብዎም ዝኽእልሎም መንገድታት ድጅታል ቤተ መፅሓፍቲ ኣብ ሃገርና ዋላ ብዙሕ ዘይተስፋሕፍሐን ዘይተለመደን ይኹን ኣብ ካልኦት ብዙሓት ሃገራት እናተለመደን ጠቓምነቱ እናተፈለጠን እዩ፡፡

መለለይን ዓበይቲ ረብሓታትን ድጅታል ቤተ መፃሕፍቲ እንትንርኢ ድማ ብዝተፈላለየ መልክዕ



ንድጅታል ቤተ- መፃሕፍቲ ግሁድ ንምኳን ዝተፈላለዩ መለዓዓልቲ ምኽንያታት ይጥቀሱ እዮም፡ ፡ ኣብ መፈለምታ 1990ታት ድጅታል ቤተ- መፃሕፍቲ ጋህዲ ንምኳን ክልተ መሰረታዊ ክያዶታት ጎሊሆም ዝጥቀሱ ኣለዉ፡፡ ሓደ መረዳእታ ብሓፂር ግዜ ንም ርካብ ድሌት ኣብ ሕብረተሰብ ብዝለዓለ ደረጃ ምው ሳኹ እዩ፡፡ ኣብቲ እዋን ኣድላይነት መረዳእታ ካብ ዝኾነ እዋን ካብ ምውሳኹ ብዝዘለለ ኣብ ኢድ ዝርከብ በዝሒ መረዳእታ ብእኡ ልክዕ ልዑል ነይሩ፡፡

ብሓፈሻ እዚ ቴክኖሎጂ ኣብ ቤተ-መፃሕፍቲ ክበፅሑ ዝኽእሉ ርኡያት ማሕለኻታት ካብ ምፍታሕ ብተወሰኺ መፃሕፍቲ ኣብ ዝኾነ ቦታን ግዜን ተበፃሒ ዝገብር ውፅኢት ቴክኖሎጂ ብም ኳኑ ኣብ ዓድና እውን ክልመድን ክጋፉሕ ኣለዎ መልእኽትና እዩ፡፡

# ሕብርን ፅባቐን ገዛና...

**ብመስፍን ገ/ትንሳኤ**

ጓሓፍን ርስሓትን ዝመስልዎ ጠንቂ ጥዕና የለን።ፅሬትን ኣትክልትን ዝመስልዎ ቀሊብ ጥዕና ኣይርከብን።ጓሓፍን ርስሓትን ፅሬትን ኣትክልትን ኣብ ምዕባለን ድሕረትን ሓደ ከባብን ሃገርና ወሳናይ ግደ ይፃወት።ፅሬትን ርስሓትን ቀንዲ መዐቀኒ ከተማ ተባሂሎም ካብ ዝውሰዱ ረቛሒታት ኢልካ ክግለፅ ይካኣል።

ፅሬት ማለት ጥዕና እንትኸውን ኣትክልቲ ማለት ሂወት እንተበልካ ዝውሕዶ ኣይኮነን።ከተማ መቐለ እንተወሲድካ ፅርይትን ምዕርግትን ንኽትኮን ሰለም ከየበሉ ኣብ ምፅዓር ካብ ዝርከቡ ትካላት፣ መደብ ሴፍትኔት ከተማ ምልዓል ይካኣል።

ኣብ ማእኸል ከተማ መቐለ ውፅእ ኢልና እንተተዓዚብና፣ ፍቖዶ ወሰን ይኹን ማእኸል ፅር ግያታት እንረኽቦም ዕሙራት ኣትክልትን ንፁህ ከባቢን ኢድ መደብ ሴፍትኔት ከም ዝዓረፉ ነስተ ብህል። እስከ ናብ ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ፣ ጣብያ ሃረያ ክንወስደኩም።

ወይዘሮ ፅጌ ሃይሉ፣ ነባርነታ ኣብ ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ፣ ጣብያ ሃረያ ኮይኑ፣ ኣብ መደብ ሰሪሕኻ ንምግቢ ኣባል እያ። ኣብቲ መደብ ካብ ትሕቆፍ ሓደ ክልተ ዓመት መሊኡዋ ኣሎ።እስኪ ዝተረፈ ካብ ልሳና ንመልኣዮ።

«ፅሩይ ከባቢ ምውናን ጥዕና ጥራሕ ከይኮነ ምዕሩግን ምዕቡልን ከባቢ ምውናን እውን ዓብዪ ዕድል እዩ። እቲ ስራሕ ፈለማ ንባዕልና ዝረብሕ እዩ። ስለዚ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣትክልቲ ንኹስኹስ ጥራሕ ዘይኮነ ማይ እውን ነስትዮ።

ንዓቕመ ገረብ ክሳዕ ዝበፅሕ እናተመላለስና ንሕብሕቦን ንከታተሎን። ምስኡ ድማ ካብ ዝተፈላለዩ ጓሓፍን ርስሓትን ነፃ ዝኾነ ከባቢ ንምውናና ዓቕምና ዘፍቀዶ ስራሕቲ ንዓምም። ምኽንያቱ እዚ ስራሕ እዚ ንኹሉ ነባሪ ሕ/ሰብ ኣድላይነት ኣለዎ።

ስለዚ ከምቲ ኣብ ሕድሕድ ገጠራት ክልልና ዝስራሕ ናይ 40 ማዓልቲ ነፃ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ኣብ ኩለን ከተማታት ትግራይ እውን ዝተወሰኑ ማዓልታት መዲብካ እንተዝስራሕ ነዚ ዝቃወም ሰብ ይህሉ ኢለ ኣይወስድን።

ዘይሩ ዘይሩ ኣነ ብክልተ ዕያል ናብ ስራሕ ወፊረ ናብ ከባቢ ብር 6 ሚእቲ ይኽፈለኒ።ንሓደ ሰብ ብር 375 ሕሳብ ማለት እዩ።ካብዚ ብር 175 ይቑረፅ ማለት እዩ።ግና ሓቂ ንምዝርራብ እዚ ክፍሊት ምስ ዝወሃበና ስራሕ እንትነፃፀር፣ ኣዝዩ ይውሕድ እዩ» ክትብል ሓሳባ ዝኸምበተት ወይዘሮ ፅጌ ሃይሉ እያ።

ካልእ ኣብ ተመሳሳሊ ክፍለ ከተማን ጣብያን ኣብ መደብ ሴፍቲኔት ተሓቑፋ ክትጥቀም ዝረኸብናያ ወይዘሮ ኣብረሀት መረሳ እያ።እስከ



ተጠቃሚት መደብ ሴፍቲኔት ወይዘሮ ፅጌ ሃይሉ

ንከታተላ «ኣነ ብሽም ሰለስተ ዕያል ሰሪሐ ዝርባሕ ኣካል እቲ መደብ እየ።

ስራሕ ዝምልከት ኣትክልቲ እናኾስኮስና፣ ማይ እናስተና ፍሉይ ክትትል ንገብረሉ።እግሩ እግሩ ካብ ዝተፈላለዩ ጓሓፍን ርስሓትን ነፃ ዝኾነ ክፍለ ከተማ ንምውናን ኣንጊህና ተላዒልና ዝዓቕምና ንምስራሕ ቅንዕ ድፍእ ንብል ኢና።

ካልእ ኣድላይነት እዚ ስራሕ ዘጠራጥር ኣይብሉን። ‘ዓይኒ እንታይ ድራራ’ ከም ዝባሃል፣ ፅሩይ ከባቢ ክትርኢ፣ ጥዕና ካብ ምኧኑ ሓሊፉ ንዓይንኻ ኣዕጊቡ ባህታ ዝፈጥር ተርእዮ ምኧኑ ዝስሕቶ ኣካል ዘሎ ኣይመስለንን።

ስለዚ እዚ ወፍሪ ማዓልታት ወሲንካ፣ ብጥርሑ ዝስረሓሉ ኩነታት እንተዝጅመር ህዝቢ እውን ዝድግፎ ቅዱስ ተግባር እዩ፡፡»

ባዓል ሞያ መደብ ሰሪሕኻ ንምግቢ ኣብ ክልተ ጣብያ ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ ኣይተ ካሱ ሃይሉ ብወገኑ «ኣብ ጣብያ ሃረያ ሰለስተ ደቂ ኣንስትዮ ዝርከበኦም 69 መራሕቲ ስድራ ወይ ድማ ኣስታት 131 ዕያል ይርከቡ።

ርስሓት ይኹን ጓሓፍ ኣብ ምፅራይ፣ ኣብ ኮስኳስ ኣትክልቲ፣ ማይ ምስታይን ክንክንን ይሰርሑ።ካብ ሓደ ክሳዕ ኣርባዕተ ዕያል ኣብቲ ስራሕ ክሳተፉ ይፍቀደሎም።ኮይኑ ግና እቲም ተሓቆፍቲ ሴፍቲ ኔት እዚ ክፍሊት ኣዝዩ ዝውሕድ ምኧኑ ወግሐ ፀብሐ ሕቶ የቕርቡ እዮም።

ብወገንና ካዓ ሕቶኦም ተቐቢልና ናብ ዝምልከቶም ኣካላት ነቕርብ ኢና። ትዋሃበና መልሲ ግና ሓንትን ንሳን ጥራሕ እያ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ትካል ባንኪ ዓለም ዝኣተዎ ውዕሊ ኣሎ። በቲ ሕዚ ንተጠቀምቲ ዝዋሃቦም ዘሎ መቑነን ስለ ዝተሰማምዑ እዩ፡፡

ስለዚ ናብቲ ብፅሒት ዝውሰኽ ካልእ ክፍሊት ከም ዘይህሉ ደጋጊምም እናገለፁ መፂኦም እዮም።ኣንሕና ብወገንና ነቲ መልሲ ተቐቢልና፣ እቲ ኣብቲ መደብ ተጠቃሚ ዝኾነ ሕ/ሰብ ክፈልጦ ይግበር እዩ» ይብል ኣይተ ካሱ፡፡

ኣብ መወዳእታ እቲ ስራሕ ክብደቱ ርኢኻ ነቲ ውሑድ ክፍሊት ዳግም ለበዋ ክግበረሉ ዝምልከቶ ኣካል ክፅዕር ይግባእ።ምስኡ ከምቲ ኣብ ገጠራት ክልልና ዝስራሕ ናይ 40 ማዓልቲ ነፃ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን፣ ኣብ ኩለን ከተማታት ትግራይ ዝተወሰኑ ማዓልታት መዲብካ ሕብርን ፅባቐን ገዛና እንተዝሳለጥ ኣይምሸፍኣን እናበልና መደብና ንዛዝም።



ኣብ ገለ ክፋል ከተማ መቐለ ብተጠቀምቲ ሴፍትኔት ክንክን ዝግበረሉ ኣሳውሕ

**ካብ ገፅ 13 ዝዞረ ...**

ኸሳሲ ፓዎርቡሉ ናይል ኤሌክትሪክን ሽቦን ኬብልን ፋብርካ፣ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ገ/ሴላሴ ገ/ሂወት ገ/የሱስ መንጎ ብዘሎ ናይ ገንዘብ ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 10/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኻኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ገበን መጋባእያ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሰስቲ፡-1 ህፃን ኣከሱማዊት ገ/ማርያም
2 ኣይተ ኣስመላሽ ገ/ማርያም

ኣፈ/ተኸሰስቲ፡-1 ወ/ሮ ፅጌሃና ገ/ማርያም፣ 2 ወ/ሮ ርሻን ገ/ማርያም 3 ወ/ሮ ፀጋ ገ/ማርያም፣4 ወ/ሮ ኢተነሽ ገ/ማርያም፣5 ኣይተ ኣማኒኤል ገ/ማርያም፣ 6 ኣይተ ቢንያም ገ/ማርያም ኣብ መንጎ ብዘሎ ብናይ ኣፈፃፀም ክትዕ ጉዳይ ኣመልኪቱ ብሽም ኣፈ/ኸሰስትን ኣፈ/ተኸሰስትን ዝፍለጥ ኣብ ክ/ከ/ዓይደር ጣብያ ጉንበት 20 ቀጠና 5 ዝርከብ መዋሰኒኡ ፣ብምብራቕ-p107፣ ብምዕራብ፣መንገዲ ብሰሜን -ፕሎት A፣ ብደቡብ B ስፍሓቱ 181.5 ሜ/ካሬ ዝኾነ ገዛን ቦታን ብመበገሲ ዋጋ ጨረታ 570,539.39/ ሓሙሽተ ሚእትን ሰብ ዓን ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ሳላሳን ትሽዓተን ብር ነጥቢ ሳላሳን ትሽዓተን ሳንትምን/ንክጫረት ስለዝኾነ ከጫረት ዝደሊ ሰብ ኣብቲ ገዛን ቦታን ዝርከቦ ቐሪቡ ንክጫረት ጨረታ መሸነፋይ ናይቲ ዘሸነፎ መጨን ገንዘብ 25% ሽው ንሽው ናብ ባንኪ ኣታዊ ዝገብርን ወይ ዘትሕዝ ምዃኑ ፈሊጡ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ጠቕሊሉ ዝኸፍል ወይ ኣታዊ ዝገብርን ወይ ዘትሕዝ ምዃኑ ፈሊጡ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ጠቕሊሉ ዝኸፍል ወይ ኣታዊ ዝገብርን ሽም መዘዋወሪ ዝኸፍልን ሰብ ክጫረት ዝደሊኣብቲ ገዛን ቦታን ቐሪቡ ንዕለት 04/12/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ 6፡00 ናይ ቀተሪ ቀሪቡ ንክጫረት ዞባ መቀለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሰስቲ፡-1 ወ/ሮ ቅሳነት የማነ፣2 ወ/ሮ ኣብርሀት ገ/ሄር ፣ 3 ወ/ሮ ነፃነት ታፈሰ ፣4 ወ/ሮ ዙፋን ግርማይ፣5 ወ/ሮ ሂወት ኣርኣያ ፣6 ወ/ሮ ሃርያ ፀጋይ ፣7 ወ/ሮ ፉፁም ኪሮስ ፣8 ወ/ሮ ኣበባ ግርማይ፣ 9 ወ/ሮ መርሃዊት ሓጎስ፣ 10 ወ/ረሮ ሳባ ብርሃነ ፣11 ወ/ሮ ክንዳሓፍቲ ተስፋይ፡12 ወ/ሮ ለተምካኤል በርሀ ፣

ተኸሳሲ፡-ኣይተ ፀጋይ ወለዱ ኣድራሻ ከተማ መቐለ ክ/ከተማ ሰሜን ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ሕብረት ሽርኪና ማሕበር ክርክር ተኸሳሲ ካብ ማሕበር የሰረዘልና ዝብል ሕቶ ተኸሳሲ ኣብ ኣድራሻኹም ክትርከቡ ስለዘይኻኣልኩም ነዚ መፀዋዕታ ሪኢኹም ንዕለት 10/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንኽትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከም ዝረአ ክ/ከተማ ሰሜን ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ**
**ክ/ከተማ ሰሜን ምድብ መጋባእያ**

## ዞባ ደ/ምብራቕ

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ሕሉፍ መሓሪ ታደለ ኣድረሻ ወረዳ ሕ/ወጀራት ጣ/ዓድጉዶም ቀጠና 03 ብዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ኣካል ምጉዳል ገበን ክሲ ኣብ ቖፀር ዕለት 22/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡30 ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ዓድጉደም ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝርአ ምኻኑ ንክትፈ ልጡ ቤት ፍርዲ ዓድጉደም ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ዓድጉደም**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ን/ወ/ወጀራት፣ ተኸሳሲ ኣይተ ኣብርሃ ወ/ገርግስ ተኽሉ ኣድረሻ ወረዳ ሕ/ወጀራት ጣብያ ገንቲ ብዝተኸሰስኩምሉ ምስ ትሕቲ ዕድመ ርክብ ግብረ ስጋ ገበን ክሲ ኣብ ቖፀር ዕለት 03/11/ 2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ወጀ ራት ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተ ዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝርአ ምኻኑ ንክትፈልጡ ቤት ፍርዲ ወጀራት ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ቤት**
**ፍርዲ ወጀራት**

ኸሳሲ እን/ወረዳ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ፀጋይ ሓጎስ ሃይለ ኣድራሻ ወረዳ እንደርታ ጣብያ ድድባ ቑሸት ማይቓያሕ ሞንጎ ንዘሎ ናይ ትሕቲ ዕድመ ርክብ ምፍፃም ገበን ተኸሳሲ ኣብ ቆፀሮ ዕለት 06/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክቐርቡ እንተዘይቀሪቡ ድማ ብዘየለሉ ከም ዝቅፅል ድድባ ደርጋዓጀን ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ፡፡

**ድድባ ደረጋዓጀን**
**ወረዳ ቤት ፍርዲ**

## ዞባ ደቡብ

መመልከቲ ኣይተ ኣለሙ ኣየለ ጃለ እናተብሃልኹ ይፅዋዕ ናይረ ሐዚ ግና ንሱ ተሪፉ ኣይተ ኣለሙ ጃለ ጋሰ ተባሂለ ንክፅዋዕ ክብል ስለዘመልከቱ ዝቃወም እንተሃልዩ ንዕለት 06/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክቐሪብ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ራያ ዓዘቦ**
**ምድብ መጋባእያ መኾኒ**

ኸሳሲ ቀሺ ሓጎስ ስዩም መረሳ፣ ተኸሳሲ ኣይተ በርሀ ኣባዲ መሰለ ኣ/ሻ ወ/ራ/ዓዘቦ ጣ/ዋርግባ ቁሸት ግራብለ ኣብ መንጎኦም ዘሎ ናይ ጉድኣትን ሞራልን ካሕሳ ጉዳይ ተኸሳሲ ናብ ቤት ፍርዲ ጉዳዮም ቀሪቦም ክካተዑ መፀዋዕታን ክሲን ብኸሳሲ ገይሩ ብኣድራሽኦም ክበፅሖም ብተደጋጋሚ ተኣዚዙ ክርከቡ ሰለዘይኻኣሉ ዝብል ቃለ መሓላ ብኸሳሲ ስለዝቀረበ ንዕለት 10/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ቆፀር ስለዘለኩም ኣብቲ ዝተገለፀ ስዓትን ዕለትን ናብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ምድብ መጋባእያ መኾኒ ንክትቀርቡ ተዘይ ቀሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ምኻኑ ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ራያ ዓዘቦ**
**ምድብ መጋባእያ መኾኒ**

ኸሳሲ ዓቃቢ ሕጊ ወ/ራ/ዓዘቦ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ኪሮስ ሓጎስ ታደሰ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ክትራን ገበን ጉዳይ ንተኸሳሲ ናብ ቤት ፍርዲ ንክቐሪብ በፖሊስ ኣብ ዝነብረሉ ኣድራሻ ብተደጋጋሚ ትእዛዝ ተዋሂቡ ክርከቡ ስለዘይኻኣሉ ኣብ ቤት ፍርዲ ሞኾኒ ንዕለት 7/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቆፀር ስለዘለኩም ኣብቲ ዝተገለፀ ስዓትን ዕለትን ናብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ምድብ መጋባእያ መኾኒ ንክትቀርቡ ተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ምኻኑ ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ራያ ዓዘቦ**
**ምድብ መጋባእያ መኾኒ**

ኸሳሲ ዓቃቢ ሕጊ ወ/ራ/ዓዘቦ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ሓጎስ ተሻለ ሓጎስ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ከ/ኣ/ጉድኣት ገበን ጉዳይ ንተኸሳሲ ናብ ቤት ፍርዲ ንክቐሪብ በፖሊስ ኣብ ዝነብረሉ ኣድራሻ ብተደጋጋሚ ትእዛዝ ተዋሂቡ ክርከቡ ስለዘይኻኣሉ ኣብ ቤት ፍርዲ ሞኾኒ ንዕለት 2/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ቆፀር ስለዘለኩም ኣብቲ ዝተገለፀ ስዓትን ዕለትን ናብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ምድብ መጋባእያ መኾኒ ንክትቀርቡ ተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ምኻኑ ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ራያ ዓዘቦ ምድብ**
**መጋባእያ መኾኒ**

ኸሳሲ ዓቃቢ ሕጊ ወ/ራ/ዓዘቦ፣ ተኸሳሲ ኣሌከሳ ንደር ፈፁም ገ/ስላሴ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ከ/መውቃዕቲ ገበን ጉዳይ ንተኸሳሲ ናብ ቤት ፍርዲ ንክቐሪብ በፖሊስ ኣብ ዝነብረሉ ኣድራሻ ብተደጋጋሚ ትእዛዝ ተዋሂቡ ክርከቡ ስለዘይኻኣሉ ኣብ ቤት ፍርዲ ሞኾኒ ንዕለት 6/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ቆፀር ስለዘለኩም ኣብቲ ዝተገለፀ ስዓትን ዕለትን ናብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ምድብ መጋባእያ መኾኒ ንክትቀርቡ ተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ምኻኑ ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ራያ ዓዘቦ**
**ምድብ መጋባእያ መኾኒ**

ኸሳሲ ዓቃቢ ሕጊ ወ/ራ/ዓዘቦ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ገሰሰ ሃፍቱ ገሰሰ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ከቢድ ኣካል ምጉዳል ገበን ጉዳይ ንተኸሳሲ ናብ ቤት ፍርዲ ንክቐሪብ በፖሊስ ኣብ ዝነብረሉ ኣድራሻ ብተደጋጋሚ ትእዛዝ ተዋሂቡ ክርከቡ ስለዘይኻኣሉ ኣብ ቤት ፍርዲ ሞኾኒ ንዕለት 6/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ቆፀር ስለዘለኩም ኣብቲ ዝተገለፀ ስዓትን ዕለትን ናብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ምድብ መጋባእያ መኾኒ ንክትቀርቡ ተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ምኻኑ ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ራያ ዓዘቦ**
**ምድብ መጋባእያ መኾኒ**

ኸሳሲት መ/ር እንድሓፍቲ ሕሉፍ ንጉስ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ካሕሳይ ኣባዲ ደስታ ኣብ ሞንጎኦም ብዘሎ ናይ ቀለብ ቆለዓ ይምሓየሸለይ ክሲ ብኣድራሻኹም ክትርከቡን ዝትሰርሑሉ ቦታ ክፍለጥ ስለዘይኻኣለ ብመ ሰረት ፍ/ስ/ስ/ሕ/ቁ 105/1/ ንምእዋጅ ስለዝተገደድና ዝቐፅል ቆፀሮ ዕለት 28/11/2012 ዓ/ም ስዓት 3፡00 መልስኹም በፅሑፍ ተዘይኣቕሪብኩም ጉዳይኹም በዘ የለኹምሉ ከምዝርአይ ከተማ ማይጨው ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ ማይጨው ወረዳ**
**ቤት ፍርዲ**

## ዞባ ምብራቕ

ኸሳሲት ወ/ሮ ፃድቃን ገብሩ ገ/ሚካኤል ኣ/ሻ ዓድግራት ቀበሌ 04፣ ተኸሳሲ ኣይተ ፍስሃ በርሀ ወ/ ኣነንያ ኣ/ሻ ዓድግራት ቀበሌ 04

ጣለቃ ኣታዊ ኣይተ ደጀን ለምለም ሃይሉ ኣ/ሻ ዓድግራት ቀበሌ 04

መንጎ ዘሎ ናይ ፍታብሄር ገዛን ቦታን ክርክር ንስኹም ተከሳሲ ብኸሳሲትን ብጣልቃ ኣታዊን ዝቐረ በልኩም ክስን መረዳእታን ንምቅባል ኸሳሲትን ጣልቃ ኣታዊን ኣብ ኣድራሻኹም ኣልሾም ስለ ዝሰኣንኹም በዚ ምልክታ ተፀዊዕኹም ቅድሚ ቆፀሮ ዕለት 09/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ኣብ ዘሎ ግዜ ካብ ከተማ ዓዲግራት ወረዳ ቤት ፍርዲ ፍታብሄር መጋባእያ ወሲድኩም ዘለኩም መልስን መረዳእታን ብእኩል ቅዳሕ ሒዝ ኩም ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳዩ መልሲ ናይምቕራብ መሰልኩም ተሓልፉ ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ክውሰን ምኻኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዓዲ ግራት ወረዳ**
**ቤት ፍርዲ**

መመልከቲ ኣይተ ግርማይ ሓዱሽ ገ/መድህን በዓልቲ ገዛይ ወ/ሮ ማሾ ሃይሉ ገ/መድህን ካብ ወረዳ ክልተ ኣዉላዕሎ ጣብያ ከተማ ኣጉላዕ ዞን ሓደ ንስራሕ ኣለሻ ኢላ ብዕለት 21/5/2010 ዓ/ም ምስወፀት እስካብ ሐዚ ኣበይ ከም ዘላ ክፈልጥ ሰለዘይኻኣልኩ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ይወሃበኒ እሉ ስለዘቕረበ ነዚ ዘቃወም ሰብ እንተሃልዩ ንዕለት 15/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ከምትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግና ናይ ምጥፋእ ውሳነ ዝዋሃብ ምዃኑ ወረዳ ፅራእ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ፅራእ**

ብከሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ዮናስ ፋንታ ኣከቦም ኣድራሻ ዓድግራት ቀበሌ 04 ሞንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ገበን ስርቂ ዝብል ገበን ክሲ ቀሪብልኩም ኣብ ኣድራሻኹም ትኣልሽኩም ስለዝተሳኣንኩም ንዕለት 20/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናብ ወረዳ ጉሎመኸዳ ዛላንበሳ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተብሃለ ሰዓትን ዕለትን እንተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳይኩም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዛላንበሳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**ወረዳ ጉሎ መኸዳ ቤት**
**ፍርዲ ዛላንበሳ**

ከሳሲ ዓ/ሕጊ ወ/ክ/ኣዉላዕሎ፣ ተኸሳሲ ሃለቃ ኣረጋዊ ኣብረሃ ገ/ፃድቓን ኣድራሻ ከተማ ውቕሮ ጣብያ ደደቢት ዞን-1 ንዘተኸሰስኩምሉ ብናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ጉዳይ ንስኹም በዚ ጉዳይ ኣብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ክልተ ኣውላዕሎ ቀፀር ስለዘ ለኩም ንዕለት 7/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ቤት ፍርዲ ወረዳ 2ተ ኣዉላዕሎ ንኽትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝዉሰን ምኻኑ ቤት ፍርዲ ወረዳ 2ተ ኣዉላዕሎ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ክልተ ኣዉላዕሎ ቤት**
**ፍርዲ ምድብ መጋባእያ**

መመልከቲ ሙሉጌታ መብራሀተን ጣሰው ጣብያ ደ/ሰላም ቁሸት ዓ/ዔሎ ፣ ተፀዋዒት ወ/ሮ ንግስቲ ግደይ ገ/ሄር ጣብያ ደ/ሰላም ቁሸት ዓ/ዔሎ ዝተብሃላ ስለ ዝጠፍኣ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ይወሃበኒ ስለ ዝበሉ ዝቃወም እንተሃልዩ ንዕለት 14/12/12 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ሓውዜን ምድብ መጋባእያ ቆላ ግራዓልታ ይቅረብ ክብል ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሓውዜን**
**ምድብ መጋባእያ ቆላ ግራዓልታ**

ኣፈ/ኸሳሲ ኣይተ ብርሃነ ሓዱሽ ኣ/ሻ ወረዳ ጋ/ኣፈሹም ጣብያ በዓቲ ማይ መሳኑ ፣ ኣፈ/ ተኸሳሲ ኣይተ ክፍለ ማርያም ገ/ዮሃንስ ኣ/ሻ ከተማ ዓዲግራት ቀበሌ 04 ዞን 1 ሞንጎ ዘሎ ናይ ፍታብሄር ኣፈፃፀም ክርክር ብኸሳሲ ዝቐረበ ክሲን መረዳእታ ክትቕበሉ ኸሳሲ ኣልሾም ስለ ዝሰኣንኹም ንዕለት 13/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ዓዲግራት ወረዳ ቤት ፍርዲ ቀሪብኩም ክትፍፅሙ ወይ ከዓ ዘይትፍፅምሉ ምኽንያት ሒዝኩም ንክትቐርቡ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**ዓዲግራት ወረዳ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ ከ/ል ወንደሙ ፋሬው ታጀበ ኣ/ሻ ዕሓሙስ ዞን 03 ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ንምፅራይ ተኸሳሲ ኣብ ቆፀሮ ዕለት 14/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቀሪብኹም ንኽትከታተሉ እንተዘይቀሪቦም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዘውሰን ምኻኑ ወረዳ ስ/ሳዕሲዕ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ስ/ሳዕሲዕ ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ ወ/ሪት ሰላም ኣለም ገ/ፃድቕ ኣድራሻ ጣብያ ኮኸብ ቁሸት ምዕባለ ብዝተኸሰስክሉ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ንምፅራይ ንዕለት 03/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቀርቢ እንተዘይቐሪብኪ ግና ጉዳይኺ ብዘየለኹሉ ተራእዩ ዘውሰን ምኻኑ ወረዳ ስ/ሳዕሲዕ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ስ/ሳዕሲዕ ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ**

**ናብ ገፅ 9 ይዘውር ...**

... ካብ ገፅ 8 ዝዞረ

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ደሳለይ ሃፍቱ ገዛሃይ ኣድራሻ ወረዳ ሳ/ፃ/እምባ ጣብያ/ቀበሌ/ ከተማ ዕ/ሓሙስ ቁሸት/ቀጠና/ዞን 4ተ ሞንጎ ዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ክርክር ተኸሳሲ ንዕለት 2/11/2012 ዓ/ም ናብ ቤት ፍርዲ ቅረቡ ንዝቀረበ ለኩም ክሲ መልሲ እንተዘይህብኩም ናይ ምክርኻር መሰሉ ተሓሊፉ ጉዳዩ በዘየለሉ ከም ዝርአ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ስ/ሳዕሲዕ ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ገ/መድህን ከበደ ስብሃቱ ኣድራሻ ወረዳ ሳ/ፃ/እምባ ጣብያ/ቀበሌ/ ከተማ ሰውነ ቁሸት/ቀጠና/ዞን ዒነዳ ሰውነ ሞንጎ ዘሎ ናይ ክትራን ክርክር ተኸሳሲ ንዕለት 6/11/2012 ዓ/ም ናብ ቤት ፍርዲ ቅረቡ ንዝቀረበለኩም ክሲ መልሲ እንተዘይህብኩም ናይ ምክርኻር መሰሉ ተሓሊፉ ጉዳዩ በዘየለሉ ከም ዝርአ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ስ/ሳዕሲዕ ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ከተማ ውቕሮ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ሃፍታይ ሰይፈ በርሀ ኣ/ሻ ከተማ ውቕሮ ጣብያ ኣግኣዚ ዞን1 ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ቅድሚ ብዘየለሉ ምርኣዩ ቀሪቡ ክከራኸር ንዕለት 10/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ንክቐሪብ ቤት ፍርዲ ከተማ ውቕሮ ኣዚዙኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባኣያ**
**ከተማ ውቅሮ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ተሾመ ኢታይ ሓጎስ ኣድራሻ ወረዳ ሳዕሲዕ ፃዕዳ እምባ ጣብያ ስውነ ቁሸት ወንጊል መንጎ ዘሎ ናይ ፈተነ ቅትለት ገበን ክትዕ ንስኹም ተኸሳሲ ኣብ ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዓድግራት ዕለት 10/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቅረቡ ኣብ ዝተብሃለ ዕለት እንተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኻኑ ቤት ፍረዲ ኣዚ፡፡

**ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ዓድግራት**

ብኸሳሲ ኣይተ ሰለሙን ካሕሳይ ደስታ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ተስፋይ ተስፋዝጊ ወለኪኣል ሞንጎ ዘሎ ናይ ኣቦነት ምርግጋፅ ክርክር ብኸሳሲ ዝቀረ በልኩም ክስን መረዳእታን ንምቕባል ተኣልሸኩም ሰለዝተሰኣንኩም በዚ ምልክታ እዚ ተፀዊዕኩም ንዕለት 15/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ዘለኩም መል ስን መረዳእታን ብ3ተ ቅዳሕ ብፅሑፍ ሒዝኩም ናብ ዓድግራት ወረዳ ቤት ፍርዲ ንክትቀርቡ እንተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ናብ ዝቅፅል ስነ-ስርዓት ዝሕለፍ ምኻኑ ቤት ፍረዲ ወረዳ ዓድግራት ኣዚዙ፡፡

**ዓድግራት ወረዳ**
**ቤት ፍርዲ**

መመልከቲ፡- ኣይተ ሃይላይ ግርማይ መብራህቱ ኣ/ሻ ጣ/ሰላም ቁሸት ደ/ገነት ዝኾንኩ ናብ ኣይተ ኣፅበሃ ግርማይ መብራህቱ ዝብል ሽም ይቕይር ሰለዘሎ ዝቃወም ሰብ እንተሃልዩ ንዕለት 17/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክቀርብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ሓውዜን ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሓውዜን**
**ምድብ መጋባእያ ክልተ በለሳ**

ኸሳሲ ማሕበር ዕቁብ ቅዱስ ሚካኤል ዳዩና መምህር ደገፎም ግርማይ፣ ተኸሳሲ ኣይተ በረ ኸት ገ/ስላሴ ኣብርሃ ኣድራሻ ወ/ሳ/ፃ/እምባ ከተማ ፍረወይኒ ዞን 02 ሞንጎ ብዘሎ ናይ ገን ዘብ ክትዕ ተኸሳሲ ንዝቀረበሎም ክሲ ንዕለት 15/11/ 2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቀሪቦም ንክከራኸሩ እንተዘይ ተኸ ራኽሮም ግና ጉዳዮም ብዘየለውሉ ከም ዝረአ ፃ/እምባ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወ/ሳ/ፃ/እምባ ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ**

# ጨረታ

ኣፈ/ኸሰስቲ፡- እኒ ኣይተ መዓርግ ገ/ስላሴ 5ተ ቁፅሪ ሰባት ወኪል ወ/ሮ ደስታ ባራኪ፣ ኣፈ/ተኸሰስቲ እኒ ወ/ሮ ፀጋብርሃን ገ/ስላሴ 5ተ ቁፅሪ ሰባት ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክትዕ ጉዳይ ኣብ ከተማ ውቕሮ ጣብያ ኣግኣዚ ዝርከበ መዋሰኒኡ ብምብራቕ፡-ወ/ሮ ኣዝመራ ዘስላሴ ፣ብምዕራብ፣ ሃይሉ ረዳ ፣ ብሰሜን፣ መንገዲ ፣ብደቡብ፡-ወ/ሮ ኣባዲት ገ/መስቐል ስፍሓቱ 225 ሜትር ካሬ ዝኾነ ገዛን ቦታን ብጨረታ ክሸወጥ ስለዘተኣዘዘ ብመበገሲ ዋጋ ግምት ብብር 21,903.17/ ዒስራን ሓደን ሽሕን ትሽዓተ ሚኢትን ሰለሰተን ቅርሺ ምስ/ ሳንቲም 17/100/ ከጫረት ዝደሊ ሰብ እንተሃልዩ፡

**ነዚ ጨረታ ከማልእዎም ዝግበኦም**
**ረቃሕታት ድማ**

- ሰዓረይ ጨረታ ናይቲ ዝተጫረተ መጠን ገንዘብ እቲ 25% ወድያው ንጨረታ ኮሚቴ ከትሕዝ ዝኽእል፡፡
- ጨረታ ሰዓራይ ምስ ሰዓረ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ እቲ ዝተረፈ ገንዘብ 75% ኣታዊ ክገብር ዝኽእል፡፡
- ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 30/11/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 8፡00 ናይ ቀትሪ ክሳብ ሰዓት 9፡30 ናይ ቀትሪ ይኾውን፡፡
- ጨረታ ዝካየደሉ ቦታ ኣብቲ ንጨረታ ንክጫረት ዝወፀ ገዛን ቦታን ይኸውን፡፡
- ውፅኢት ጨረታ ብመጫረትቲ ኮሚቴ ብፅሑፍ ሪፖርትን ዝቐርበሉ ዕለት 30/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 10፡30 ናይ ቀትሪ ሰዓራይ ጨረታን ተኸራኸርቲ ወገናትን ኮይኖም ናብ ቤት ፍርዲ ከተማ ውቕሮ ንክትቐርቡ ቤት ፍርዲ ከተማ ውቕሮ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ከተማ ውቕሮ**

# ዞባ ማእኸል

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ወ/ጣ/ኣበርገለ

ተኸሳሲ ኣይተ ገ/ምችኣል ነገሰ ኣፈረሰ ኣደራሻ ወ/ጣ/ኣበርገለ ጣብያ ለምለም ቁሸት ድርኮ ብኢፌድሪ ሕጊ ገበን ዓንቀፅ 555/ሐ/ ተከሲሱ ኣብ ዘሎ ከቢድ ኣካል ምጉዳል ገበን ክትዕ ንዕለት 09/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ቀሪቡ እምነት ክሕደት ቃሉ ንክስማዕ እንተዘይቀሪቡ ግና ብዘየለሉ ከምዝርአ ቤት ፍርዲ ወ/ጣ/ኣበርገለ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ**
**ወ/ጣ/ኣበርገለ**

ብኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ብተኸሳሲ ኣይተ ሃፍቶም ኣለምሰገድ ኣብ ሞንጎ ዘሎ ብናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ዝብል ተኸሳሲ ኣ/ሻ ወ/ታ/ማጨው ጣብያ ማይዓፅሚ ቁሸት ላዕሶ ዝተብሃሉ ብተደጋጋሚ ትእዛዝ ወፅኢሎም ኣብ ኣድራሽኦም ክርከቡ ሰለዘይካኣሉ ሕዚ ግን ንዕለት 15/11/2012 ዓ/ም ሰዓተ 8፡00 ቐሪቦም ጉዳዮም ክከታተሉ ተኣዚዙ ኣሎ ተዘይቀሪቦም ግን ብዘየለዉሉ ተሰሚዑ ዝዉሰን ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

**ወ/እ/ማርያም ምድብ**
**መጋባእያ ቤት ፍርዲ**

ኣብ ቤት ፅሕፈተ ልምዓት እቶት ከተማ ዓድዋ ነጋዳይ ዝኾኑ ኣይተ ጎቦዛይ ብርሃነ ኣፅበሃ ዝተብሃሉ ዓይነት ንግዲ እክሊ ቲን ቁፅሪ 0017361815 ዝፍለጡ ግብሪ ከፋሊ ዘጥቀምሉ ዘነበሩ ናይ ኣታዊ ደረሰይ ካብ ቁፅሪ 00001 ክሳብ 00200 ጠፍኡኒ ክብሉ ሰለዘመልከቱ ኣዚ ልዕል ኣሉ ዝተሓበረ ተሰሪሑ ዝተወደአ ፓድ ቁፅሪ ዝሓዘ ኣካል እንተሃልዩ ብጋዜጣ ካብ ዝተቃለሐሉ ዕለት ጀምሩ ኣብ ዉሽጢ 10 መዓልቲ ናብ ቤትፅ ሕፈት ልምዓት እቶት ከተማ ዓድዋ ወይ ድማ ናብ ፖሊስ ሓበሬታ ንክህብ ንሕብር፡፡

**ቤት ሕፈት ልምዓት እቶት**
**ከተማ ዓድዋ**

ኸሳሲት ወ/ሮ ባህርነሽ ገብረዮሃንስ፣ ተኸሳሲ ሃለቃ ዓንዳይ ወለገብርኤል ኣደራሻ ወረዳ እሕፎሮም ጣብያ ሴሮ ቁሸት ሓቛቛሞለ ኣብ ዘሎ ናይ ሓዳር ፍትሕ ክሲ ተኸሳሲ ኣብ ኣደራሻኹም ክትርከቡ ስለዘይኻኣልኩም በዚ ምልክታ መቓልሕ ትግራይ ምስ ሰማዕኩም መልስኹም ንዕለት 02/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ምስ መርትዖታት ብ3ተ ኮፒ ኣዳልኹም ንክትቐርቡ ኣብ ዕለት ቆፀረኹም እንተዘይቐሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝርአ ምኻኑ እንትጮ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ኣሕፎሮም ምድብ**
**መጋባእያ እንትጮ**

ኸሳሲት ወ/ሮ ለተማርያም ገ/መድህን

ተኸሳሲ ኣይተ ክንፈ ተክለኣብ ተስፋይ ወ/ዓድዋ ጣ/ማርያም ሸዊቶ ቁሸት ከተማ ኣብ ሞንጎ ንዘሎ ናይ ሓዳር ፍትሕ/ቀለብ ቆለዓ ክርክር ተኸሳሲ ምስ ከሳሲት ናይ ፍትሕን ቀለብ ቆልዓን ጉዳይ ኣብ ወረዳ ዓዲ ኣቤቶ ቤት ፍርዲ ከም ዘለዎ ፈሊጡ ቅድሚ ዕለት ቆፀሮ 21/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቀሪቡ ንኽከታተልን እንተዘይቐሪቡ ድማ መለሲ ብፅሑፈ ናይ ምቅራብ መሰሉ ተሓሊፉ ጉዳዩ ብመሰረት ፍ/ስ/ስ/ሕ/ቑ 70/ሀ/ ብዘየለሉ ዝርአ ምኻኑ ቤ/ፍ/ወ/ዓ/ኣቤቶ ኣዚዙ ኣሎ።

**ቤት ፍርዲ ወረዳ**
**ዓዲ ኣቤቶ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ሓጎስ ሃ/ስላሴ ኣበራ - ኣድራሻ ወረዳ ደ/ተምቤን ጣብያ ልምዓት ቁሸት ማይለሚን ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ክትራን ገበን ኮይኑ ተኸሳሲ ንዝቐረበልኩም ክሲ ኣብ ኣድራሻኹም ተኣልሸኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 17/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናብ ወ/ከተማ ዓ/ዓዲ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ከምዝውሰን ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ከተማ ዓብይ ዓዲ ወረዳ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ 1.ገ/ችኣል ግርማይ ገ/ሂወት ወረዳ ዓድዋ ጣብያ ወዲ ቀሺ ቁ/ማይዳዕሮ ፣ 2 ኣይተ መብራህቱ ገ/መደህን ገ/ሚካኤል ወረዳ ዓድዋ ጣብያ ወዲ ቀሺ ቁ/ማይዳዕሮ ኣብ ሞንጎኹም ብዘሎ ናይ ከቢድ ስረቂ ክትዕ ተኸሰስቲ ንዕለት 10/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ዓድዋ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለት እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተፃርዩ ዝውሰን ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዓድዋ ምድብ መጋባእያ**
**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ፡- 1 ሃፈቶም ብርሃነ መስቀል ኣብ መንጎኹም ዘሎ ፈ/ግ/ቕትለት ክሲ ክትዕ ዋኒን ብኣድራሻኹም ስለ ዘይተረኸብኩም ንዕለት 20/11/2012 ሰዓት 3፡00 ናብ ኣኽሱም ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ቅረቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝወሃብ ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ኣኽሱም ምድብ መጋባእያ**
**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ 1 ኣይተ ገ/ተንሳይ ኣልጋነህ ሃይሉ ኣ/ሻ ከ/ዓ/ዓዲ ቀ/03 ቀ/ሃፍቶም

2 ኣይተ ታደሰ ሞኮነን ደርቻኣ/ሻ ወ/ዓዴት ናዕዴርጣ/ሸናቆ ቀ/ ፃዕዳ ምሸላ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ክትዕ ጉዳይ ኮይኑ ተኸሰስቲ ንዝቐረበልኩም ክሲ ኣብ ኣድራሻኹም ተኣልሸኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 29/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 9፡00 ናብ ወ/ከተማ ዓ/ዓዲ ቤት ፍርዲ ቀሪብኩም ንክትከራኸሩ እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳዩ ብዘየለ ኹምሉ ተራ እዩ ከምዝውሰን ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ከተማ ዓብይ ዓዲ ወረዳ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ 1 ኣይተ ገ/ተንሳይ ኣልጋነህ ሃይሉ ኣ/ሻ ከ/ዓ/ዓዲ ቀ/03 ቀ/ሃፍቶም

2 ኣይተ ታደሰ ሞኮነን ደርቻኣ/ሻ ወ/ ዓዴት ናዕዴርጣ/ሸናቆ ቀ/ ፃዕዳ ምሸላ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ስርቂ ገበን ክትዕ ጉዳይ ኮይኑ ተኸሳሲ ኣብ ኣድራሻኹም ተኣልሸኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 29/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ወ/ ከተማ ዓ/ዓዲ ቤት ፍርዲ ቀሪብኹም ንክትከራኸሩ እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ተራ እዩ ከምዝውሰን ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ከተማ ዓብይ ዓዲ ወረዳ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ኣይተ ኣፈወርቂ ሰረቀ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ጎይትኦም ኪዳነ ኣብ ሞንጎኦም ብዘለዎም ገዛን ቦታን ዝብል ክሲ ኾይኑ ኸሳሲ ንተኸሳሲ ብኣድራሻ ኣልሽ ክርክቦ ኣይክኣልኩን ክበል ስለዘመልከተ ተኸሳሲ ንዕለት 10/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቀሪቦም ጉዳዮም ንክከታተሉ ኣብ ዕለተ ቆፀሮኹም እንተዘይቕሪብኩም ግና መልሲ ብፅሑፍ ናይ ምትሕሓዝ መሰልኩም ተሓሊፉ ጉዳይኩም ብዘየ ለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኻኑ ከተማ ኣኩሱም ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ ኣኩሱም ወረዳ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ን/ወ/ኣሕስኣ፣ ተኸሰስቲ 1 ኣይተ ወለርፈኤል ገ/የሱስ ዳርቻ ወረዳ መ/ለከ ጣብያ ሃፍቶም ቁሸት ከረን

2 ኣይተ ወ/ገብርኤል በርሀ ክንፈ ወረዳ መ/ለከ ጣብያ ሃፍቶም ቁሸት ከረን ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ጉድኣት ኣካል ክርክር ጉዳይ ኣመልኪቱ ተኸሰስቲ ብተደጋጋሚ ኣብ ቆፀሮኦም ክቀርቡ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ በፖሊስ ኣቢሉ ተላኢኽዎም ከምኡ እወን ምልክታ ኣብ መንበሪ ገዝኦም ተለጥፍዎም ኣብ ዕለት ቆፀሮኦም ክቐርቡ ስለዘይካኣሉ ኣብ ዝቕፅል ቆፀሮኦም ንዕለት 10/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡30 ንክቐርቡ ኣብቲ ዝተገለፀ ዕለትን ስዓትን እንተዘይቀሪቦም ድማ ጉዳዮም ብዘየለወሉ ዝርአ ምኻኑ ወረዳ ኣሕስኣ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ኣሕስኣ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ን/ወ/ኣሕስኣ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ወለርፈኤል ገ/የሱስ ዳርቻ ወረዳ መ/ለከ ጣብያ ሃፍቶም ቁሸት ከረን ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ጉድኣት ኣካል ክርክር ጉዳይ ኣመልኪቱ ተኸሳሲ ብተደጋጋሚ ኣብ ቆፀሮኦም ክቀርቡ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ በፖሊስ ኣቢሉ ተላኢኽዎም ከምኡ እወን ምልክታ ኣብ መንበሪ ገዝኦም ተለጥፍዎም ኣብ ዕለት ቆፀሮኦም ክቐርቡ ስለዘይካኣሉ ኣብ ዝቕፅል ቆፀሮኦም ንዕለት 10/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክቐርቡ ኣብቲ ዝተገለፀ ዕለትን ስዓትን እንተዘይቀሪቦም ድማ ጉዳዮም ብዘየለወሉ ዝርአ ምኻኑ ወረዳ ኣሕስኣ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ኣሕስኣ**
**ቤት ፍርዲ**

ናብ ገፅ 10 ይዘውር ...

... ካብ ገፅ 9 ዝዞረ

ኣፈ/ኸሳሲ፡-ተ/ራይ ኖሆም ገ/መሰቀል ሞግዚት መም/ር ማሓሪት ዘረኣቡርክ

ኣፈ/ተኸሰስቲ፡-1, ወ/ሮ እዝግሃርያ ክንፈ፣ 2, ህፃን ናትናኤል ገ/መሰቀል፡3, ህፃን ደጀን ገ/መስቀለ 4, ህፃን ኤፈሬም ገ/መሰቀል ካበ 2ይ ክሳብ 4ይ ዘለዉ ኣፈ/ ተኸሰስቲ ሞግዚት፡-1ይ ኣፈ/ተኸሳሲት ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክትዕ ኣብ ከተማ ዓድዋ ቀበሌ 06 ዝርከብ ብሽም መዋቲ ኣይተ ገ/መሰቀለ ፀጋይ ተመዝግቡ ዘፈለጥ ዘነበረ ሕዚ ብሽም እኒ እዝግሃርያ 5ተ ቁፅሪ ሰባት ዘፈለጥ ስፍሓቱ 125 ካ/ሜተር ዝኾነ መዋሰኒኡ፡ -ብምብራቕ-ተከሊተ ብምዕራብ-ሩባ ሩባ ብሰሜን -መንገዲ በደቡብ-ክፍቲ ቦታ ዝዋሰን ገዛን ቦታን በመበገሲ ዋጋ ብር 726,694.50/ሽውዓተ ሚእትን ዒሰራን ሹደሽተን ሽሕን ሹድሽተ ሚእትን ቴስዓን ኣርባዕተን ቅርሽን 50/100 ሳንቲምን/ ተጫሪቱ እቲ ገንዘብ ኣፈ/ኸሳሲን ኣፈ/ተኸሳሲትን ክካፈል ስለዝተደለየ ብጨረታ ተሸይጡ ንዕለት 30/11/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 2፡30 ናይ ንጉሆ ከሳብ 6፡00 ናይ ቀትሪ በግለፂ ጨረታ ስለዝካየድ ኣብቲ ዝተጠቀሰ ሰዓትን ገዛን ተረኺብኩም ክትጫረቱ ውፅእት ጨረታ ዝቀርበሉ ድማ በቲ ጨረታ ዝተኻየደሉ ዕለት ኾይኑ ናይ ድሕሪ ሰዓት 8፡00 ንክቀርብ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓድዋ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ ዓድዋ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ብኸሳሲ፡- ኣይተ ሙለይ ሓዱሽ ሰዩም ኣድራሻ ወረዳ ኣበርገለ የጭላ ጣብያ መዓረይ ቁሸት ልምዓት

ተኸሳሲ፡- ኣይተ ሃ/ጆወርግስ ንጉስ ተንሳይ ኣድራሻ ወረዳ ኣበርገለ የጭላ ጣብያ መዓረይ ቁሸት ልምዓት ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ልቓሕ ገንዘብ ክትዕ ተኸሳሲ ኣብ ቆፀሮኡ ዕለት 08/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክቐርብ ኣብ ዕለት ቆፀሮኡ እንተዘይቀሪቡ ድማ መልሲ በፅሑፈ ናይ ምቕራብን መረዳእታ ናይ ምቕራብን መሰሉ ከምዝሓልፍ ቤት ፍርዲ ወረዳ ጣ/ኣበርገለ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ጣ/ኣበርገለ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲ ኣይተ መረስዕ ተክለ ጠበቓ፡-ረዳኢ ሃይለ፣ ኣፈ/ተኸሳሲ፡-ሃ/ቃ ገ/ሚካኤል ተክሉ ኣብ ሞንጎ ዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክትዕ ኣብ ከተማ ዓደዋ ቀበሌ 07 ዝርከብ ስፍሓቱ 175 ካሬ ሜትር መዋሰኒኡ ብምብራቕ፣ ኣስቴር ብምዕራብ፣ገ/መስቀል ብሰሜን፣መንገዲ ብደቡብ ፣ ብርሃነ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓበይቲ ገዛዊትን ክልተ ሰርቪስን ምስ ሽንትበትን ሻዎሪን ከምኡ እውን ካንሸልኡ ብመካበብያ ዝዞረ ብሽም ኣፈ/ተኸሳሲ ሃ/ቃ ገ/ሚካኤል ተክሉ ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ወለድን ካልአ ወፃኢን ክሳራን ከይሓወሰ ንዘለዎም ዋና ገንዘብ 181,765 /ሓደ ሚእትን ሳማንያን ሓደን ሽሕን ሽውዓተ ሚእትን ሱሳን ሓሙሽተን ቅርሺ/ ንናይ ፍርዲ ዕዳ መፈፀሚ ብመበገሲ ዋጋ ብር 397,601.575 /ሰለሰተ ሚእትን ቴሰዓን ሽወዓተን ሽሕን ሽድሽተ ሚአትን ሓዳን 575/100 ሳንቲምን/ብግልፂ ጨረታ ክሸወጥ ሰለዝተደለየ ጨረታ ንዕለት 04/12/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ 6፡00 ናይ ቀትሪ ጨረታ ስለዝካየድ ክጫረት ዝደሊ ሰብ እንተሃልዩ ኣብቲ ንጨረታ ዝቐረበ ገዛን ቦታን ሰዓትን ተረኺብኩም ንክትጫረቱ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓድዋ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ ዓድዋ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኣብ ከተማ ድብድቦ ዝርከብ ትሕዝቶ ብሽም እዘን ትሕት ኢለን ተጠቂሰን ዘለዋ ውዕል ገዛ መሸጣ፣ዋንነት ፕላንን ሳይት ፕላንን ጠፍኡኒ ስለ ዝበላ ንሕና ድማ ዝጠፍአን መረዳእታ ክንህበን ሰለዝደለና ተቃዋሚ እንተሃልዩ እዚ ጋዜጣ ካብ ዝተሓተመሉ ዕለት ጀመሩ እግድ ናይ ቤት ፍርዲ ሐጋዊ መረዳእታ ብምሓዝ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ከ/ስ/ም/መ/ ምሕደራን ከተማ ድበድቦ ንኽቐርቡ ነፍልጥ፡፡

| ተ/ቁ | ሽም ብዓል ተሕዝቶ | ቀጠና | መዋሰኒኡ | | | | ስፍሓት ሜ/ካሬ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | ብምብራቅ | ብምዕራበ | ሰሜን | ደቡብ | |
| 1 | ለተንቸኤለ ገብረሂወት | 04 | ፅርግያ | ሃ.ታዲስ ገ.ሂር | ፅርግያ | ስዕዲ ሳሊሕ | 280 |

**ድብድቦ ጨንፈር ቤት ፅሕፈት ልምዓት ከተማን ንግድን እንዳሰትሪን**

## ዞባ ሰ/ምዕራብ

ኸሳሲ ዞባ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ 1 ታኣምራት ንጉሰ በርሀ ኣድራሻ ከ/ሽ/እ/ስላሴ ቀበሌ 02 መንደር 4 ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ከ/ክትራን ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 23/11/2012ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽረ**

ኸሳሲት መ/ር ለተብርሃን ተፈራ መኮነን ኣድራሻ ወ/መ/ዛና ጣብያ ዓ/ቕማለኽ ቁሸት ኣፍጋሕጋሕ

ተኸሳሲ መ/ር መብራህቶም ኣበበ ገ/ሂት ኣድራሻ ወ/መ/ዛና ጣብያ ዓ/ቕማለኽ ቁሸት ኣፍጋሕጋሕ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ሓዳር ስንብትን ቀለብ ቆለዓን ፍ/ሄር ክትዕ ተኸሳሲ ኣብ ኣድራሻኩም ስለዝተሳኣንኩም ሕዚ ድማ ንዕለት 06/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቀሪብኩም ጉዳይኩም ንከትከታተሉ እንተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳይኩም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኻኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ምድብ መጋባእያ ሰለኽለኻ ቤት ፍርዲ**

ኣብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ኣይተ/ወ/ሮ/ሪ/ት ልእልትን ብረጭቆን ኣዕርከቶምን ሕ/ሽ/ማዝተበሃሉ ብቑ/ቲን 002704849 ብዘርፍ ንግዲ ምግቤት ዝፍለጡ ኸፋሊ ግብሪ ዝጠቀምሉ ዘነበረ ካብ 00001 ክሳብ 00050-1 ፓድ ዊዝሆልድ ደረሰኝ ጠፍኡኒ እሎም ብዕለት 08/10/2012 ዓ/ም ብዝሓተቱና መሰረት እቲ ኣብ ላዕሊ ዘተጠቐሰ ድንግል ፓድ ዝሓዘ ኣካል እንተሃልዩ ብጋዜጣ ካብ ዝተቃለሐሉ ዕለት ጀምሩ ኣብ ዉሽጢ 10 መዓልቲታት ናብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ወይ ናብ ቤት ፅሕፈት ፖሊስ ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ሓበሬታ ክህብ ንሕብር።

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ከተማ ሽረ እንዳስላሴ**

መመልከቲት ወ/ሮ ነጫይ ገ/መስቀል ሃይሉ ብዓል ሓዳረይ ኣይተ ከበደ ገ/ክርስቶስ ዝተብሃሉ ኣብ ወረዳ ኣስ/ፅምብላ ጣብያ ክ/ጋባ ይነበር ናይሩ ካብ ወርሒ ንሓሰ /2009 ዓ/ም ካብ ገዝኡ ምስወፀ ስለዘይተመለሰ ናይ ምጥፋእ ውሳኔ ይዋሃበኒ ስለዝበላ ነዚ ዝቃወም ኣካል እንተሃልዩ ንዕለት 03/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክቐሪብ ኣስገደ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ቤት ፍርዲ ወረዳ**
**ኣስገደ ፅምብላ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሰስቲ እኒ ተኽኣ በርሀ 5ተ ሰብ ወኪል ተኽኣ በርሀ፣ ኣፈ/ተኸሳሲ ኣይተ ምዕሾ በርሀ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክሲ ክርክር ኾይኑ ኣፈ/ ተኸሳሲ በቲ ዝተወሰነሎም መሰረት ክፍፅሙ ሰለዘይኻኣሉ በሽም እኒ ኣይተ ኣባዲ በርሀ 7ተ ሰብ ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ኣብ ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ቀበሌ 01 መ/ር 2ተ ዝርከብ መዋሰኒኡ በምብራቕ ብርሃነ ስብሃቱ ብምዕራብ ታዘዝ ዘረፋ ብሰሜን መንገዲ ብደቡብ መንገዲ ስፍሓቱ 120 ካ/ሜ ዝኾነ ብሰብ ሞያ ብዝገመትዎ መሰረት ብመበገሲ ጨረታ ዋጋ ብር 26030 /ዒሰራን ሽድሽተን ሽሕን ሳላሳ ቅርሽን/ ተጫሪቱ ንክሸወጥ እቲ ዝተገለፀ ገዛን ቦታን ዝጫረት ሰብ እንተሃልዩ ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 03/11/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳበ 6፡00 ናይቲ ጨረታ ውፅእት ናብ ቤት ፍርዲ ዘቐርበሉ 8፡30 ምኻኑ ፈልጥኩም ኣብቲ ዝተጠቅሰ ቦታን ገዛን ተረኽብኩም ክትጫረቱ ትኽእሉ ምኻንኩም ወረዳ ሽረ እንዳስላሴ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ሽረ እንዳስላሴ**
**ቤት ፍርዲ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲት ወ/ሮ ሸዊት ለምለም ወኪል ሓበሮም ለምለም

ኣፈ/ተኸሳሲ ኣይተ ግደይ ካሕሳይ ኣብ ሞንገ ዘሎ ናይ ኣፈ/ክሲ ክርክር መሰረት ንናይ ኣፈ/ዕዳ መኽፈሊ ትኸውን ብሽም ኣፈ/ተኸሳሲን ኣይተ ተኽላይን ፍስሃን አትፍለጥ ኣውቶቡስ መኪና ኮድ 3 ታ/ቁ 04233 ዝኾነት ናይ ኣፈ/ተኸሳሲ ብፅሒት ፍርቂ ንመፈፀሚ ክትጫረት ቤት ፍርዲ ስለዝኣዘዘ ብመበገሲ ዋጋ ብር 350,000 /ሰለስተ ሚእትን ሓምሳን ሽሕ/ ማለት ብናይ ኣፈ/ተኸሳሲ ብፅሒት መበገሲ ዋጋ ብር 175,000 / ሓደ ሚእትን ሰብዓን ሓሙሽተን ሽሕ/ ተጫሪትኩም ክትገዘኡ እትደልዩ ተጫረትቲ ኣበ ከተማ ሽራሮ ቤት ፅሕፈት ፖሊስ ወ/ታ/ኣድያቦ ንዕለተ 04/11/2012 ዓ/ምሰዓት 4፡00 ብኣካል ተረኺብኩም ክትጫረቱን ጨረታ ዘሸነፈ ድማ ሽው ንሽው 25% ናይቲ ዘሸነፎ ንጨረታ ኮሚቴ ዝኸፍል ዝተረፈ ድማ ዕለት 6/11/12 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ኣብ ቤት ፍዲ ቀሪቡ መሉእ ብሙሉእ ክኸፍል ወ/ታ/ኣድያቦ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ቤት ፍርዲ ወረዳ**
**ታሕታይ ኣድያቦ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ገብረ ገ/መድህን ኣድራሻ ከተማ ሰቲት ሑመራ ቀበሌ 04 ቀጠና 2ተ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ኮንትሮ ባንድ ገበን ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 13/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ሽራሮ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ምዕራብ ከተማ**
**ሽራሮን ታ/ኣድያቦን ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1 ደጀን ሃ/ሰላሴ ኪዳነ ኣድራሻ ወ/ታ/ኣ/ጣ/ዓ/ሃገራይ ቁሸተ ለካቲት

2 ክፍሎም ካሕሳየ ኪዳነ ኣድራሻ ወ/ታ/ኣ/ጣ/ዓ/ሃገራይ ቁሸተ ለካቲት

3 ሙሉጌታ ተሻለ የሺወንድም ኣድራሻ ወ/ታ/ኣ/ጣ/ዓ/ሃገራይ ቁሸተ ደደቢት ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ከቢድ ክትራን ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 13/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንኽትቐርቡ እንተዘይኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ሽራሮ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ምዕራብ ከተማ**
**ሽራሮን ታ/ኣድያቦን ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዞባ ሰ/ምዕራብ ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ ኣሚነ ክፍለ ሃፍተሚካኤል ኣድራሻ ማይ ዓይኒ ማይ ዓስከር ብዝተኸሰሰኩምሉ ዘይ ሕጋዊ ዝውውር ሰባት ተኸሳሲ ንዕለት 10/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንጉሆ ናብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ፀለምቲ መከላኸሊ ምስክር ሕዝኩም ንክትቐርቡ እንተዘይኾይኑ ግና መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ፀለምቲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ምዕራብ**
**ፀለምቲ ምድብ መጋባእያ**

ይግ/በሃሊ ዓ/ሕጊ፣ ይግ/መ/ወሃቢ ኣይተ ተክኦም ሃፍተ ሸሻይ ኣ/ሻ ወ/ፀ/ጣብያ ውህደት ቁሸት ማይ ክሳድ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ብናይ ከ/ስርቂ ክሲ መሰረት ይግ/መ/ወሃቢ ጉዳይኹም ቀሪብኩም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ንዕለት 09/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ፀለምቲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ምዕራብ**
**ፀለምቲ ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዞበ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ 1 ሰለሙን ታመነ ኪዳነ ኣድራሻ ወ/መ/ዛና ጣ/ሓድነት ቁ/ላ/ጉ/እማ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ቐትለት ሰብ ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 23/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ ፣ ክትቐርቡ እንተዘይኽእልኩም ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽረ**

መመልከቲት ወ/ሮ ሮዛ እፍሬም ኣማረ ኣድራሻ ከተማ ሽረ-እ/ስላሴ ቀበሌ 03፣ ተፀዋዒ፡ ኣይተ ሄኖክ ታዓረ ኣ/ሻ ከተማ ሽረ-እ/ስላሴ ቀበሌ 03 ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ምጥፋእ ውሳኔ ጉዳይ መመልከቻ ኣይተ ሄኖከ ታዓረ ዐቅባ ዝተብሃሉ ኣብ ወረዳ ሽረ-እ/ስላሴ ቀበሌ 03 እንትነብር ብስደት ምኽንያት ካብ ግንበት 27/2010 ዓ/ም ስለዘይተመለሰ ናይ ምጥፋእ ውሳኔ ይዋሃበኒ ክብላ ስለዘመልከታ ነዚ ዝቃወም ሰብ እንተሃልዩ ንዕለት 07/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ወረዳ እ/ስላሴ ቤት ፍርዲ ንክትቐርብ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ከተማ**
**ሽረ እንዳስላሴ**

ናብ ገፅ 11 ይዘውር ...

**... ካብ ገፅ 10 ዝዞረ**

ኸሳሲ ዞባ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1 ኣይተ ደጀን ሃ/ስላሴ ኪዳነ ኣድራሻ ወ/ታ/ኣድያቦ ጣ/ዓ/ሃገራይ ቁ/ለካቲት ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ፈተነ ቅትለት ገበን ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 20/11/2012ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንጉሆ ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ሽራሮ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽራሮን ታ/ኣድያቦን**

ኸሳሲ ዞባ/ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ 1 ኣይተ ደስታ ገ/ሄር ደስታ ኣድራሻ ኣ/ፅ/ጣ/ሕንፃፅ ስደተኛታት ማዓስከር ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 24/11/2012ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግን መዝገብ ኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ሽረ**

## ዞባ ምዕራብ

ኸሳሲ ነፃነት ሓ/ዝ/ሕ/ስ/ማሕበር
ወኪል ኣታኸልቲ ፍሰሃ

ተኸሰስቲ፡- 1. ኣይተ ብርሃነ ተስፋይ ኣ/ሻ ወ/ሰ/ሑመራ ቀበሌ 03 ቀጠና 03

2. ኣይተ ገበረዋህድ ምዕራፍ ኣ/ሻ ወ/ሰ/ሑመራ ቀበሌ 03 ቀጠና 03 መንጎ ብዘሎ ናይ ዉዕሊ ልቓሕ መሰረት ዝገበረ ክሲ ተኸሰስቲ ብኸሳሲ ነፃነት ሓ/ዝ/ሕ/ስ/ማሕበር ተመስሪትኩም ስለዘሎ ነዚ ትከላከልሉ ምኽንያት እንተሃልይኩም መፍቀዲ ሕዝኩም ንዕለት 09/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቀርቡ እንተዘይቀሪብኩም ድማ ከይዲ ክትዕ ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዉሳነ ዝዋሃብ ምኻኑ ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ስመኘው ጌትነት ተገኘ ብዝተኸሰሰሉ ስርቂ ገበን መሰረት ንዕለት 06/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 2፡30 ናብ ወ/ሰ/ሑመራ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኩም ብዘየለኹምሉ ከምዝዉሰን ክብል ወ/ሰ/ሑመራ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ሰቲት ሑመራ ቤት ፍርዲ ገበን ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ነጋሲ ተክላይ ኣለማየህ ኣድራሻ ወ/ሰ/ሑመራ ቀበሌ 02 ቀጠና 02 ብዝተኸሰስኩምሉ ስርቂ ገበን መሰረት ተኸሳሲ ንዝቐረበልኩም ክሲ ቐሪብኩም ጉዳይኩም ንክትከታተሉ ንዕለት 10/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ወ/ሰ/ሑመራ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኩም ብዘየለኹምሉ ዝርአ ምኻኑ ክብል ወ/ሰ/ሑመራ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ሰቲት ሑመራ ቤት ፍርዲ ፍታብሄር ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ስለኣምላክ ኑሩሑሴን ኣብራሂም ኣድራሻ ወ/ሰ/ሑመራ ቀበሌ 02 ቀጠና 06 ብዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ኣካል ምጉዳል መሰረት ተኸሳሲ ንዝቐረበልኩም ክሲ ቐሪብኩም ጉዳይኩም ንክትከታተሉ ንዕለት 06/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናብ ወ/ሰ/ሑመራ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኩም ብዘየለኹምሉ ዝርአ ምኻኑ ክብል ወ/ሰ/ሑመራ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ሰቲት ሑመራ ቤት ፍርዲ ፍታብሄር ምድብ መጋባእያ**

ከሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ከ/ል ሄኖክ ኣድባሩ ኣ/ሻ ጣ/ያ ኣወራ ብዝተኸሰስኩምሉ ኮብለለ ገበን መሰረት ተኸሳሲ ንዕለት 06/11/12 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ዝረአይ ምኳኑ ነፍልጥ ክብል ወ/ኣ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ኣውራ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ወልቃይት ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ኣውራ**

ከሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ይደግ ካሳሁን ኣ/ሻ ጣ/ያ ሽገለ ቁሸት ማይተክሊ ኣብ ሞንጉኦም ብዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን መሰረት ተኸሳሲ ንዕለት 06/11/12 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ዝረ ኣይ ምኳኑ ነፍልጥ ክብል ወ/ኣ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ኣውራ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ወልቃይት ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ኣውራ**

ኸሳሲ - ዓ/ሕጊ ዞባ ምዕራብ ትግራይ

ተኸሰስቲ ፡-1 ኣይተ ኣበባው ዘማርያም ሞገስ ኣ/ሻ ክልል ትግራይ ዞባ ምዕራብ ወረዳ ፀገዴ ጣብያ ዓዲ ሰላም ቁሸት ዓዲ ኣገው

2 ኣይተ ሊቁ ተሾመ ኣምበሉ ኣ/ሻ ክልል ትግራይ ዞባ ምዕራብ ወረዳ ፀገዴ ጣብያ ዓዲ ሰላም ቁሸት ዓዲ ኣገው ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ቅትለት ሰብ ገበን ክሲ መሰረት ተኸሰስቲ ንዕለት 20/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዳንሻ ቀሪብኹም ንክትከታተሉ እንተ ዘይቀሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከምዝረአ ዝተኣዘዘ ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዳንሻ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ዞባ ምዕራብ ትግራይ

ተኸሳሲ 1 ኣይተ ኣዲሱ ማሩ ኣያሌው ኣ/ሻ ወረዳ ፀገዴ ጣብያ እንጣቤላ ቁሸት ሰላው

ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ቅትለት ሰብ ገበን ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ንዕለት 20/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ናብ ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዳንሻ ቀሪብኹም ንኽከታተል እንተዘ ይቀሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከም ዝረአ ዝተኣዘዘ ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዳንሻ**

ኸሳሲ ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ መሰለ ነጠረ ገ/ትንሳኤ ኣ/ሻ ወ/ቃ/ሑመራ ጣብያ ማይካድራ ቀጠና 5 መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ብሕጊ ገበን ዓንቀፅ 669/3/ ለ/ መሰረት ገበን ክሲ ስለ ዝቀረበልኩም ናብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ምድብ መጋባእያ ሑመራ ንዕለት 14/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንጉሆ ቀሪብኹም ንኽትከታተሉ ኣብ ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኹም ድማ ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኳኑ ፈሊጥኹም ንክትቐርቡ ክብል ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ሙለይ ተኸለማርያም ገ/መድህን ኣ/ሻ ወ/ቃ/ሑመራ ጣብያ ፍረሰላም ቁሸት ሱር ተኸሳሲ ብገበን ከቢድ ኣካል ምጉዳል ኣብ ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ቤት ፍርዲ ም/መጋባእያ ሑመራ ተኸሳሲ ኣብ ቆፀሮኡ ክቐርብ ስለዘይኻኣለ ብኣድራሻኡ ተኣሊሹ እውን ስለዘይተረኸበ ኣብ ቀፃሊ ቆፀሮኡ ንዕለት 03/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ ክከታተል እንተዘይቐሪቡ ግና ጉዳዩ ብዘየለሉ ከም ዝርአ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ባህታ ማሙ ብርሃነ ኣድራሻ ወ/ወልቃይት ጣብያ ሸቑዳ ቁሸት ሓይላይ ብዝተኸሰሰሉ ገበን ከቢድ ስርቂ መሰረት ንስኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ንክረአ ቅድሚ ምውሳኑ ንዕለት 13/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ኣብ ወረዳ ወልቃይት ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባኢያ ዓዲ ረመፅ ቐሪብኩም ንክትከታተሉ እንተዘየቐሪብኩም ግና ጉዳ ይኹም ብዘየለኹምሉ ተራኡዩ ከም ዝውሰን ወረዳ ወልቃይት ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባኢያ ዓዲ ረመፅ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ወልቃይት ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባኢያ ዓዲ ረመፅ**

ኸሳሲ ወ/ወ/ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ እንዳልከው ፀጋይ ኣቦሆይ ብዝተኸሰሰሉ ገበን ከቢድ ኣካል ጉድኣት መሰረት ተኸሳሲ ኣብ ቆፀሮ ዕለት 18 ነሓሰ 2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክቐርብ እንተዘየቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከምዝርአ ወረዳ ወልቃይት ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባኢያ ዓዲ ረመፅ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ወልቃይት ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባኢያ ዓዲ ረመፅ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ዞባ ምዕራብ ትግራይ፣ ተኸሳሲ 1 ኣይተ ገብረሂወት ገብረተንሰይ ተስፋ ኣ/ሻ ክልል ትግራይ ዞባ ምዕራብ ወረዳ ፀጌደ ጣብያ ዙርያ ዳንሻ ቁሸት ካዛ

ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ክትራን ገበን ክሲ መሰረት ተኸሰስቲ ንዕለት 21/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዳንሻ ቀሪብኹም ንኽትከታተሉ እንተዘይ ቀሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከም ዝረአ ዝተኣዘዘ ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዳንሻ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ን/ወ/ቃ/ዓ/ሕርዲ

ተኸሰስቲ፡-1 ኣይተ እንካየነህ ግደይ ፀጋይ ኣ/ሻወ/ቃ/ሑመራ ጣብያ ዓ/ሕርዲ

2 ኣይተ ነጋ ግደይ ፀጋይ ኣ/ሻወ/ቃ/ሑመራ ጣብያ ዓ/ሕርዲ ተኸሰስቲ ብገበን ከቢደ ኣካል ምጉዳል ኣብ ቤት ፍርዲ ዓ/ሕርዲ ተኸሲሶም ኣብ ግዜ ቆፀሮኦም ክቐርቡ ስለዘይኻኣሉ ብኣድራሽኦም ተኣልሾም እውን ክርከቡ ስለዘይኻኣሉ ኣብ ቆፀሮ ዕለት 02/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ቤት ፍርዲ ቀሪቦም ንክከታተሉ እንተዘይቀሪቦም ግና ጉዳዮም ብዘየለዉሉ ከምዝረአ ቤት ፍርዲ ንኡሰ ወረዳ ዓዲ ሕርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ንኡሰ ወረዳ ቃፍታ ዓዲ ሕርዲ**

ብሽም ወ/ሮ ኣወጣሽ ግደይ ኪዳኑ ዝፍለጥ ትሕዝቶ መሬት ኣብ ከ/ሰ/ሑመራ ቀበሌ 02 ቀጠና 01 ዝርከብ መዋሰኒኡ ብሰሜን ጀረዲን ብደቡብ መንገዲ ብምብራቕ መንገዲ ብምዕራብ ኣብርሀት ወ/ገበርኤል ስፍሓቱ 632.08 ካ/ሜ ዝኾነ ፀፍፉ ነገር ግን ማህተም ስለዘየብሉን ዝተማልአ መረዳእታ ስለዘይኾነን እዚ ከምዚ ኢሉ እናሃለወ ሳይት ፕላን ሰረሕና ክነማ ሓድሮም ሰለዘደለና ተቃዋሚ እንተሃለዩ እዚ ጋዜጣ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት መዛጋጃ ከ/ሰ/ሑመራ ንክቀርብ ንሕብር ፡፡

**ቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ ከይዲ ስራሕ መሬት ምልማዕን ምሕደራነ ከ/ሰ/ሑመራ**

## ዞባ መቐለ

ኸሳሲ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቃርን ን/ጨንፈር ኣ/እንስሳ

ተኸሳሲ 1. ኣይተ ገ/ሃወርያ ኣረጋዊ ተክለ መንጎ ብዘሎ ናይ ልቓሕ ገንዘብ ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 27/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡30 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተ ዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ደደቢት ትካል ልቃሕን ዕቃርን ን/ጨንፈር ጡረታ፣ ተኸሰስቲ 1. መ/ር ግርማ ሞገስ ጥበቡ 2.¸መ/ር ጌታቸው ባህታ ወ/ስላሴ መንጎ ብዘሎ ናይ ልቓሕ ገንዘብ ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 27/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ኣይተ ኣማዘ ኣፅብሃ ወኪል መ/ር ሃይላይ ኣማዘ ፣ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ብርሃነ ተስፋይ መንጎ ብዘሎ ናይ ጉድኣት ካሕሳ ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 21/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡


**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ሃፍቶም ሃ/ሚከኤል ኣብርሃ መንጎ ብዘሎ ናይ እምባጋሮ ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 15/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ**

ኸሳሲ ከተማ መቐለ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ 1.ስምኦን ጣዓመ ሃይሉ 2.¸ዓምዶም ገ/ሰላሴ ገ/ማርያም 3. ዮናሰ መብራህቱ ኪሮስ 4. ገ/ሂንስ ገ/ኣብዝጊ መሰለ 5. ማህደር ግርማይ ኪሮስ መንጎ ብዘሎ ናይ እምባጋሮ ምፍጣር ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 4/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ**





# ፈትሊ ሓቂ ትምንምን እምበር ኣይትብተኽን

**ብተሻለ ገ/ሄር**

ኩናት ኣብ ዝኾነ እዋን፣ ከባብን ማሕበረሰብን ፈቲኻ እትኣትዎ ፀወታ ኣይኮነን፤ ኣብ መወዳእታ ዝውሰድ መማረዒ እምበር። ህዝቢ ትግራይ እውን ኣብታሪኹ ዘካ የዶም ኲሎም ዓውደ ውግኣት ወፅዓን ባርነትን ንዘይምቕባል እምበር ወልፊ ኲናት ሃልይዎ ኣይ ነበረን። ምስ ብሄራዊ መንነቱን ህልውንኡን ዝፃብኡ ሓይልታት እናገጠመ፣ በቢምዕራፉ ኣሸ ሓት ደቁ እናገበረ ዝመፀ ህዝቢ ምዃኑ ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ከም ህዝቢ ሕልሚ ባዕዳዊ መግዛእቲ ተሓንጊጦም ንዝመፁ ወረርቲ ሓይልታት ገጢሙ፣ ስዕረቶም ክቕበሉ ብምግባር ባና ሓርነት ንዝሓረሞም ህዝብታት ዓለም ፅንዓትን ጅግንነትን ዘምሃረ ህዝቢ እንተሃለወ ህዝቢ ትግራይ እዩ፡፡

ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ባዕዳውያን ወረርቲ ሓይልታት እንግሊዝ፣ ጣልያን፣ ቱርክ ኢሉ እውን ግብፂ ንኢትዮድያ እንትወሩ፣ ፈለማ ዝገጠሙ ምስ ህዝቢ ትግራይ ነይሩ።ህዝቢ ትግራይ ምስ ኣርባዕቲኦም ሓይልታት እንትገጥም ምእንተ ላእ ላውነት እዛ ሃገር ዝኸፈሎ መስዋእትን መጉዳእትን ምስክርነቱ ንታሪኽ ንግደፎ።

መስዋእቲ ህዝቢ ትግራይ ማዕረ ማዕረ ምስ ባዕዳዊ ወራር ዝተገበረ ኣብ ውሽጢ ሃገር ምስ ዝነበረ ጨፍላቒን ኣሃዳዊ ፋሽሽታዊ ስርዓትን ንምድምሳስ ዝተገበረ ቃልስን መስዋእትን ዝለዓለ እዩ። ን17 ዓመታት ዝተኻየደ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ንፋሽሽታዊ ስርዓት ደርግ ስዕረት ኣጎልቢቡ ንዓለም ዘስደመመ ቅያ ሰሪሑ።ነዚ መሰረት ብም ግባር ዘዘራረብናዮም ጉዱኣት ኲናት ነባራት ተጋደልቲ ከተማ መቐለ ዝስዕብ ሓሳብ ይገልፁ፡፡

ሓይልታት ትምክሕትን ሰዓብቶምን ብቕልፅም ወያነ ተደቒሶም ምስተሰዓሩ ሃገር ሰላማዊ ንፋስ ረኺባ፣ ህዝቢ ሪኡዎ ዘይፈልጥ ንፋስ ነፃነት ተንፊሱ፣ ብሰላም ወፂኡ ብሰላም ክኣቱ ኪኢሉ ።ህዝቢ ትግራይ እውን ደቁ ዝገበረሉ ዕላማ ንምዕዋት ናብ ወፍሪ ልምዓት ተሰጋጊሩ።ስርዓት ደርግ ምስተደምሰሰ፣ ነቲ ካልእ ፀላኢ ዝኾነ ድኽነትን ድሕረትን ብምቅላስ ን27 ዓመታት ሃገርን ህዝብን ናብ ሕምባበ ለውጢ ዘእተወ ኩለመዳይ ልምዓት ተሳሊጡ ።ህዝቢ ትግራይ ተቓሊሱን መስዋእቲ ከፊሉን ዝተኸሎ ሰላምን ልምዓትን ብምኽሓድ ሞሳ ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ብፀለሎ ክለኽዩ ድቃስ ሲኢኖም ሕርድግ ዝብሉ ዝበስበሱ ፅግዕተኛ ሓይልታት ኣብዚ እዋን ተፈጢሮም ዳግም ናብ ኲናት ከእትውዎ ይፅዕሩ ኣለዉ።

እንተ ህዝቢ ትግራይ ግና ኣመፃፅኣ ታሪኹ ኣፀቢቑ ስለዝፈልጥ ከምቲ "ንፀላኢኻ ኣይት ፍራሓዮ፣ ንዒቕካዮ እውን ኣይትሃርስ" ዝበሃል፣ ነቶም ታሪኽ ንምቕያር ዝፅዕሩ ፅግዕተኛ ሓይልታት እናመከተ ሎሚ እውን ድኽነት ንምቕባር ለይትን ቀትርን ኣብ ምስራሕ ይርከብ።ምስ መሪሕ ውድቡን ክልላዊ መንግስቱን ሓደ ልቢ ብምዃን፣ ብሓፂር፣ ብማእኸላይን ነዊሕን ኣንፈታት ዝተሓንፀፁ ትል ምታቱ ከየዛነፈ፣ ኣብ ስራሕ ተፀሚዱ ይርከብ። ነዚ ዕስራን ኣርባዕተን ሰዓት ኣብ ስራሕ ዝተፀመደ መንግስቲ፣ መሪሕ ውድብን ህዝብን ንምትዕንቃፍ እዮም እምብኣር ኣሃዳውያን ፅግዕተኛ ሓይልታት ድቃስ ዝሰኣኑ ይብሉ ኣባላት ጉድኣት ኲናት ነባራት ተጋደልቲ ።



**ከምዚ ዓይነት ሓልዮት'ውን ነይሩ ኣብ እዋን ገድሊ**

ከም ፀብፃብ ድምፂ ወያነ ትግራይ ህዝቢ ትግራይ ብደሙን ብመስዋእቲ ደቁን ዝተኸሎ ልምዓታዊ ሕገ መንግስቲ ንምፍራስ፣ ብመስዋእቲ ደቂ ትግራይ ዝተሃነፁ መሰረተ ልምዓታትን ዓበይቲ ፕሮጀክትታትን ዘታዓናቕፉን ብዕራይ ወለደ ሓሶት ብምንዛሕ ታሪኽ ከቕይሩ ላሕ እናበሉ ዝርከቡ ፅግዕተኛ ኣሃዳውያን ሓይልታት፤ መሲሉዋቶም እምበር "ፈትልያ ሓቅስ ትምንምን እምበር ኣይትብተኽን" ከም ዝበሃል እቲ ትኽክለኛ ሓቂ ብርእሱ ክቕብርዎ እንተፃዓሩ ምእንተ ዓርሱ ክብል ብእግሩ ምውፃእ ኣይገድፍን።

ዓለም ምሉእ ዝፈልጦ ታሪኽ ንምቕያር ፈፂሞም ኣይኽእሉን። ንግዚኡ መሲሉዎም ዝተደናገሩ ውሑ ዳት እንተሃለዉ እውን እቲ ሓቂ መስመሩ ሓልዩ እንት መፅእ ከምቲ "ሓሳውን ስንቅን እናሓደረ ይፈኩስ" ዝበሃል ከም ጨርቂ ቀሊሎም ምስተረፉ ዓርሶም ዝፀልእሉ ኣጋጣሚ ከም ዝፍጠር ይገልፅ፡፡

እዞም ወሃብቲ ሪኢቶ ተጋደልቲ ኣብቲ ን17 ዓመታት ዝተኻየደ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ፍርቂ ኣካሎም ዝገበሩን ሰብ ዋና ታሪኽ ዝኾኑን እዮም። እዞም ተጋደልቲ ኣብ ከተማ መቐለ ስፍራ ጀጋኑ ኣብ ዝበሃል ከባቢ ነበርቲ እንትኾኑ፣ ምእንተ ህዝብን ሃገርን ክብሉ ካብ ክልል ትግራይ ወፃኢ ኣብ ክልል ኣምሓራ ማለት ኣብ መሬት ኣምሓራ መጉዳእቲ ኣካል ዝበፅሖም እዮም። ተጋዳላይ ገ/ሚካኤል ሃይለ፣ ተጋዳላይ ፀጋይ ሓጎስን ተጋዳላይ ንጉስ ገብረተኽለን ይበሃሉ። እዞም ጀጋኑ ተጋደልቲ ኣብ እዋን ንእስነቶም ኣብ ከባቢኦምን ህዝቦምን ዝበፅሕ ዝነበረ መፅቀጥትን ግፍዕን መሪሩዎም፣ ኣንፃር እቲ ግፍዓዊ ስርዓት ንምቅላስ ገሊኦም ኣብ 1971ዓ/ም ገሊኦም ድማ ክሳብ 1982 ዓ/ም ከከም ዕድሚኦም ንፋሽሽታዊ ስር ዓት ደርግ ንምውጋድ ናብ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝተፀ ምበሩ እዮም።

ዕድመ ንእስነቶም እንተይፀገቡ፣ እንጀራ ኣዲኦም በሊዖም እንተይ መነዉ ኣብቲ እንካን ሃባን ንእስነቶም ምእንቲ ህዝብን ሃገርን ክብሉ ነቲ ውልቀ መላኺን ጨካን ግፍዓውን ስርዓት ካብ ስሩ ንምቡቛስ እናተቓለሱ ዓወት ኣብርእሲ ዓወት እናተጎናፀፉ እንትምርሹ ልክዕ ከምቶም ብፆቶምን መቓልስቶምን ዝበፅሖም ዝነበረ መስዋእትን መጉዳእትን በፂሑዎም። ፀላኢ ዝገብሮም ዝነበረ ጨፍጫፍን ተደጋጋሚ ግፍዕታትን፣ ህዝቢ ትግራይ ንምስኳን ዝኸተሎ ዝነበረ እኩይ ተግባርን እንታይ ከም ዝመስል ከም ዝስዕብ ይገልፁ፡፡

ህዝቢ ትግራይ ኣብ መዋእሉ ምእንተ እዛ ሃገር ክብል ተደጋጋሚ ቃልስን መስዋእትን እናኸፈለ ዝመፀሉ ምኽንያት ይብሉ እቶም ተጋደልቲ፣ ንን ውሕ ዝበለ እዋናት ተደራራቢ ወፅዓን ጭቆናን ስለዝ ወረድዎ እዩ። ከም ህዝቢ ብቛንቋኡ ከይዛረብ፣ ከይ ምሃር፣ ብባህሉን መንነቱን ከይኾርዕ እናተሸቑረረ ክነብር፣ መገልገላይን ርእሱ ኣድኒኑ ተገዛኣይ መሳፍትን ጨቆንትን ክኸውን ምግባር፣ ብፍላይ ድማ ህዝቢ ከም ህዝቢ ዘርኡ ንምጥፋእ ብዝገብርዎ ዝነበሩ ኣርዑት መፅቀጥትን ጭፍለቓን መሪሩዎ ፣ ምኽኣል ኣብዩዎ ተደጋጋሚ ቃልሲ ኣካይዱ እዩ።

ትግራይን ህዝቢ ትግራይን መበቆል ስልጣነን ስልጡን ማሕበራዊ ክብርታት ብምንባሩ እቲ ታሪኽን ስልጣነን ትግራዋይ ጨውዮም ብምውሳድ ናይ ባዕሎም ታሪኽ ንምግባር ወይ ንምምሳል ነቲ ባዓል ዋና እቲ ታሪኽ ዝኾነ ኲሩዕ ህዝቢ ከየጥፍኡ ስለዘይድቕሱ ኣብ ልዕሊኡ ተደራራቢ ግፍዕታት ብምፍፃም ርእሱ ከድንን ስለዝገብሩ፣ ህዝቢ ትግራይ ድማ ክስዋእ እምበር ርእሱ ኣድኒኑ ስለዘይግዛእ ተደጋጋሚ ቃልስን መስዋእትን ክኸፍል ገይርዎ እዩ። ስለዚ ኣብ ትግራይ ዘለዉ ሃፍተ ገነትን ታሪኻዊ ቅርስታትን ስልጣነታትን ናይ ዓርሶም ንምግባር ዝገብርዎ ወራር ከምቲ" እንተዘይበላዕኹዎ ዋላ ዘይብትኖ " ዝበሃል እንተዘይ ወነንዎ ንከባላሽዉዎ ዝገብርዎ ዝነበሩ እኩይ ተግ ባር ኣይሕልፈኩምን ስለዝብሎምን እዩ፡፡

እቲ ዝኸፍአ ነገር ድማ ይብሉ እቶም ተጋደልቲ፣ ኲሎም ፀላእቲ ትግራይ ባዕሎም ፊት ንፊት ምስ ህዝቢ ትግራይ ካብ ዝቃለሱ፣ ብትግራዋይ ባንዳ ብስልጣን፣ ብገንዘብ፣ ብኸብዱ፣ ወዘተ. ኣዕሽዮም ትግራዋይ ንትግራዋይ ክወግኦ ብምግባር፣ ኣብ ሕድሕድ ትግራዋይ ንዘላኣለም ዘይርሳዕ በሰላ ፈጢሮም። ኣብ ዘበነ ሃይለስላሰ ይኹን ፋሽሽት ስርዓት ደርግ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ መስካሕክሒ ግፍዒ ዝፈፀሙ ባንዳታት እዮም።መእተውን መውፅእን በርታት ዝፈልጡ፣ መን ኣበይ ከምዘሎ፣ መን ምስ መን እንታይ ከም ዝሰርሕ ብምፅናዕ እቲ ኲሉ መንእሰይ ትግራይ ዝተሓረደ፣ ዝተንተተ፣ ሬስኡ ኣብ ጎደናታት ዝተሰጥሐን ብባንዳታት እዩ። እተን ኲለን ኣደታት ትግራይ ዝተሓረዳ፣ ኣብ ልዕሊ ሬሳ ውላደንን በዓል ገዝአንን ተላሂያ እናተበሃላ ዝተገረፋን ዝተገፍዓን ብሰንኪ ባንዳታት እዩ።

እተን ኲለን ቁሸታት ትግራይ ዝተቓፀላ፣ እተን ኲለን ከተማታት ትግራይ ብሰማይን ብምድርን ብታንክን ብኣየርን ዝተጨፍጨፋን ዝተደብደባን ብባንዳታት እዩ።ካልእ ይትረፍ ውራይ ዕዳጋኡ ንምፍፃም ክብል ካብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ኣብ ከተማ ሓውዜን ዝተኣከበ ህዝቢ ብሓደ ፀሓይ 2500 ዝኣክል ሰብ ከም ቆፀሊ ዝረገፈ፣ ልዕሊ 1500ዝኣክል ከቢድ ጉድኣት ዝበፅሖ፣ ሬሳ ሰብን እንሰሳን ንምፍላዩ ዘፀገመ ፣ ደም ሰብን እንሰሳን ልክዕ ከም ውሕጅ ዝፈሰሰ ብመሪሕነት ባንዳታት እዩ ክብሉ ሕሰም እቲ ዝሓለፈ እዋን ይገልፁ፡፡

ስለዚ ጥቕልል ኣቢልካ እንትርእ ኲሎም ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ትግራዋይ ብትግራዋይ ገይሮም ብምውቃዕ ይሰርሑ። ብግምባር ምስትግራዋይ ተዋጊኦም ይኹን ተሟጊቶም ክንስዕር ኢና ኢሎም ተቓሊሶም ኣይፈልጡን። ሕዚ እውን ባዕሉ እቲ ዝሓለፈ ተግባር ንምድጋም ዝኸሓዱን ብዝተ ፈላለየ ምኽንያት ዝተቐየሙን ባንዳታት መሳርሒ ብምጥቃም ህዝቢ ትግራግራይ ንምስኳን ይሰርሑ ኣለዉ። ገለ ድማ ብገንዘብ ዝተሸወዱን ምንም ኣፍልጦ ዘይብሎም ዝጠሓሉ እውን ከም መሳርሒ እናተጠቕሙ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ክዘምቱ ይገብሩ ኣለዉ፡፡

ንህዝቢ ትግራይ ዳግም ንምውቃዕ ዘሎን ዘየሎን ሓይሎም ኣውፂኦም ዝሰርሕዎ ዘለዉ ስራሕ ክፍሸልን ከውቃዕን ዝኽእል ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ ድማ መንእሰይ ትግራይ ውሽጣዊ ሓድነቱ ኣጠናኺሩ፣ ምስ መንግስቱን መሪሕ ውድቡን ሓደ ብምዃን ክሰርሕን ክቃለስን ይግባእ ክብሉ መል እኽቶም ዝገለፁ እዞም ተጋደልቲ፣ ኣብ መወዳእታ እውን ህዝቢ ሕድሕድ ምንቅስቓሱን መኸትኡን ምስ ምክልኻል ኮሮና ቫይረስ ጥንቃቐ ብዝተመልአ ክኸውን ከም ዘለዎ እውን ይገልፁ። ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ እናተኾለፀን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተ ሰጋገረን ይነብር እምበር ፍፁም ኣይሃስስን፡፡

**ሕድሪ ሰማእታትና ኣፅኒዕና ንመኽተ !**




ኸሳሲ - ክ/ከ/ሰሜን ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ - ኮ/ል ደረጀው ጌታሁን ኣደራ ኣድራሻ ከተማ መቐለ ፣ ክ/ከተማ ቀዳማይ ወያነ ፣ ጣብያ ሰላም ፣ ቀጠና 03 ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ኣገድድኻ ምድፋር ገበን ጉዳይ ኮይኑ ተኸሳሲ መዝገብኩም ኣብ ከይዲ ስለ ዝርከብ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 15/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ ኣብ ግዜ ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ከምዝወሃበሉ ነፍልጥ ክብል ሰሜን ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሰሜን**
**ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ 1. ኣይተ መሓሪ ገ/ሄር ፃድቕ መንነ ብዘሎ ናይ መውቃዕቲ ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 10/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ**
**ቤት ፍርዲ**

መመልከቲት ወ/ሮ ፀጋብርሃን ገ/ሂወት ነዋር ነተይ ኣብ ከተማ መቐለ ጣብያ ዓይደር ዝኾንኩ ካብ ክረስትና ሃይማኖት ናብ እስልምና ሃይማኖት ዝኣተኹ ምኻነይ ብእስልምና ሃይማኖት ሽመይ ድማ ወ/ሮ ናስራ ገ/ሂወት ተባህለ ንክፅዋዕ ዝቃወም እንተሃልዩ ንዕለት 14/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክቐርብ ዞባ መቐለ ሽሪዓ ቓዲ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ዞባ መቐለ ሽሪዓ ቓዲ**
**ቤት ፍርዲ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲ ኮምሽን ስነ ምግባርን ፀረ-ግዕዘይናን ክልል ትግራይ፣ ኣፈ/ተኸሳሲ ኣይተ ገ/ሄር ተ/ሃይማኖት ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክትዕ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ገበን መጋባእያ ዕለት 09/10/2012 ዓ/ም ኣብ ዝሃቦ ትእዛዝ ንክትዕ መበገሲ ዝኾነ ብሽም ተኸሳሲ ኣይተ ገ/ሄር ተ/ሃይማኖት ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ኣብ ዞባ ሰ/ምዕራብ ትግራይ ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ቀበሌ 02 ዝርከብ መዋሰኒኡ ብምብራቕ ሺሻይ ገብሩ ብሰሜን መንገዲ ብምዕራብ መንገዲ ብደቡብ ትኩእ ገ/መድህን ስፍሓቱ 175 ክ/ሜትር ዝኾነ ብመበገሲ ዋጋ ብር 358,875.00 /ሰለስተ ሚኣትን ሓምሳን ሾሞንተን ሽሕን ሸሞንተ ሚእትን ሰብዓን ሓሙሽተን ብርን/ ክጫረት ሰለዝተደለየ ክትጫረቱ እትደልዩ ወገናት ባዕልኹም ወይ ድማ ብሕጋዊ ወኪልኩም ኣብልኹም ኣብቲ ገዛን ቦታን ዝርከበሉ ኣድራሻ ኣብ ዞባ ሰ/ምዕራብ ትግራይ ከተማ ሽረ እንዳስለሴ ቀበሌ 02 ዕለት 29/01/2013 ዓ/ም ብምቕራብ በቲ ዝተጠቐሰ ዕለት ካብ ንጉሆ ሰዓት 3፡00 ጀምሩ ክሳብ ረፋድ ሰዓት 6፡00 ክትጫረቱ ትኽእሉ ምኻንኩምን ጨረታ ሰዓራይ ድማ ሽም መዘዋወሪ ባዕሉ ዝኸፍል ምኻኑ ፈሊጡ ንክጨረት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ተግራይ ገበን መጋባእያ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል**
**ተግራይ ገበን መጋባእያ**

**ንመፈለምታ ግዜ ዝወፅ ጨረታ**

**ኣንበሳ ኢንተርናሽናል ባንኪ ኣ/ማ ብኣዋጅ ቁፅሪ 97/90፣98/90ን 216/ 92ን ብዝተውሃቦ ስልጣን መሰረት ቀፂሎም ተዘርዚሮም ንዝርከቡ ንብረታት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ንምሻጥ ይደሊ፡፡**

| ቁፅሪ | ሽም ተለቃሒ | ሽም ንብረት ኣትሓዚ | ኣለቃሒ ጨንፈር | ኣድራሻ ንብረት | | | | ስፍሓት ቦታ | ናይ በዓል-ቤትነት መረጋገፂ ምስክር ወረቐት | ዓይነት ንብረት | ናይ ጨረታ መልዓሊ ዋጋ | ጨረታ ዝካየደሉ ዕለትን ሰዓትን |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | | ከተማ | ወረዳ | ቀበሌ | ገዛቁ | | | | | |
| 1 | ኣቶ ኣክሊሉ ዘርኣዳዊት ደሞዝ | ኣቶ ኣክሊሉ ዘርኣዳዊት ደሞዝ | ወቕሮ-ማራይ | ወቕሮ - ማራይ | ታ/ማ/ጨው | 03 | - | 145.20ካ/ሜ | 935/19/ሳ/ፐ/2002 | ድርጅት ገዛ | 1,901,555.45 | ነሓሰ 7/2012 ዓ/ም ካብ ንጉሆ 3፡00 – 5፡00 |
| 2 | ኣቶ ኣክሊሉ ዘርኣዳዊት ደሞዝ | ኣቶ ኣክሊሉ ዘርኣዳዊት ደሞዝ | ወቕሮ-ማራይ | ወቕሮ - ማራይ | ታ/ማ/ጨው | 03 | - | 226.8 ካ/ሜ | 1705/ሳ/ፐ/19/7/99 | ድርጅት ገዛ | 763,793.24 | ነሓሰ 7/2012 ዓ/ም ድሕሪ ሰዓት ካብ 8፡00 -10 ፡00 |
| 3 | ሃ/ቃ ተስፋይ ገ/መድህን ወ/ገርግስ | ሃ/ቃ ተስፋይ ገ/መድህን ወ/ገርግስ | እንትጮ | እንትጮ | ኣሕፈሮም | 01 | - | 158.40 ካ/ሜ | ም / መ / ማ / እ / ማዝ/1661 | ድርጅት ገዛ | 2,349,412.61 | ነሓሰ 8/2012 ዓ/ም ድሕሪ ሰዓት ካብ 8፡00 -10 ፡00 |

**መተሓሳሰቢ ፡-**

1.ተጫረቲ ናይ ጨረታ መበገሲ ዋጋ ርብዒ /1/4/ ወይ ድማ 25% ብባንኪ ብዝተረጋገፀ ናይ ክፍሊት ሰነድ/CPO/ ብምቕራብ ወይ ድማ ብጥረ ገንዘብ ብምትሓዝ ክጫረቱ ይኽእሉ፡፡
2.ጨረታ ዝካየደሉ ቦታ ኣብቲ ሰንጠረዥ ዝተቐመጡ ንብረታት ዝርከብሉ ኣድራሻ እዩ፡፡
3.ናይ ተጫረቲ ምዝገባ ዝካየድ ንጉሆ ንዝካየድ ጨረታ ካብ 3፡00-4፡30 እንትኸውን ድሕሪ ቀትሪ ንዝካየድ ድማ ካብ 8፡00-9፡30 ይኸውን፡፡
4. ናይ ጨረታ ኣሸናፊ ኣሸናፊ ምዃኑ ካብ ዝፈለጠሉ ዕለት ጀሚሩ ዝተረፈ ገንዘብ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ሓሙሽተ/15/ መዓልቲ ኣጠቓሊሉ ክኸፍል ይግባእ፡፡ እንተዘይከፊሉ ግን ናይቲ ጨረታ ውፅኢት ተሰሪዙ ዘትሓዞ ገንዘብ ኣይምለሰሉን፡፡
5. ኣብቲ ጨረታ ዝተሸነፉ ተጫረቲ ዘትሓዝዎ ገንዘብ ይምለሰሎም፡፡
6. ኣብቲ ዝተጠቐሰ ሰዓት እቲ ጨረታ እንተዘይተወዲኡ ክናዋሕ ይኽእል እዩ፡፡
7. እቲ ንብረት ናብ ናይ ገዛኢ ስም ንክዘውር ባንኪ ናብ ዝምልከቶ መንግስታዊ ኣካል ደብዳቤ ይፅሕፍ፡፡
8. እቲ ንብረት ኣብ ዝመሓላለፈሉ ግዜ ንመንግስቲ ዝኸፈል ዝኾነ ይኹን ክፍሊት ወይ ግብሪ ቫትን ወሲኹ ገዛኢ ይኸፍል፡፡
9. እቲ ባንኪ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ በቲ ጨረታ ኣይግደድን፡፡
10. ናይቲ ባንኪ ናይ ልቓሕ መምርሒ ንዝኽተሉ ተጫረቲ ናይ ዝገዝእሉ ዋጋ ካብ ሓምሳ ሚታዊ/50%/ ዘይበልፅ ናይ ልቓሕ ግልጋሎት ክመቻቸወሉ ይኽእል፡፡
11. ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣንበሳ ኢንተርናሽናል ባንኪ ኣ/ማ ሰሜን ሪጂን ፅ/ቤት ብቀጥታ ስልኪ ቁፅሪ 034-241-63-53 ደዊሎም ክሓቱ ይኽእሉ፡፡
1. ኣብ ተራ ቁፅሪ ሓደን ክልተን ዝተቐመጡ ንብረት ብዝምልከት ኣብ ዝኾነ ናይ ስራሕ ሰዓት ብባንኪ ውቅሮማራይ ቅርንጫፍ ኣቢሎም ምጉብናይ ወይ ድማ ብስልኪ ቁፅሪ 034-668-07-42/766 ሓበሬታ ምሕታት ይኽእሉ፡፡
2.ኣብ ተራ ቁፅሪ ሰለስተ ንዝተቐመጠ ንብረት ብዝምልከት ኣብ ዝኾነ ናይ ስራሕ ሰዓት ብባንኪ እንትጮ ቅርንጫፍ ኣቢሎም ምጉብናይ ወይ ድማ ብስልኪ ቁፅሪ 034-449-05-69/0639 ሓበሬታ ምሕታት ይኽእሉ፡፡

**ኣንበሳ ኢንተርናሽናል ባንኪ ኣ/ማ ሰሜን ሪጂን ፅ/ቤት**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲ ኮምሽን ስነ ምግባርን ፀረ-ግዕዘይናን ክልል ትግራይ፣ ኣፈ/ተኸሳሲ ሃለቃ ሙሉ ኣለም ኣስገዶም ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክትዕ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ገበን መጋባእያ ዕለት 09/10/2012 ዓ/ም ኣብ ዝሃቦ ትእዛዝ ንክትዕ መበገሲ ዝኾነ ብሽም ተኸሳሲ ሃለቃ ሙሉ ኣለም ኣስገዶም ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ኣብ ዞባ ሰ/ምዕራብ ትግራይ ወረዳ ኣስገደ ፅምብላ ከተማ እ/ጉና ዝርከብ መዋሰኒኡ ብምብራቕ ጉዑሽ ብሰሜን መንገዲ ብምዕራብ መንገዲ ብደቡብ ሽፈራው ስፍሓቱ 230 ክ/ሜትር ዝኾነ ብመበገሲ ዋጋ ብር 43,193.84 /ኣርብዓን ሰለስተን ሽሕን ሓደ ሚእትን ቴስዓን ሰለስተን ብርን 84/100 / ክጫረት ሰለዝተደለየ ክትጫረቱ እትደልዩ ወገናት ባዕልኹም ወይ ድማ ብሕጋዊ ወኪልኩም ኣብልኹም ኣብቲ ገዛን ቦታን ዝርከበሉ ኣድራሻ ኣብ ዞባ ሰ/ምዕራብ ትግራይ ወረዳ ኣስገደ ፅምብላ ከተማ እ/ጉና ዕለት 28/01/2013 ዓ/ም ብምቕራብ በቲ ዝተጠቐሰ ዕለት ካብ ንጉሆ ሰዓት 3፡00 ጀምሩ ክሳብ ረፋድ ሰዓት 6፡00 ክትጫረቱ ትኽእሉ ምኻንኩምን ጨረታ ሰዓራይ ድማ ሽም መዘዋወሪ ባዕሉ ዝኸፍል ምኻኑ ፈሊጡ ንክጨረት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ተግራይ ገበን መጋባእያ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ተግራይ**
**ገበን መጋባእያ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲት ወ/ሮ ነፃነት ወልዱ፣ ኣፈ/ተኸሳሲ ኣይተ ኣሸናፊ ወ/ማርያም መንጎ ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ጉዳይ ኣብ ክ/ከ/ዓዲ ሓቂ ቀጠና 15 ዝርከብ ገዛን ቦታን መዋሰኒኡ ብምብራቕ ፡ መንገዲ ፣ ምዕራብ ፡ ፐሎት ፣ ሰሜን ፡ ፐሎት ፣ ደቡብ፡ፐሎት ስፍሓቱ 241.33 ሜትር ካሬ ብሽም ኣፈ/ተኸሳሲ ኣሸናፊ ወ/ማርያም ዝፍለጥ መበገሲ ጨረታ ግምት ብር 376,324.79 / ሰለስተ ሚኢትን ሰብዓን ሽድሽተን ሽሕን ሰለስተ ሚኢትን ዒስራን ኣርባዕተን ብርን ሰብዓን ትሽዓተን ሳንቲምን /መበገሲ ንክጫረት ስለ ዝተደለየ ዝጫረት ኣካል እንተሃልዩ ኣብቲ ቦታ ኣብ ክ/ከ/ዓዲ ሓቂ ቀጠና 15 ኣብቲ ገዛ ዘለዎ ቀሪብኩም ዕለት 11/12/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡30 ክሳብ ሰዓት 5፡30 ቀሪብኩም ንክትጫረቱ ክ/ከ/ዓይደር ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ክፍለ ከተማ ዓይደር**
**ቤት ፍርዲ**

ብሽም 1.መኮነን ተስፋይ ገ/ሚካኤል ፣ 2.ወ/ሮ ለተብርሃን ኣባዲ ካሕሳይ ኣብ ጣብያ መለስ ነባር ትሕዝቶ ኮሚቴ ብነባር ትሕዝቶ ዝሓዝዎ መሬት ይግብኦም እዩ ይፀነዐሎም ኢሉ ወሲኑ ስለ ዘሎ ኣብ ክ/ከተማ ሰሜን ገዛን ቦታን ብነባር ትሕዝቶ ይፅናዕ ስለ ዘሎ ተቓዋሚ እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 ናይ ስራሕ መዓልቲ ክቐርብ እንተዘይኽኢሉ ግና ብሽም 1.መኮነን ተስፋይ ገ/ሚካኤል ፣ 2.ወ/ሮ ለተብርሃን ኣባዲ ካሕሳይ ዋንነት ተሰሪሑ እነመሓድሮም ምዃና ንሕብር ፡፡

**ቤት ማዛጋጃ ክ/ከ/ሰሜን**

ብሽም ወ/ሮ ትዝታ ሰለሙን ኣይተ ሙሉብርሃን ሃ/ማርያም ኣብ ጣብያ መለስ ነባር ትሕዝቶ ኮሚቴ ብነባር ትሕዝቶ ዝሓዝዎ መሬት ይግብኦም እዩ ይፀነዐሎም ኢሉ ወሲኑ ስለ ዘሎ ኣብ ክ/ከተማ ሰሜን ገዛን ቦታን ብነባር ትሕዝቶ ይፅናዕ ስለ ዘሎ ተቓዋሚ እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 ናይ ስራሕ መዓልቲ ክቐርብ እንተዘይኽኢሉ ግና ብሽም ወ/ሮ ትዝታ ሰለሙን ኣይተ ሙሉብርሃን ሃ/ማርያም ዋንነት ተሰሪሑ እነመሓድሮም ምዃና ንሕብር ፡፡

**ቤት ማዛጋጃ ክ/ከ/ሰሜን**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ዞባ መቐለ፣ ተኸሳሲ 1. ኣይተ መንግስቱ ሃደራ በርሀ መንጎ ብዘሎ ናይ ፈተነ ቅትለት ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 14/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**
**ገበን መጋባእያ**

ኸሳሲ 1ይ ወያነ ክ/ከ/ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ኣርኣያ ሓሎፎም ንጉሰ፣ 2/ ኣይተ ፍትሃነገስ ኣዲሱ ገ/ዮዉሃንስ መንጎ ብዘሎ ናይ ሸለልትነት ንብረት ጉድኣት ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድ ራሻኹም ተኣልሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 9/11/ 2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ገበን መጋባእያ**

**ናብ ገፅ 8 ይዘውር**

# ሓረስታይና ካብ ዋኒንካ ከይትዘናጋዕ !

**ብይርጋ ኣብርሃ**

ኣብዚ ዓመት ንትግራይ ክሰኩንዋ ላዕልን ታሕትን ይብሉ ዝነበሩ ክልተ ዓበይቲ ፀላእቲ ነይሮም። ንነብሱ ኣቕሂሙ ካብ ኢህወደግ ናብ ብልፅግና ዝተሰጋገረ ጉጅለን ወራር ዕስለ ኣምበጣን እዮም።

ንጉጅለ ብልፅግና መሪሕነት መንግስቲ ትግራይ፣ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይ፣ ብተወሳኺ ድማ መንእሰይን ኣባላት ዲጂታል ወያነን ኣፀቢሮም መኪቶምዎ እዮም። እዚ መኸተ ዘባህረሮም ጉጅለ ብል ፅግና ዘሎን ዘየሎን ዓቕሞም ኣዋፊሮም ህዝቢ ትግራይ ብቁጠባ ንምህሳይ ተንቀሳቒሶም ኣይኮነሎምን። እዙይ ክኾነሎም ዘይከኣለ ህዝቢ ትግራይ ብመንግስቱን ብውድቡን እንዳተመርሐ ኣብ ዝተዋደደ መኸተ ስለዝዓሰለ እዩ።

መንገዲ ብምክያድ ካብ ኣጀንድኡ ዘተዓናቕፎ ሓይሊ ከምዘየለ ኣመስኪሩ።

ሓረስታይ ትግራይ ኣብዚ ከቢድ እዋን ኮይኑ ፖለቲካዊ ንቕሓቱ ብምብራኽ ምስ መሪሕ ውድቡን መንግስቱን ኮይኑ ኣብ ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ቅድሚ 30 ዓመታት ዝጀመሮ ምንቅስቓስ ዝያዳ ኣጠናኺሩ ቀፂሉ። በቢ ዓመቱ ካብ 20 ክሳብ 40 መዓልቲታት ብናፃ ጉልበቱ እንዳወፈረ ዕቀባ ሓመድን ማይን እንዳካየደ፣ ብስነ ህይወታውያን ተኽልታት እንዳደገፈ ዝገበሮም ስራሕቲ ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮ ኣብ እግሪ ጎቦታት ትግራይ ዘሎ ተሓራሳይ መሬቱ ማይ ከፈልፍሉን መስኖ ኪጋፉሕን ስለዝኸኣለ ካብዚ ቀንዲ ዋኒኑ ዘዐንቅፎ ሓይሊ ኣይቕበልን።



**መደባዊ ዛላ ከባቢ ኦፍላ (ፋይል)**

ደበና ፖለቲካ ኢትዮጵያ ከዝንቦ ዝኽእል ቁጠባዊ ሃሰያ ንምንካይ መንግስቲ ዝሃቦ ቆጣባይ ባህሊ ናይ ምምዕባል ኣንፈት ስዒቡ ዝሓሸ ውፅኢት ኣርእዩ እዩ። ጎናጎኒ ምቑጣቡ ማእቶቱ ከደንፍዕ ኩሎም ብሰብ ሞያ ሕርሻ ዝወሃቡዎ መደባት ሓንጎፋይ ኢሉ ብምቕባል ኣብ ቀንዲ ዋኒኑ ተፀሚዱ ኣሎ።

ተፈጥሮ ሓንሳእ ትልግስ ሓንሳእ እውን ትሓስም እያ። እዙይ ተረዲኡ ሓረስታይ ትግራይ ካብ ብሕዚኡ ሕፅረት ዝናብ ከየጋጥም ውሕጅ ኣልዩ ናብ ግራቱ ዘእትወሎም መትረባት ክፀርግን ከመዓራርን፤ ባልዕ ዝራእቲ ከየጋጥም ትኩር ኮይኑ ብንቕሓት ክከታተሎ፣ ብሰብ ሞያ ዝወሃቡዎ እታወታት ብኣግባቡ ኣብ ረብሓ ሓረስታይ ባዕሉ ዘዳለዎም ምህርቲ ዘሰስኑ እታወታት፣ ባህላዊ ድኹዕታት ስራሕቲ ምዕቃብ ጠሊ ክካየድ ብጉጅለ ልምዓት ተወዲቡ ኣብ ልምዓቱ ኢሂን ምሂን ክብል ብዕቱብ ይሰርሕ ኣሎ።

ኣጀንዳ መንግስቲ ትግራይ ልምዓት፣ ሰላም፣ ህላወን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ምርግጋፅ እዩ። ካብዚ ቀንዲ ኣጀንድኡ ከይተዓናቕፍ ህዝቢ ክነቅሕን ክውደብን፣ ኣብ ፀረ ድኽነት ኣጀንድኡ ክዓስል ዝሃቦ ኣንፈት ኣብቶም ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ተግባራዊ ኮይኑ እዩ። እዙይ ስለዝኾነ ድማ ሃገር ኣብ ከቢድ ቅልውላው እንድሃለወት ትግራይ ሰላም ዝዓሰላ፣ ህዝቢ ብናፅነት ሰሪሑ ዝኣትወላ፣ ኩሎም



**ፍርያት ሙዝ ተከዘ (ፋይል)**

ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ህዝቢ ትግራይ ብእዋናዊ ፖለቲካዊ ኣጀንዳን ናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳን ፀሚድካ ካብቲ ቀንዲ ዋኒኑ ዝኾነ ድኽነት ናይ ምጥፋእ ምንቅስቓስ ከተዓናቕፍዎ ፅዒሮም። ኣብ ኢትዮጵያ ቁጠባዊ ምንቅስቓስ ሞይቱ፣ ኢንቨስትመንት ጠቒሊሉ ኣብ ዝጠፍኣሉ፣ ናብራ ሰማይ ኣብ ዝዓረገሉ እዋን ትግራይ ግና ብመሪሕ ውድብ ህወሓት ዝምራሕ መንግስቲ ኣብ ልምዓትን ምንጋስ ሰናይ ምምሕዳርን ስለዝዓሰለ እዩ ሃለዋትን ድሕንነትን ክሕሎ ዝኸኣለ። እዙይ ድማ እታ ንል ዕሊ ሰለስተ ዓመታት መንገዲ ዓፂኻ ትግራይ ብቁጠባ ንምድኻም ዝተገበረ ሽርሒ መኪታ ኣብ ናይ ባዕላ ውሽጣዊ ጥንካረ ኣድሂባ ስለዝሰርሐት እዩ ሕልሚ ፀላእቲ ክቕህም ዝኸኣለ።

ኣብዙይ ብፍላይ ሓረስታይ ትግራይ ማእቶቱ ኣብ ምድንፋዕ፣ ነቲ ከተመታይ ዓንዲ ኮይኑ ፍርያቱ ንህዝቡ ብምቕራብን ተንቀሳቒሲሱ እዩ። ሓረስታይ ትግራይ ዕዳጋ ትግራይ ዘረጋግዑ ፍርያት ሕርሻ ብምፍራይ፣ ናብ ዕዳጋታት ብርትዓዊ ዋጋ ንህዝቢ ብምቕራብ ዕዳጋ ክረጋጋዕ፣ ኣብ ትግራይ ዝተኣለመ ቁጠባዊ ሽርሒ ፖለቲካ ክብርዕን ህዝቢ ትግራይ ኢድን ጓንትን ኮይኑ ሰለስተ ዓመታት ዘሊቑ።

ጉጅለ ብልፅግና ሓረስታይ ትግራይ ማእቶት ከየደንፍዕ ኣብ ስርሑ ከይውዕል ብልኡኻት ባንዳታት ኣቢሉ ክሰኩኖ ካብ ኣጀንዳ ልምዓቱ ከውፅኦ እኳ እንተፈተነ፣ ሓረስታይና እኳ ድኣስ ናህሩ ወሲኹ ወፍርታት ምሕዋይ ሃፍቲ ተፈጥሮ ብዝተጠናኸረ

ሓረስታይ ኣብ ልምዓት መስኖ፣ ልምዓት ሃፍቲ እንስሳ፣ ዝራእቲ ፅድያን ኣዝመራን ኣትኵሩ ሰሪሑ እዩ። ሃፍቲ ተፈጥሮ ብምዕቃብ ዘርኣዮ ጭቡጥ ለውጢ ኣብ 2017 ዓ/ም ፈረንጂ ካብ መንጎ 196 ተወዳደርቲ ሃገራት ብሉፅ ሃርበኛ ሃፍቲ ተፈጥሮ ተባሂሉ ድማ ተሸላማይ ሜዳሊያ ወርቂ ኾይኑ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ኣብቲ መሪር ቃልሲ 17 ዓመታት እውን እንተኾነ ባዶ ሓምሳን ኣርባዕተን ተባሂሉ ብዝፅዋዕ ክፍሊ ሕርሻ ህወሓት ተመሪሑ ኣብ ሓራ መሬት ትግራይ ማእቶት ከደንፍዕ፣ ሕርሻ ብትልሚ ተመሪሑ ክዕወት ተጌሩ እዩ።

እዚ ምዕቡል ባህሊ ስራሕ ዝወነነ ህዝቢ ትግራይ ድሕሪ 1984 ዓመተ ምህረት ኣጠናኺሩ ቀፂሉ። ኣብቲ ብብሉፅ መራሒና ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ዝተቐረፀ ፖሊሲን ስትራቴጂን ዓሲሉ ድማ ኣብ ሕርሻ ትራንስፎርሜሽን ንምምፃእ ዝለዓለ ኣበርክቶ ገይሩ እዩ። ኣብዚ ትግራይ ከም ደሴት ንበይና ተገሊላ ፖለቲካውን ቁጠባውን መጥቃዕቲ ኣብ ዝፍነወላ እዋን እውን ሓረስታይ ትግራይ እቲ ክመፅእ ዝኽእል ፀቕጢ ክፃወር ዝኽእል ቁጠባዊ ዓቕሚ ክሃንፅ ከምዝግበኦ ብመንግስቲ ዝተወሃቦ ኣንፈት ተግባራዊ ይገብር ኣሎ።

ካብ ሰናይ ሓጋዩ ድሕሪ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ናብ መስኖ ዝወፈረ ሓረስታይ ትግራይ ሕዚ ድማ እንሆ ኣብ ክረምታዊ ወፍሪ ምድንፋዕ ማእቶት ተፀሚዱ ይርከብ። እታ ዝርካባ ዘበናዊ ድኹዒ ብምጥቃም፣ ምሩፅ ዘርኢ ካብ መንግስቲ ይኹን ካብ ገባር ናብ ገባርን ካብ ዩንየናትን መሰረታውያን ማሕበራት ሕብረት ስራሕን እንዳወሰደ ኣብ ስራሕቲ ዘርኢ ተፀሚዱ ኣሎ።



**ዒላ ደጋፊ ልምዓት መስኖ (ፋይል)**

ከውዕሎም ይግባእ። ምኽንያቱ ዓንዲ ቁጠባ ክልልና ኣብ ኢድ ሓረስታይ ትግራይ ስለዝርከቡ። ሓረስታይ ትግራይ ነቲ ከተመታይ ቀዳማይ ብርኪ ቁጠባዊ ደገፍ ዝገብር ኣብ ኣንፃር ድኽነት ቃልስና ቅድመ ግንባር ተሰሊፉ ንድኽነት ዝምክት ዘሎ ክፋል ሕ/ሰብ ስለዝኾነ።

እዙይ ዝተረድአ መንግስቲ ትግራይ ንሓረስታይ ትግራይ ብቑዕ ደገፍ ሞያ ክግበር፣ ኩሎም ምህርቲ ዘሰስኑ እታወታት ብዓቕሚ እቲ ክልል ክቐርበሉን ሰባት ብማዕረ ተኸባቢሮም ዝነብሩላ፣ ቁጠባዊ ምንቅስቓሳ ከይተኣጓጎለ ዝቕፅለላ ተምሳሌት ሰላም ኮይና ኣላ። እዙይ ኮይኑ ዘሎ ኩሉ ኣብ ኣጀንድኡ ዓሲሉ ስለዝተቓለሰ እዩ።

ስለዝኾነ ሓረስታይ ትግራይ ብቁጠባ ዘይት ስኮን ትግራይ ኣብ ምፍጣር ግደኻ ዝሓየለ ስለዝኾነ እዙይ ኣጠናኺርካ ክትቕፅሎ ይግባእ። ሎሚ እውን ካብ ኣጀንዳኻ ዘመዛብሉ ጉዳያት እንትመፁ ኣብ ኣጀንዳኻ ፅናዕ።

# ትግራይን መረፃን

ብይርጋ ኣብርሃ

ኣብ ኢትዮጵያ ዝፍጠር መደራጉሓት ፖለቲካ ብብሱል ጥበብ መሪሕነት ኣልዩ፣ ከስዕቦ ዝኽእል ቅልውላው ንቕድሚት ዝኣመተ ብሱል መሪሕነት ህወሓት/ኢህወደግ ብፍላይ ኣብ መረፃ 97 ክፍጠሩ ዝነበሩ ፀገማት ብብስለት መሪሑ ካብ ደበና ጥፍኣት ሃገር ናብ ሙሉእ ፀርጊ ሰላም ዝዓሰሎ ሰላ ማዊ ንፋስ ፖለቲካ ክነፍስ ጌሩ።

ድሕሪኡ ኣብ ሰላም፣ ልምዓትን ዴሞክራሲን ዝላ ዘረጋገፁ፣ ማሕበረ ቁጠባዊ ዕቤት ኢትዮጵያ ካብቲ ዝነበሮ ብዝበለፀ ዘበረኹ ስራሕቲ ተፈፂሞም እዮም። መስመር ወያናይ ዴሞክራሲ ዝቐረፆም ስትራቴጂታትን ፖሊሲታትን ድማ ተኣምራዊ ኩለ መዳያዊ ለውጢ ኣመዝጊቦም።

ብፍላይ ድማ እቲ ዝተኻየደ መረፃ 1997 ዓ/ም ብሞትን ነውፅን ክስነ፣ ዝተዋደደ ወፍሪ ፀለመን ጠቐነን ኣብ ልዕሊ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ተኻይዱ። ነዚ ኣብ ልዕሊ ኢህወደግ ዝተኻየደ ፀለመ መሪሑ ዝለዓለ ግደ ክፃወት ዝተንቀሳቐሰ ሁማን ራይትስ ዎች እንትኾን ምፅናት ዓሌት ኣብ ክልል ሶማል ከምእተኻየደ ኣምሲሉ ርኣዩለይ ስም ዑለይ እንዳበለ ከእዊ ተራእዩ። ዝተፈብረኸ ሓሶት ምኳኑ ዝተረድአ ማሕበረሰብ ዓለም ብኾራርምቱ ክሳዕ ዝስሕቖ ኣብ ትዕዝብቲ ወዲቑ። ሕብራዊ ናዕቢ ጀርጅያ ኣብ ኢትዮጵያ ክድገም፣ ኣብ ስልጣን ዝነበረ መንግስቲ ብናዕቢ ክእለ ብዙሕ ቃልሲ ተኻይዱ።

እንተኾነ ግና እቲ መስመር ወያናይ ዴሞክራሲ ዘረጋገፆ ቁጠባዊ፣ ዲፕሎማሲያውን ዓወት ዝተረድአ ምልኣተ ህዝቢ ነቲ ናዕቢ ኣበርዒኑ እቲ መረፃ ብሰላም ተዛዚሙ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሙሉእ ድምፂ ዝረኸቡ ተቓወምቲ ኣሸምባይዶ ኢትዮጵያስ ኣዲስ ኣበባ እውን ከማሕድሩ ከምዘ ይኽእሉ ምስተረድኦም ብመረፃ ዝረኸቡዎ ድምፂ ተጠቒሞም ኣብ ክንዲ ብሰላማዊ መንገዲ ስልጣን ምሓዝ ብህውከትን ዕግርግርን ንኢህወደግ ካብ ስልጣን ንምእላይ ተንቀሳቒሶም።

ሎሚ እውን ኣብ ኢትዮጵያ ኣንፀላልዩ ዘሎ ሰርቢ ጥፍኣት ዘኒቡ ህዝብታት ቅድሚ ምብራሶም፣ ዓዲ ቅድሚ ምብታና መረፃ ክካየድ ኣለዎ ኢሉ ይሙግት ዘሎ ህወሓት ከም ሓደ ፀረ ህዝቢ ሓይሊ ተቖፂሩ ኣብ ልዕሊኡ እቲ ዝተለመደ ፀለመን ጠቐነን ይካይድ ኣሎ። እዚ ብስም ኢህወደግ ናብ ኮርቻ ስልጣን ዝደየበ ዕሱብ ጉጅለ ንኢህወደግ መሲሉ ወፂኡ ኢህወደግ ኣፍሪሱ ኣሎ።

ቅድሚ ዘበነ ስልጣን እቲ ብድምፂ ህዝቢ ብመረፃ ዝስዓረ ኢህወደግ ዕምሪ ስልጣኑ ቅድሚ ምውድኡ ዴሞክራሲያውያን ትካላት እንዳፍረሰ፣ ሕገ መንግስቲ እናቐደደ ነቶም ድምፂ ህዝቢ ዓሪፍዎም ዝተጣየሹ ኣብያተ ምኽሪ በገዛእ ባዕ ሎም እዋን ስልጣኖም ከናውሑ፣ ካብ ሕገ መን ግስቲ ወፃኢ ዘበነ ስልጣኖም ከናውሑ ጌሩ ዘሎ፣ እቲ ኣብ ክረምቲ ክካየድ ተተሊሙ ዝነበረ መረፃ ኣናዊሑ፣ ብሽም ሕማም ኮሮና ሕገ መንግስትን ሕብረ ብሄራዊ ፌዴራላዊ ስርዓትን ኣፍሪሱ ኣሃዳዊ ስርዓት ንምትካል ይጓየ ኣሎ።

እቲ መላምል ደቁ፣ ቀያሕቲ፣ ፀለምትን፣ ወይ ኖታት ዋዕሮታትን ሓየታትን ዝገበረ ህዝቢ ትግራይ ንምትካል ሕገ መንግስታዊ ስርዓትን ሕብረ ብሄራዊ ፌደራላዊ ስርዓትን እዩ ዝብል ፅኑዕ ሽኻሉ ሒዙ ሕገ መንግስቲ ይከበር፣ መረፃ ብእዋኑ ይካየድ ኢሉ ካብ ሰናይ ጎሓቱ ብመሪሕ ውድቡ ህወሓት ኣቢሉ




ህዝቢ ትግራይ ኣብ 2007 ዓ/ም ብካርዱ መራሕቱ እንትመርፅ

እንዳተቓለሰ መፂኡ እዩ። ሕዚ'ውን ቃልሱ ኣሐይሉ ኣጠናኺሩ ቀፂሉ ኣሎ።

መረፃ ኣብ ትግራይ ክካየድ ምኳኑ ግድን ኮይኑ ኣሎ። ምኽንያቱ ህዝቢ ትግራይ መሪሕ ውድብ ክህልዎ ኣለዎ። መሪሕነት ማእኸላይ መንግስቲ ለሚሱ፣ ባዕሉ እቲ ናብ ስልጣን ዝወፀ ጉጅለ ባዕሉ ቀንፃሊ ዜጋታቱ፣ ሽያጣይ ሃገራዊ ክብርታትን ሉኣላውነትን ኮይኑ ዕሱብ ሓይልታት ወፃኢን ምኳኑ በቢ መዓልቱ ዘካይዶም

ብዕሊ ስልጣኑ ኣደልዲሉ ኣሃዳውነቱ ምእዋጁ ብሽም ኢህወደግ ዝፈፀሞም ኩሎም ዓይነት ጥፍኣታት እኹ ላት መርትዖታት እዮም።

ስለዝኾነ እዛ መንግስቲ ዘይብላ ኢትዮጵያ ብቐፃልነት ናበይ ክተብል ከምእትኽእል ኣይፍለጥን። ናብ ዝኸፍአ ሞትን ጥፍኣትን ዜጋታት፣ እታ ሃገር ድማ ናብ ምብትታን ከም እተብል ንምእማቱ ዝኸብድ ኣይኮነን።



ህዝቢ ትግራይ ኣብ 2007 ዓ/ም ብካርዱ መራሕቱ እንትመርፅ

ዘለው ኩሎም ዓይነታት ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላትን ሕገ መንግስትን ብኣጋ ተረዲእዎ ኣሎ። እዚ ሓይሊ እዙይ ናብቲ ሕዚ ደይብዎ ዘሎ ኮርቻ ስልጣን እንትድይብ ሌጋሲታት ኢህወደግ ከምዘኽብር ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ዝኣተዎ መፅብዓ ሰይሩ፣ ሕገ መንግስቲ ብግልፂ ጥሒስዎ ኣሎ።

እዚ ጉጅለ እዙይ ብቐፃልነት ንህዝቢ ትግራይ እንታይ ክፈድዮ ከምዝደለየ እንተይሓብአ ብግልፂ ከጭፍጭፈኩም እየ ኢሉ ኣሎ። እዚ ጨካን ዝብኢ ቀትሪ ጉጅለ ካብ ብሕዚኡ እንተዘይተኣልዩ ሓደግኡ ዝኸፍአ እዩ። ሓደግኡ ዝኸፍአ ከምዝኾነ ቅድሚ ነዙይ ዝተረድኡ ህወሓትን መንግስቲ ትግራይን ምስ ህዝቦምን ኣባሎምን ዘትዮም። መረፃ ኣድላዪ ምኳኑ ኣሚኖም እንሆ ናብ ምንቅስቓስ ኣትዮም።

ትግራይ መረፃ እንተካይዳ እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ኣንፀላልዩ ዘሎ ደበና ጥፍኣት ከም ግመ ብንፋስ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ከይዲ በኒኑ ሰላም እዛ ሃገር ክስተ ኻኸል ይኽእል እዩ ዝብል ፅኑዕ እምነት ኣለዎ ህዝቢ ኢትዮጵያ።

እዙይ ማለት እዛ ሰላማን ሰላም ህዝባን ሓልያ፣ እቲ ንሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ትኸስ ዘይብል ህዝባ ብፍላይ ኣብ ዝተፈላለየ ብርኪ ስራሕን ክሊ ዕድመን ዝርከብ መንእሰይ፣ ሓረ ስታይ፣ ደንቀንስትዮ፣ ከተመታይን ነባራይ ገጠርን ኣብ ፅላል መስመር ህወሕትን መንግስትን ዓሲሉ ዘካይዶ ዘሎ ሰላማዊ ቃልሲ ቀልቢ ዓለም ስሒቡ ኣሎ።

እዚ ቀልቢ ዓለም ክስሕብ ጀሚሩ ዘሎ ትኽ ክለኛ መርገፂ መንግስቲ ትግራይ ዘስግኦ ጨፍላቓይ ሓይሊ ህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ንምፍልላይ ዝገበሮ ፃዕሪ ኣይሰመረሉን። እዙይ ዝተረድአ እዚ ጉጅለ ንከይዲ መረፃ ትግራይ ኣሉታዊ ምላሽ ብምሃብ ዓርሱ ፀረ ሕገ መንግስቲ ምኳኑ ብግልፂ ቀሊዑ ኣሎ። ትግራይ ኣቐዲማ ነዙይ ስለ እትፈልጥ ድማ እንሆ መረፃ ካብ ምክያድ ዝኾነ ምድራዊ ሓይሊ ከምዘይዓግታ ኣፍሊጣ ናብ ምንቅስቓስ ኣትያ ኣላ።

ትግራይ መረፃ ክተካይድ ምውሳና ስለ እቲ መረፃነቱ ኣይኮነን። ኣሸሓት ደቂ ህዝቢ ዝተሰውእሉን ዝተሰንከልሉን ዕላማ ስለዝኾነ እምበር። እዚ ዕላማ እዚ ድማ ሃለዋትን ድሕነትን ህዝቢ ትግራይ ምሕላው ኣብ ቅድሚት ዝስራዕ ኣጀንድኣ ጌራ እትቃለሰሉ ዘላ ቀንዲ ምኽንያት ህዝቢ ትግራይ መራሒ ስኢኑ ዕንክልል ከይ ብል፣ ገባታይ ጉጅለ ትምክሕትን ብልፅግናን ከይ ዕንድረሉ፣ ከም ዘበነ ደርግ ኣዴታት ከይሕረዳ፣ ዳግም ህዝቢ ትግራይ ደም ከየፍስስ እዩ።

መረፃ ትግራይ ምክያዱ እቲ ብቐንዱ ኣብ ትግራይ ይመርሕ ዘሎ ውድብ መረፃ ኣካይዱ፣ ብህዝቢ ኣፍልጦ ረኺቡ፣ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግ ራይ ዘንፀላሉ ዘሎ ሓደጋ ጥፍኣት ንምምካትን ሃለ ዋትን ድሕንነትን ትግራይን ህዝባን ንምውሓስ ስለዝጠቅምን እዩ።

እቲ ካሊእ ህዝቢ ትግራይ ስርዓት ደርግ ደምሲሱ ኣብቶም ዝሓለፉ 28 ዓመታት ዘረጋገፆም ልምዓት ሰላምን ምስፉሕ ዴሞክራሲን ንድሕሪት ከይምለስ ምልኣተ ህዝቢ ዘሳተፈ ህንፀት ምዕብልቲ ትግራይ ብምግሃድ ብቁጠባ ዝደልደለት፣ ሰላም ዝዓሰላ፣ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ኣንፀላልዩ ዘሎ ደበና ጥፍኣት ንምትራፍ ምስ ዝፅዕሩ ፖለቲካዊ ሓይ ልታት፣ ውድባት፣ ብሄራትን ብሄረሰባትን ብም ኳን ሰላም ከባቢና ንምርግጋፅ ኣስፈሑ ዝሓ ስብ መትከል መንግስቲን ህዝብን ትግራይ ጋህዲ ንም ግባር ይጠቅም።

ኢትዮጵያ ነቲ ሓሪሙዋ ዘሎ ሰላም ናብ ንቡር ንምምላስ ምስ ዝቃለሱ ዴሞክራሲያውያን ውድባትን ካልኦት ህዝብታትን ኮይንኻ ብምቅላስ ብመስዋእቲ ደቂ ህዝቢ ዝተረጋገፀ ሰላምን ልም ዓትን ክቕፅል ምግባርን ብቐንዱ ንህላወን ድሕ ንነትን ህዝቢ ትግራይ ቀዳምነት ሰሪዑ ዝቃለስ፣ ብድምፂ ህዝቢ ዝምረፅ መንግስቲ ኣብ ትግራይ ክህሉ፣ ጀጋኑ ዝወደቑሉ ዕላማ ዝሕሉ፣ ረብሓን ህላወን ህዝቢ ትግራይ ዘረጋግፅን ስለዝኾነ እዩ።

መረፃ ትግራይ ዘይተርፍ ውራይና እዩ። እዙይ ኣብ ምርግጋፅ ድማ ግደና ዝዓዘዘ ክኸውን ይግባእ። ብመረፃ ኣቢልና መንሸሮ ልምዓትና ኾይኑ ዘሎ ዓማፂ ጉጅለ ብልፅግና መኪትና ራህዋን ልምዓትን ህዝብና ንክገሃድ ንቃለስ።

ሰላም።

# መናእሰይን ስፖርትን

ዝተፈላለየ ንጥፈታት መናእሰይን ስፖርትን ዘተኣናግድ መደብ


## ተጋሩ ካብ እስራኤላውያን እንመሃሮ!

ብግርማይ ተ/ብርሃን

ሃገረ እስራኤል ኣብዚ ሕዚ እዋን ብሳይንስን ቴክኖሎጅን ኣዝየን ካብ ዝማዕበላ ሃገራት ሓንቲ እያ።ካብ ብቁልዕነቶም ኣትሒዞም ኣብ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ከድህቡ ብምግባር ካብ ሃገሮም ሓሊፎም ኣሜሪካን ሃገራት ኣውሮፓን ኣብ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ዓብዪ ለዉጢ ንከምፅኣ ዓብዪ ብፅሒት እናተፃወቱ ዝመፁ እስራኤላውያን ቁፅሮም ዝናዓቕ ኣይኮነን። ምስዚ ጎና ጎኒ ድሕንነት ህዝቦምን ሃገሮምን ኣብ ምሕላዉን ምውሓስን ዘለዎም ኣስተ ዋፅኦ ቀሊል ኣይኮነን፡፡

ሓደ እስራኤላዊ እንተተምሃረ፣ እንተሃፍተመ ንሃገሩ እንታይን ከመይን ክሰርሕን ክንቀሳቐስን ከምዝግበኦ ብዝግባእ ተረዲኡ ዝትግብር እዩ። ኣብ ሃገሩን ካሊእን ናብራ መስሪቱ እንተወለደ እንተ ዘመደ ምእንተ እስራኤል እምበር ንውልቀይ ዝብሎ ሂወት የብሉን። ምእንተ ሃገሮም ክብሉ እቶ ኣብ ዝተብሃልዎ ዝኣትዉን ዝሰርሑን እዮም። ብሓፈሻ ትርጉም ምንባር ሓደ እስራኤላዊ ምእንተ ኩለመዳያዊ ዕብየትን ህልውናን እስራኤል እዩ። እስራኤላውያን እዚ ኣመለኻኸታ ክውንኑ ዝኻኣሉ ካብቲ በብእዋኑ ዘጋጥሞም ዝነበረ ብድሆ ምፅናት ዓሌቶም ዝተሰርሑ ጨፍጫፋትን ብድዐ እንትኾን ተፃሒፉ ዘይውዳእ ናይ ነዊሕ ዘበን ታሪኾም ዝተለዓለ ዝረኸብዎ ትምህርቲ እዩ፡፡

ህዝብታት እስራኤል ኣብ ታሪኾም ተደጋገምቲ ሓደጋታት ህልውና እስራኤልን እስራኤላውያንን ንምጥፋእ ብዝብል ብዙሕ ፈተናታት ገጢምዎም እዩ።ድሕሪ ብዙሕ መከራ፣ ቃልስን መስዋእትን ዕላምኦም ተዓዊቱ ሃገር ወኒኖም ምንባር ዋላ እንተ ጀመሩ፣ ሎሚ ’ውን ንጥፍኣቶም ብዘይድቕሱ ፀላ እቶም ተኸቢቦም ይነብሩ ኣለዉ፡፡

እስራኤላውያን ካብ ዘጋጠሞም ሓደጋ ምፅናት ዓሌት ናዚ ንምውፃእ ሂወቶም ውሑስ ንምግባር ዘይፈንቀልዎ እምኒ ኣይነበሮምን። ከምኡ እውን ኲናት ኣዕራብ ንምምካትን ህልውንኦም ብዘላቕነት ውሑስ ንምግባርን ካብ ናዚን ካልኦት ፀላእቶምን ትምህርቲ ብምውሳድ ነዚኦምን ከምዚኦምን ዝበሉ ፀገማት ምስዓር ዝካኣል ቁልፊ መፍትሒ ብኩሉ መዳይ ዓባይ ሃገር ብምፍጣርን ብቴክኖሎጂን ኣፅ ዋርን ምዕብልቲ ሃገር ንምግባር ቆሪፆም ብምልዓልን እዚ ንምግባር ቀትርን ለይትን ብምስራሕ ሃገራት



ሓድነትና ኣስጢምና ንልምዓት

ኣዕራብ ኣብ ልዕሊኦም ዝሓስበኦ ክፍኣታት ንምፍሻል ዓብዪ ሓገዝ ገይርሎም፡፡

ድሕሪ ብዙሕ ፀበባ እስራኤላውያን ንፀላእቶም ተኸላኺሎም ክነብሩ ዝኽእሉ ሓድነቶም ኣስጢሞም ውልቃዊ ረብሓ ዘይኮነ ንሃገራዉን ህዝባውን ረብሓን ዕብየትን ቅድሚት ብምስራዕ መሰረት ህላወኦም ምኳኑ ኣሚኖም ነዚ ብተግባር እውን ስለዝተቓለሱ እዩ። ሎሚ እስራኤል ዝኾነት ሃገር ብቀሊሉ ዘይት ድፈር ሓያል ሃገር እያ።

ሎሚ ፀላእታ ንእስራኤል ከጥፍኣኣ ኣይኽእላን። እዚ ዝኾነ ድማ ህዝቦም ሓደ ገይሮም፤ ኣብ ትምህርቲ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ዓብዪ ስራሕ ብምስርሖምን ካብ ሕማቕን ፅቡቕን ታሪኾም ተማ ሂሮም ብምስርሖምን እዩ፡፡

ንሕና ተጋሩ ኸ ናይ ምንባር ትርጉምና እንታይ እዩ? ተጋሩ ንምንታይ ኢና ንመሃር? ንምንታይ ኢና ንሰርሕን ንህፍትምን? ፍቕሪ ክልልን ህዝብን ከመይ ኢና ንሓስቦን ንትርጉሞን? ከም እስራኤላውያን እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሱ ነገራት ብምግባር ህላውናን ዕብየትናን ንምርግጋፅ እንታይ ክንሰርሕ ኣለና? ዝብል ግምት ሂብና ንሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ብዝጠቅም መልክዑ ክንሰርሕ ይግባእ፡፡

ኣብ ዝሓለፉ እዋናት ካብ እስራኤላውያን ዘይና ኣኣስ ንሃለዋት ተጋሩን ትግራይን ዝፈታተኑ ከበድቲ ፀገማትን ፀላእትን ኣጋጢሞምና እዮም። ኣያታትና ክቡር ሂወትን መጉዳእቲ ኣካልን ከምኡ እውን ኣማኢት ኣሻሓት ዝግመት ንብረትን ከፊሎም ፀላእቶም ብኲናት ዋላ ስዒሮም ዝገደፉልና ዓብዪ ቅያን ጅግነንትን ኣዚና ክንኾርዐን ክንዕቅቦን ይግበአና፡፡

ልዕሊ ኩሉ ካዓ ሓደጋ ህልውና ኮይኑ ዘሎ ድኽነት ምኳኑ እዩ። ወለዲ “ድኻ ክብሪ የብሉን” ዝብልዎ ሓቂ እዩ።ፀላእትና ንድኽነትና እናተበለፁ ብዙሕ ሽርሕታት ይፍሕሱልና ነይሮምን ሎሚ እውን ኣለዉ።

ተጋሩ ካብ ድኽነት ንክንወፅእ ከ እንታይ ክንገብር ኣለና? ሎሚ ንትግራይ ካብ ድኽነት ንምውፃእ ተጋሩ ዓቕሚ ኣለናዶ የብልናን ዝብል ሕቶ ክምለስ ኣለዎ። ብወገነይ ናብራ ህዝቢ ትግራይ ብቀረብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምምሕያሽ እታ ዘለትና ሃፍቲ ቆጢብና ክንጥቀም ኣለና፡፡

ሎሚ ዓብዩ ፀገም ትግራይ ኮይኑ ዘሎ ስእነት ሃፍቲ ወይ ካፒታል ዘይኮነስ ቆጣባይ ዝኾነ ኣጠቓቕማ ሃፍቲ ዘይምህላዉ፣ ብዝተፈላለዩ ባህ ላዊ ድግሳት ልዕሊ ዓቕን ፍሰስ ተፋሰስ ወፃኢ ስለዝ ግበርን እዩ።

ሃፍታም ትግራዋይ ከም ሃፍታም እስራኤላዊ፣ ሙሁር ትግራዋይ ከም ሙሁር እስራኤላዊ፣ ገለ ትካላት ትግራይ ከም ትካላት እስራኤል ንረብሓን ዕቤትን ህዝቦም መሰረት ዝገበረ ኣተሓሳስባ ምው ናን የድልየና፡፡

ምንባር ትርጉም ሕድሕድ ትግራዋይ ከም እስራኤላውያን ምእንተ ትግራይን ህዝባን ክኸውን ኣለዎ። ሃፍትን ፍልጠትን ትግራዋይ ምእንተ ዕብየት ትግራይ ክኸውን ኣለዎ። ኩሉ ትግራዋይ ታሪክ ትግራይ፣ ፀጋታታትን ፀገማትን ብዝግባእ ክፈልጥን ፍቕሪ ትግራይን ህዝቡን ቅድሚ ኩሉ ዝሰርዕ ወለዶ ምህናፅን የድሊ።

ንምንባር፣ ንምስራሕን ምችውቲ ማእኸል ዲፕሎማስን ኢኮኖምን ኩሉ ዝብህጋ ምዕብልቲ ትግራይ ንምፍጣር ፍልጠት ዘለዎ ብፍልጠቱ፣ ሃፍቲ ዘለዎ ብሃፍቱ ኩሉ በብዓቕሙ ንትግራይን ህዝባን ኣብ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ልምዓትን ብዕቱብ ክነጥፍ ኣለዎ።ነዚ ፃዊዒት ክፅበይ የብሉን። እስራኤላዉያን ፃዊዒት ሃገሮም ዝፅበዩ ኣይኮኑን። ትግራይን ህዝባን ኣንፃር ድኽነትን ድሕረትን ዝጀመርዎ ቃልሲ ኣጠና ኺሮም ክቕፅሉ ድማ ፃዊዒት ህዝቦምን መንግ ስቶምን ከይተ ፀበዩ ክሸቅሉ ይግባእ፡፡

ብሓፂሩ ኩሉ ትግራዋይ ብፍላይ መናእሰይ ተረከብቲ ሃገርን ክልልን ከም ምኳንኩም መጠን ትግራይ ክትነብሩላ ከለኹም ከምታ እስራኤላውያን ምእንተ ሃገሮም ዝነብሩ ንስኹም እውን ምእንተ ትግራይን ህዝባን ንበሩ። ኣብ ዝለዓለ ብርኪ ንክት በፅሕ ክትፅዕሩ ይግባእ፡፡

## ዘስመየት ጃፓናዊት ተፃዋቲት ቴንስ!

ተፃዋቲት ሜዳ ቴንስ ካብ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ዓለም ፀብለል ዓለም ዝነበራ ኣውሮፓውያንን ኣሜሪካውያን ተፃወቲ ቴንስ’የን። ሎሚ ግን ታሪክ ተቀይሩ ኣሎ። ጃፓናዊት ተፃዋቲት ሜዳ ቴንስ ናኦሚ ኦሳካ ኣብ ውድድር ሜዳ ቴንስ ካብ ዝሳተፋ ሓንቲ እያ።ልዑል ኣፍልጦ ግን ኣይነበራን። ሎሚ ግን ነተን ብሉፃት ተፃወቲ ሜዳ ቴንስ ዓለም በሊፃ፤ እንተዒዒርካ ዘይካኣል ነገር ከይዘየሎ ዘርኢ ውፅኢት ብምምዝጋብ ንዓለም ኣርእያ ኣላ።ካብ ተፃ ወቲ ሜዳ ቴንስ ደቂ ኣንስትዮ ንኣሜሪካዊት ኀብለል ተፃዋቲት ሜዳ ቴንስ ሴሬና ዊልያምስን ካልኦትን ብምብላፅ ልዑል እቶት ብምእታዉ ኣብ መዝገብ ብሉፃት ስፖርታዉያን ሽማ ኣመዝጊባ ኣላ፡፡

ፀብፃብ ፎርብስ መፅሄት ከምዝገለፆ ክልተ ግዜ ናይ ግራንስ ሰላም ሻምፒዮና ዝኾነት ጓል 22 ዓመት መንእሰይ ጃፓናዊት፣ ኣብ ዝሓለፉ 12 ኣዋርሕ ካብ ሽልማትን ካልኦት ፍልፍላትን 30 ነጥቢ 7 ሚልዮን ፓውንድ እቶት ረኺባ ንዓለም መዘራረቢት ኮይና ኣላ።ናኦሚ ኣብ ዝሓለፉ 12 ኣዋርሕ ኣሜሪካዊት ሴሬና ዊልያምስ ካብ ዝረኸበቶ እቶት ብልዕሊ ሓደ ሚልዮን ፓውንድ ክትበልፃ ምኽኣላ እቲ መፅሄት ፀብፂቡ፡፡

ሴሬናን ናኦሚን ብ2015 ኣቆፃፅራ ፈረንጂ ብመናሕንሕተን ሩስያዊት ማሪያ ሻራፖቫ ኣብ ሓደ ዓመት 24 ነጥቢ 4 ሚልዮን ፓውንድ እቶት ብም ርካብ ተታሒዙ ዝነበረ ሪከርድ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ምምሕያሽ ክኢለን ’የን። ክልቲአን ተፃወቲ ድሕሪ ሰለስተ ዓመት እውን ልዑል እቶት ኣመዝጊበን ኣለዋ።

መፅሄት ፎርብስ ካብ 1990 ኣቆፃፅራ ፈረንጂ ጀሚሩ። ዓመታዊ ኣታዊ ኣትሌታት ዓለም ምምዝጋብ ዝጀመረ እንትኾን፤ ካብቲ እዋን ጀሚሩ በብዓመቱ ልዑል ኣታዊ ዝረኸቡ ኣስማት ስፖርተኛታትን ዓይነት ስፖርትን እናፈለየ ምምፅኡ ይፍለጥ። ሎሚ ዓመት 2020 ኣ/ፈ ዝለዓለ ዓመታዊ እቶት ካብ ዝርከቡ ስፖርተኛታት ተፃወቲ ኩዕሶ እግሪ፣ ሜዳ ቴንስን ኩዕሶ ስክዒትን ብቐደም ስዓቦም ዝለዓለ ኣታዊ ከምዝረኸቡ ኣፍሊጡ።

ብ2019 ኣ/ፈ ኣብ ኣውስትራልያ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር “ኣውስትራልያ ኦፐን” እውን ናኦሚ ሻምፒዮና እቲ ውድድር ምኳና ይዝከር።ውድድር ቴንስ በብዓዱ እናዞረ ዝካየድን ስያምኡ እውን ብሽም እተን ዘካይደኦ ሃገራት ዝፅዋዕ ውድድር እዩ።

ፎርብስ መፅሄት ናይዚ ዓመት ዝርዝር ዝለዓለ ኣታዊ ዝረኸቡ ስፖርተኛታት ዘውፅአ እንትኾን፤ በዚ መሰረት ተፃወቲ ኩዕሶ እግሪ ዝኾኑ ሊዮኔል ሜሲ፣ ክርስትያኖ ሮናልዶን ኔይማር ጁንየርን ብቕደም ስዓቦም 254 ሚልዮን ዩሮ፣ 218 ሚልዮን ዩሮን 210 ሚልዮን ዩሮ እቶት ብምርካብ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ብርኪ ሒዞም ኣለዉ፡፡

**ሕዚ’ውን መስመርና ኣፅኒዕና ንመኸተ !**